### ብሽም ኣላህ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን

ኵሉ ምስግና ንኣላህ ይኹን ፤ ነመስግኖ፣ ረድኤቱን ምሕረቱን ንልምኖ፣ ካብ ኽፍኣት ነፍስናን ሕማቅ ስራሕትናን ብኣላህ ንሕሎ፤ ኣላህ ንዝመርሖ ዘጋጊ የብሉን፤ ንዘጋገዮ `ውን መራሒ የብሉን፤ ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ዝግዝኡዎ ወላ ሓደ ኸምዘየሎ፤ ብሕታውን መሻርኽቲ ዘይብሉን ምኳኑ ሙሓመድ ﷺ ድማ ባርያኡን ልኡኹን ምኳኖም ይምስክር። ብምቅፃል፡

# ናይ መብራህርሂ መእተዊ

## ናይዚ ፅሑፍ ፀሓፋይ

ሸይኹል ኢስላም፤ ናይ ዳዕዋ ተውሒድ ሙጀዲድ፤ ኢማም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ቢን ሱለይማን ኣት-ተሚሚይ ፤ ብኻሊእ ሽሞም ኣቡ-ል-ሑሰይን ይበሃሉ።

ብመንደር ዑየይና ብ 1115 ዓ. ሒ. ተወሊዶም ዝሞቱሉ ድማ ብ1206 ዓ. ሒ. ኣብ መንደር ዲርዒያ እዩ።

## ንምንታይ ኢና ብዛዕባ ተውሒድ ንመሃር?

- ኣሏህ ንዓና ዝፈጠረሉ ምኽንያት ብምኳኑ
- ብዜካኡ ኣላህ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ስለዘይቅበል
- ብዜካ ተውሒድ ዘለዎ ጀነት ስለዘይኣቱ
- ፅቡቅ ስራሕቲ ንኽበዝሕ ሰበብ ስለዝኾነ
- ሓጢኣት ንኽነስርዝ ሰበብ ስለዝኾነ
- ንኽንምራሕን ንህዱእ ሰላምን ምኽንያት ስለዝኾነ
- ንራህዋ ሰበብ ስለዝኾነ
- ሽፈዓ ነብይና ﷺ ንምርካብ ምኽንያት ብምኳኑ

## ቅድሚ ኹሉ እዚ ሙህሮ ዝተመረፀሉ መሰረታዊ ኣገዳስነት

ቀዳሞት ሷሊሕ ኣቦታትናን ኻልኦት ናይ ኣህሉ ሱና ወልጀማዓህ ዑለማታትን ነዚ ዓብይ በረካ ረቢ ዝተውሃበ ፅሑፍ ዓብይ ጠመተ ዝሃቡሉ ምኽንያት ብዘለዎ ጥቅምን ዓበይቲ ረብሓታትን እዩ። እዚኣ ሓደ ዒልሚ ዝደሊ ሰብ መሰረቱ ገይሩ ኽጓዓዘላን ዝኣከቦ ሸሪዓዊ ፍልጠቱ ኽህንፀላን ዝግበኦ ዝኾነት መራሒ ቃል እያ። ንሕና `ውን በዚ ኣካይደኦም ከም መርኣያ ንሕዞም ደድሕሪኦም `ውን ንስዕብ።

* ከምቲ ንብዙሓት ምእመናን `ውን በቲ ብውሽጡ ሒዙዎ ንዘሎ ካብ ምምሃር፣ ምፍላጥን ጥርጣረን ባእ ባእን ዘይብሉ ቁርፅ ዝበለ እምነት ኽኣምንን ዘየገድሶም እዩ ከምዘይበሃል ኩሉ።

### እዚ ኺታብ (ከም ብሓፈሻ ኪታብቱ ሸይኽ) ብዝስዕቡ ይፍለ፡

- ግልፅን ቀሊልን ብምኧኑ
- (ካብቲ ፅሑፍ ንርደኦም) ሓበሬታታት ምስ መርትዖኦም ብምቅራብ
- ሓበሬታታት ብቅደም ሰዓቦምን ተር ብምባልን ምስምዝካር ብዝህቦ መብርሂ
- ነተን ፅሑፋት ንዘንብብን ንዝሰምዕን ሰብ ዱዓ ብምብዛሕ

### ፍታሕ ናይ ሰለስቲኣን መሰረታት

ሰለስቲኣን መሰረታት ማለት ሕፅር ብዝበለ ሰለስቲኣን ሕቶታት ቀብሪ ማለት እዩ።

- መን እዩ ጎይታኻ?
- ሃይማኖትኻ እንታይ እዩ?
- ነብይኻ ኸ መን እዩ?

### ሰለስቲኣን መሰረታት ካብ ምምሃርና ንረኽቦም ፍርያት እንታይ እንታይ እዮም?

ንስኻሲ ሰለስቲኣን መሰረታት እንተተማሂርካየን፣ ካብኡ ድማ ኣብ ግብሪ እንተውዒልካየን፣ ካብኡ ድማ ናብኣተን ፃውዒት እንተጌርካ፣ ካብኡ ኣብ ከይዲ ፍልጠቱ፣ ስርሑን ፃውዒቱን ሰብሪ እንተጌርካ -ብፍቃድ ረቢ- ንሕቶታት ቀብር መልሲ ትህበለን ኢኻ ማለት እዩ።

**ሓፈሻዊ መውፅኢ ናይ “ሰለስቲኣን መሰረታት”**

**እዚ ፅሑፍ ሰለስተ ክፍሊ ኣለዎ። ንሳቶም `ውን**

- ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት (ሱረቱ-ል ዓስር)
- ሰለስቲኣን ነጥቢታት (ክፍልታት ተውሒድ)
- ተውሒድ ናይ ምምሃር ኣገዳስበት
- ሰለስቲኣን መሰረታት (ሕቶታት ቀብሪ)
- መዛዘሚ

## 1.ኣርባዕቲኦን ቁምነገራት

- ፍልጠት
- ብዝፈለጥካዮ ምስራሕ
- ናብኡ ፃውዒት ምግባር
- ሸዑ ንዘጓንፍ ፅዕንቶ ሰብሪ ምግባር

## 2.ሰለስቲኦን ቁምነገራት

- [ኣላህ] ብናይ ጎይታ መንነቱን ሽምን ባህርያቱን ዘለዎ ብሕታውነት
- ብናይ ኣምላኽ መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት
- ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን (ብልቢ፣ ብልሳንን ኣካልን) ዝፀረኻ ምኺን

## 3.ተውሒድ ናይ ምምሃር ኣገዳስነት

ንምንታይ ኢና ብዛዕባ ተውሒድ ንመሃር? ኣብ ዝብል ሕቶ መልሲ ተዋሂቡሉ እዩ።

## 4. ሰለስቲኦን መሰረታት

ሰለስቲኦን መሰረታት ማለት ሕፀር ብዝበለ ሰለስቲኦን ሕቶታት ቀብሪ ማለት እዩ።

- መን እዩ ጎይታኻ?
- ሃይማኖትካ ኸ እንታይ እዩ?
- ነብይኻ ኸ መን እዮም?

## 5. መዛዘሚ

ካብ ቃል ሸይኽ “ሰባት ድሕሪ ሞቶም ይትስኡ” ክሳብ መወዳእታ።

# ፈላማይ: ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት

ብሽም ኣላህ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን (1)
**ፍለጥ**–ረቢ ይርሓመልካ`ሞ- (2) እዚኣን ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት ክንመሃር ግቡእና እዩ:
**ቀዳማይ ፍልጠት**:እዚ `ውን ጎይታኻ ምፍላጥ፣ ነብዩ ﷺ ን ዲነል ኢስላምን ብመርትዖ ምፍላጥ እዩ።

**ካልኣይ**: ብኡ ምስራሕ (3)".

(1) ሸይኽ ፅሑፎም ብቢስሚላህ ዝጀመሩሉ ምኽንያት

- ብኪታብ ኣላህን ብነብያትን (ዓለይሂሙ ሰላም) ከምምራሕ
- ቅድሚኡ ፅሑፋቶም ብቢስሚላህ ዝጅምሩ ብዝነበሩ ዑለማታትን ቀዳሞትን ከም ምስዓብ
- ብኽቡር ሽም ኣላህ በረካ ከም ምድላይ

(2) ቅድሚ እዋናት ከምዝሓበርናዮ ከምቲ ልሙድ ሸይኽ ፍልጠት ንዝደልዩ ዱዓእ ምግባር ይጅምሩ እዮም ዘለው። እዚ ድማ ዝስዕቡ ሓበሬታታት ይህበና:

- ዑለማታት ኣህለ ሱና ወልጀማዓህ ንተምሃሮኦም ዘለዎም ራሕማ
- መሰረት ዲነል ኢስላም ካብ ብሱሩ ራሕማ ምኳኑ

**ፍልጠት:** ኽበሃል ከሎ ሓቂ ዝኾነ ነገር ብመርትዖኡ ምፍላጥ እዩ፤ ተፃራሪኡ ዘይምፍላጥ እዩ።

**(3)** ብዛዕባ ፍልጠትን ተግባሩን ዘለዎ ምትእስሳር ዝስዕብ ተባሂሉ እዩ: “ፍልጠት ንተግባር ፃውዒት ይገብረሉ፤ መልሲ እንተሂቡዎ ይቅፅል፣ እንተዘይኾነ ግን ይገድፎ።” ምስ ተግባሩ ዘይተኣሳሰረ ፍልጠት ረብሓ ዘይብሉ እዩ። ካብ ፈለጠ ኽሰርሐሉ ይግባእ። እንተዘይኾይኑ ግን ናይ ይሁዳ ተመሳሳልነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ይሁዳታት ፍልጠት ኣለዎም ግን ምግባሩ የብሎምን። ኣላህ {ኣወዳት ዑላዶም ከምዝፈልጡ እዮም (ንሙሓመድ) ዝፈልጡዎ።} (ኣል በቀራህ 146) ኢሉ ከም ዝሓበረና ማለት እዩ።

ቅድሚ ኹሉ ሓዊ ትቃፃፀሎም ሰለስተ እዮም። ካብዚኦም ድማ ፍልጠት ዘለዎ ዓሊም ኮይኑ ብኡ ዘይሰርሐሉ ሓደ እዩ:

*ፍልጠት እናሃለዎ ብፍልጠቱ ዘይሰርሐ* *ቅድሚ ጧቑት ዘምልኹ ንመቅፃዕቲ ተቃልዐ*

ናብ አላህ ንዝግበር ፃውዒት ግድን ጠጠው ዝብለሉ መሰረታትን ቅድመ ኩነታትን አለውዎ፤ ካብቶም አገደስቲ:

- እቲ ፃውዒት ሞገስ ረቢ ጥራይ ዝተደለየሉ ክኸውን ይግባእ
- እቲ ፃውዒት አብ ሸሪዓዊ ፍልጠት ዝተደረተ ክኸውን ይግባእ
- እቲ ፃውዒት ብጥበብን ሰብረን ክኸውን ይግባእ
- ፃውዒት ናይ ዝግበረሎም ሰባት ኩነታት ዝሓለወ ክኸውን አለዎ

**ሳልሳይ:** ናብኡ ፃውዒት ምግባር

## ለነዚህ ቅድመ መስፈርቶች ማስረጃው…

ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{«እዚአ መንገደይ እያ። ናብ አላህ ይፅውዕ። አነን ሰዓብተይን ብሩህ ብዝኾነ መርትዖ ኢና። (ካብ ዘይግበኦ ኩሉ) ፅፉፍ ምኟን ንዑኡ ይኹን፤ አነ `ውን ካብቶም ዘሻርኹ አይኾንኩን» በል።}** (ዩሱፍ 108)

**««እዚአ መንገደይ እያ።…»** ሓበሬታኡ ንነብዩ ﷺ ናብ ዝመፁዎ ሸሪዓ ዘማላኽት እዩ። "السبيل" ዝተብሃለ መንገዶም እዩ።

**«… ናብ አላህ ይፅውዕ።…»** ናብ አላህ ፃውዒት ዝገብር ሰብ ኽበሃል ከሎ ሰባት ምእንታን ናብ አላህ ክቃራረቡ ብዜካ ኻሊእ ግርማ ረቢ ጥራይ ደልዩ ዳዕዋ ዝገብር እዩ።

**«…ብሩህ ብዝኾነ መርትዖ… »** "በሲራ" ማለት ፍልጠት እንትኾን ንዝስዕቡ የጠቃልል:

| ባዕሉ ኢስላም | ዳዕዋ ናይ ዝግበረሉ ሰብ ኩነታት | ናብ ዝድለ ዘብፅሕ አካይዳ |
|---|---|---|

ሸይኽ ዝስዕብ ንምባል ዝደለየ ይመስል፤ ተማሂርካ ድሕሬኡ ትሰርሐሉ እንተኾይንካ አካይዳኻ ነብዩ ﷺ ፣ ሱሓበታቱን ቀዳሞት ሕያዋይ አቦታትናን ብዝነበሩሉ ክኸውን ግቡእኻ እዩ፤ አላህ ﷻ ከምዝበለ **{«እዚአ መንገደይ እያ። ናብ አላህ ይፅውዕ። አነን ሰዓብተይን ብሩህ ብዝኾነ መርትዖ ኢና።...}** ። ስለዚ ፃውዒት (ዳዕዋ) ምግባር ግድን እዩ።

**ራብዓይ:** ሽው ንዘዳንፍ ፅዕንቶ ሰብረ ምግባር፡ (1) መርትዖና ድማ ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ፡ **« {ብግዜ ኹነኒ! (1) ብርግፅ ኩሉ ሰብ አብ ኺሳራ እዩ ዘሎ። (2) ብዜካ እቶም ዝአመኑን ሰናይ ዝሰርሑን፣ ብሓቂ ሓደራ ዝተበሃሃሉ፣ ብሰብረ `ውን ሓደራ ዝተበሃሃሉ (እንትተርፉ)። (3) »} » (አል ዓስር:1-3)** (2)

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ «ከምታ ንነብያት ዝበፅሖቶም ነዚ መንገድ ንዝስዕብ `ውን ሓደሓደ ነገራት ይበፅሖ `ዩ `ሞ ሰብረ ግድን እዩ።» ንምባል ኸምዝደለዩ  ድሕረ ዳዕዋ ሰብረ ዘኪሮም።

## ሰብረ

| ከም ቋንቋ: ምዕቃብ | ከም ሸሪዓ: አብ ዝተአመነሉን ንዝተአመነሉን ነገር ኢልካ ምዕቃብ ማለት እዩ። |
|---|---|

## ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑል ቀይም ንሰብረ ናብ ሰለስተ ይመቅሉዎ

| መምርሒ ረቢ አብ ግብረ ክሳብ ትውዕል ሰብረ ምግባር | ኽልኩላት ረቢ ክሳብ ዝዕቀቡዎ ሰብረ ምግባር | አብ ዝቅንዝው ፍርድታት ረቢ ሰብረ ምግባር |
|---|---|---|

ብ

**(2)** ሸይኽ ድሕሪ አርባዕቲአን ቁምነገራት ምዝካሩ *መርትያአን ካብ ቁርአን አስዐበ። እዚ `ውን* ሱረቱል ዓስር እዩ። ሸይኽ ረቢ ይርሓመሎም ዝኾነ ይኹን ነጥቢ ምስ መርትያኡ እዩ ዝዝክር።

**ንምንታይ?**

| ዒልሚ ንዝደሊ ሰብ ካብ ዕሙት ሰዓብነት ገዲፉ ብዒልሚ ከም ምሕብሓብ | ተምሃራይ አብ ተፃረርቱ መልሲ ዝሀበሉ መርትያ ንኽሀልዎ | ተምሃራይ ሕግታት ካብ መሰረታዊ መርትያአም ናይ ምውፃእ ዓቅሚ (ኢስቲንባጥ) ንኽሀልዎ |
|---|---|---|

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ድላይ ሸይኽ እዚአ ሱራ በይና ንፍጡራት (ብዛዕባ አኼራኦም) ንኽፈልጡ፣ ብስራሕ ንኽዳለው፣ ፃውዒት (ዳዕዋ) ንኽገብሩን ሰብሪ ንኽገብሩን እኹልቲ ዝኾነት መርትያ እያ እዩ።

ከመይ ደአ `ሞ ምስዚ ኹሉ ሱራ ናይ ቁርአን? መላእ ቁርአን (ንፍጡራት ዕድል ዘይህብ መርትያ እዩ።

**(2)** ብመዳይ ሓዲሥ አሚረል ሙእሚኒን ዝኾኑ ኢማሙል ቡኻሪይ ብኪታብ ሶሒሕ "ባብ: ፍልጠት ካብ ቃልን ምግባርን ቅድሚት ከምዝኾነ" ኢሎም ርእሲ ምስገበሩሉ ንዝስዕብ ቃል አላህ ከም መርትያ ጌሮም ዘከሩ። ስለዚ ፍልጠት ካብ ቃልን ምግባርን ቅድሚ ምኺኑ ግድን እዩ።

ብዜካ ፍልጠት ምስራሕ ልክዕ ክኸውን አይኽእልን፤ እዚ እንተዘይኾይኑ ግን ምስ ኽስታኖም ዝማሳሰለሉ ኾይኑ ማለት እዩ።

ረቢ ይርሓመሎም ኢማሙ ሻፊዕይ ብዛዕባ ሱረቱል ዓስሪ ኸምዚ ኢሎም እዮም: "አላህ ናብ ፍጡራቱ ብዜካ እዚአ ሱራ ተዘየውርድ ነይሩ ምአኸለቶም ኔሩ።" (1)

ረቢ ይርሓመሎም **ኢማሙል ቡኻሪይ** `ውን ኸምዚ ኢሎም እዮም: "ባብ: *ፍልጠት ካብ ቃልን ምግባርን ቅድሚት ከምዝኾነ* መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ: **«ብዜካ አላህ አምላኽ ከምዘየለ አፀቢቅካ ፍለጥ። ንጌጋኻ፤ ንአወዳትን ንአዳላትን አመንቲ `ውን ምሕረት ለምን።»** (ሱረቱል ሙሓመድ 19) ቅድሚ ስራሕቲን ቃልን ብፍልጠት (ምእዛዝ) ጀሚሩ። (2).

# ኻልኣይ: ሰለስቲኣን ነጥቢታት

ረቢ ይርሓመልካ `ሞ ፍለጥ: እዚኣን ሰለስቲኣን ነጥብታት ፈሊጥካ ክትሰርሐለን ኣብ ኩሉ ወዲን ጓልን ሙስሊም ግቡእ እዩ። **(1)**

(1) ሸይኽ ረቢ ይርሓመሎም ክፋል ናይ ፅሑፍ ንተምሃራይ ዱዓ ብምግባር ጀሚሮሞ። ሸይኽ ረቢ ይርሓመሎም ብናይ ኡሱሉ ሠላሣህ ኪታቦም ንተምሃራይ ሰለስተ ግዜ ዱዓ ይገብሩሉ፤ ፈላማይ ኣብ መበገሲ ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት ፣ ካብኡ ኣብዚኣ ሰለስቲኣን ነጥብታት ኽዝክር ፣ ሳልሳይ ድማ ኣብ ዝስዕብ ዓረፍተ ነገር ፤ "ፍለጥ: ንተኣዛዝነት ረቢ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ይምራሕካ`ሞ እታ ቅንዕቲ ዝኾነት መንገዲ ኢብራሂም..."

## መበገሲ ቅድሚ ሙብራህርሂ ሰለስቲኣን ነጥብታት

### ተውሒድ

**ከም ቋንቋ ዓረብኛ:** ወሐደ፣ ዩወሒዱ፣ ተውሒደን ካብ ዝብል ስርወ ቃል ዝመፀ እንትኸውን፤ "ወሐደ-ሸይእ" ማለት ኽበሃል ከሎ ብሕታዊ ምግባር ናብ ዝብል ዝሕብር እዩ።

**ከምቲ ሽሪዓ:** ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብሕታዊ ብዝኾነሉ ናይ ጎይታ፣ ናይ ኣምላኽን ሽምን ባህርይን መንነቱ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

### ተውሒድ ናብ ሰለስተ ይምቀል

**ተውሒደ ሩቡቢያ (ብናይ ጎይታ መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት):** ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብስራሕቱ ብሕታዊ ምኧኑ ምርግጋፅ፤ ብኻሊእ ኣበሃህላ ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብምፍጣሩ፣ ብንጉስ መንነቱን ብመተኣናበሪ መንነቱ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

**ተውሒደል ኡሉሂያ (ናይ ኣምላኽ ብሕታዊነቱ):** ንኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብዒባዳ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

**ተውሒዱል ኣስማኢ ወሲፋት (ብሽምን ባህርይን መንነቱ ብሕታውነቱ):** ንኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ባዕሉ ብኪታቡ ወይ ድማ ብነብዩ ﷺ ልሳን ብዝፀወዐሉን ብዝገለፀሉን መንገዲ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ። እዚ `ውን ብዜካ ተሕሪፍ ()፣ ተዕጢል () ፣ ተክይፍ (ዝርዝር ኩነታት ዘይምግባር)ን ብዜካ ምምስሳልን ንባዕሉ ዘፅነፆ ብምፅናዕ ፣ ካብ ባዕሉ ዉጉዝ ዝገበሮ ዉጉዝ ብምግባር እዩ።

*ብዛዕባ ሽምን ባህርያቱን ብቁርኣንን ሓዲሥን ብዝመፆ ጥራይ ንዕቀበሉ ዓይነት (ተውቂፍይ) እዩ። እዚ ዝኸውን ድማ:

ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንባዕሉ ብኺታቡ ወይ ድማ ነብዩ ﷺ ንዑኡ ዝገለፁሉ ብምፅናዕን...

ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብኺታቡ ካብ ባዕሉ ዉጉዝ ንዝገበሮ ወይ ድማ ነብዩ ﷺ ካብ ረቢ ዉጉዝ ንዝገበሩዎ ዉጉዝ ብምግባርን እዩ። ንኣብነት: «{... ሲና (ምንጎ ድቃስን ቆላሕታን) ይኹን ድቃስ ኣይትሕዞን...} (ኣል-በቀራህ 255) {... ድኻም `ውን ዋላ ሓንቲ ኣይበፅሓትናን...} (ቃፍ 38) »

እዚ `ውን ብዜካ ተሕሪፍ ()፣ ተዕጢል ()፣ ተክይፍ (ዝርዝር ኩነታት ምሃብ)ን ምምስሳልን ዘይብሉ እዩ።

**ቀዳማይ ነጥቢ**: ኣላህ ፈጢርናና፣ ሽሻይ ለጊስና ዕሽሽ ኢሉ ግን ኣይገደፈናን፤ እኳ ደኣስ ልኡኽ ሰዲድልና፤ ንዑኡ ዝተኣዘዘ ጀነት ኣቲዉ፤ ንዑኡ ዝኣበየ ድማ ጀሀነም ኣቲዉ። መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ:
«{ንሕና ዝምስኽሩ ዝኾኑ ልኡኻት ናባኹም ልኢኽና። ከምቲ ናብ ፊርዓውን ልኡኽ ዝለኣኽና (15) ፊርዓውን ንልኡኹ ኣብዩ፤ ሽዑ ሓያል ኣታሕዛ ሓዝናዮ። (16)} » (ኣል-ሙዘሚል 15-16) (1)

## "ሰለስቲኣን ነጥቢታት" ን መዛዘሚኣንን

| | | |
|---|---|---|
| ቀዳማይ ነጥቢ: ተውሒዱ ሩቡቢያ (ብጎይታዊ መንነቱ ዘለዎ ብሕታዊነት)ን ተውሒዱል ኣስማኢ ወሲፉት (ብሽምን ባህርያትን መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት)ን | ኻልኣይ ነጥቢ: ተውሒዱል ኡሉሂያ | ሳልሳይ ነጥቢ: ሽርካ ካብ ምግባርን ካብ ዝገብሩን ምፅራይ |

(1) ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ በታ ናይ መጀመርታ ነጥቢ ብናይ ጎይታ መንነቱን ሽምን ባህርያቱን ዘለዎ ብሕታውነት ከም ዝስዕብ ዘከረ፤ "ኣላህ ፈጢርናና፣..." ኽብል ከሎ ኣል-ኻሊቅ (ዝፈጠረ) ምዃኑ ፤ "ሽሻይ ለጊስልና" ኽብል ከሎ ኣር-ረዛቅ (ሽሻይ ዝህብ) ፤ "ዕሽሽ ኢሉ ግን ኣይገደፈናን..." ኽብል ከሎ ድማ ግበሩን ኣይትግበሩን ዘይበሃሉ ዕሽሽ ዝተበሃሉ ስዲታት ኣይገበረናን፤ "እኳ ደኣስ ልኡኽ ሰዲድልና"።

## ኣላህ ልኡኻት (ዓለይሂሙ ሰላም) ናይ ምስዳዱ ዕላማ

| | |
|---|---|
| ኣብ ልዕሊ ፍጡራት ሑጃ [መልሲ ዘይብሉ መርትዖ] ጠጠው ከም ምግባር፤ «{ልኡኻት ከሳብ ንልእኽ ስጉምቲ ንወስድ ኣይኮንናን።}» (ኣል-ኢስራእ 15) | ከም ሕዝነት: « (ኣንታ ሙሐመድ!) ንዓለማት ሕዝነት ጌርና `ምበር ኣይለኣኽናካን)» (ኣል-ኣንቢያእ 107) |

**ኻልኣይ ነጥቢ:** ኣላህሲ ከም ዒባዳ ምስኡ ወላ ሓንቲ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ኣይፈትውን እዩ፤ ዝቀረበ መላኢካ ይኹን ልኡኽ ነብይ `ኳ እንተኾነ መሻርኽቱ ክኸውን ኣይፈቱን፤ መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ:
«{መሳጅድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ`ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

በዛ ኻልኣይቲ ነጥቢ ኣምልኾ ንልዑል ኣላህ ምፅናዕ ሒዛ `ላ፤

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ኽምዚ ኢሎም "ኣላህሲ ከም ዒባዳ ምስኡ ወላ ሓንቲ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ኣይፈትውን እዩ" ፤ ንዝብል ኣገላልፃ በቲ ዓረብኛኡ ከምቲ ቋንቋ ዓረብኛ ዘለዎ ቃላዊ ኣቀማምጣ በቲ ናይ ቋንቋኡ ሕጊ ስዋስው ብዜካኡ ንዘሎ ብውልቃውነት ንሕድሕድ ዝገልፅ እዩ። ነብይ፣ ወልይ፣ ጅንይ፣ መላኢካ፣ ሰናይ ሰብ፣ ኻሊእ `ውን ዝኾነ ይኹን የጠቃልል።

መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: «{መሳጅድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ`ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

"... መሳጅድ..." ንዝብል ሰለስተ ዝተፈላለየ ግን ምስምዕማዕ ዝከኣል ትርጉም (ዑለማታት) ተዋሂቡዎ `ሎ :

- ረቢ ንኽምልኹዎ ዝተሃነፁ መስጅዳት
- ኣካላት ሱጁድ
- ምድሪ : "መላእ ምድሪ መስጅድን ፅሩይቲን ተገይራትለይ" (ቡኻሪይ)

« {ኩሉ ናይ ኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ`ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

"...ዋላ ሓንቲ..." ወይ ኽዓ "...أَحَدًا" ትብል ቃል በቲ ዓረብኛ ከምቲ ቋንቋ ዓረብኛ ዘለዋ ቃላዊ ኣቀማምጣ በቲ ናይ ቋንቋኡ ሕጊ ስዋስው መሰረት ብዜካኡ ንዘሎ ብውልቃውነት ንሕድሕድ ትገልፅ። ስለዚ ድማ እዩ ረቢ ይርሓመሎም ኢማም በቲ ናይ ኻልኣይ ነጥቢ መበገሲ"ኣላህሲ ከም ዒባዳ ምስኡ ወላ ሓንቲ መሻርኽቲ ክትገብረሉ ኣይፈትውን እዩ" ዝበሉ ማለት `ውን ነብይ፣ ወልይ፣ ጅንይ፣ ሰናይ ሰብ `ውን እንተኾነ።

ረቢ ይርሓመሎም ሽይኽ በዛ ሳልሰይቲ ነጥቢ ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ፅሩያት ክንኽውን ኽምዝግበአና ብሩህ ገይሮም።

**ካብ ሽርኪን ሰባቱን ፅሩያት ዝኽውን:**

| በልቢ | ብቃል (ልሳን) | ብግብሪ |
|---|---|---|

1. **ብልቢ**: ንካፊራት፣ በዓላቶም ይኹን ኻልኦት ምድላዋቶም ብፍላይ ድማ ኣብ ሞንጎኦም ዝርከቡ ሽርካታትን ቢድዓታትን ምፅላእ።

2. **ብቃል**: {«ኣነ ካብቲ ተምልኹዎ ኩሉ ዝፀረኹ እየ።»} **(ዙኽሩፍ 26)**

{በሎም ኢኻ «ኦ ኣንቱም ጠላማት! (1)«ኣነ እቲ ተምልኹዎ (ሕጅ) ኣየምልኽን (2) «ንስኻትኩም 'ውን ኣነ ዘምልኾ (ሕጅ) ኣይተምልኹን።(3) «ኣነ ነቲ ትግዝኡዎ (ንዘልኣለሙ) ተገዛኣይ ኣይኾንኩን(4) «ንስኻትኩም 'ውን ኣነ ንዝግዝእ (ንዘልኣለሙ) ተገዛኣይ ኣይኾንኩምን። (5) «ንዓኻትኩም ሃይማኖትኩም ኣለኩም፤ ንዓይ 'ውን ሃይማኖተይ ኣለኒ።(6)}» **(ኣል-ካፊሩን 1-6)**

3. **ብግብሪ**: መግለፅታት ሃይማኖቶም ዝኾኑ በዓላቶም ይኹኑ ሃይማኖታዊ ስርዓታቶም ወይኸዓ ብኣከዳድናኦም ብዘይምምስሳል ዝኽውን እዩ።

**ሳልሳይ ነጥቢ**: ንረሱል ﷺ ዝተኣዘዘን ብሕታውነት ኣላህ ዘረጋገፀን ሰብ ንኣላህን ንልኡኹን ﷺ ንዝፃረሩ ሰባት ዋላ 'ኳ ናይ ቀረባ ቀሪብ እኳ እንተኾኑ 'ውን ካብ ልቡ ኽፈትዎም ኣይፍቀደሉን። መርትዖና ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ:

«ብኣላህን ብመወዳእታ መዓልቲን ዝኣምኑ ህዝብታት ኣንፃር ኣላህን ልኡኹን ንዝኾኑ ሰባት፤ ዋላ ኣቦታቶም፣ ወይለ ደቆም፣ ወይለ ኣሕዋቶም፣ ወይለ ኣዝማዶም እንተኾኑ 'ውን ብልቢ ፈተውቶም ኾይኖም ኣይትረኽቦምን ኢኻ። ንዚኦም ብልቦም ኢማን ተፃሒፉ 'ሎ። ካብኡ ብዝኾነ መንፈስ 'ውን ደጊፉዎም። ንሓዋሩ ኣብ ውሽጣ ዝኾኑላ ብትሕቲኣ ውሓይዝ ዝውሕዝ ዝኾነ ጀነት ድማ ኽእትዎም እዩ። ኣላህ ከእነርሱ ወዷል፡፡ ረቢ ተሓጒሱሎም ንሳቶም 'ውን ካብኡ ብዝተውሃቦም ተሓጒሶም። እዚኦም ናይ ረቢ ጋንታ እዮም ፤ ጋንታ ናይ ረቢ ድማ እዮም እቶም ድላዮም ዝረኽቡ ተዓወትቲ።» (ኣል-ሙጃደላህ 22)

# ሳልሳይ: ተውሒድ ናይ ምምሃር ኣገዳስነት

ረቢ ንተኣዛዝነቱ ቅኑዕ መንገዲ ይምራሕካ 'ሞ ፍለጥ: እታ ሐኒፍ ዝኾነት መንገዲ ኢብራሂም ሲ:

ዒባዳኻ ፅርይ ኣቢልካ ንኣላህ ክተምልኾ እዩ፣ ኣሏህ ንመላእ ወድሰብ ዝኣዘዘሉን ንዑኡ ኢሉ ዝፈጠረሉን ምኽንያት እዩ። ከምቲ ኣላህ ዓዘ ወጀል ብቁርኣኑ ዝሓበረና: «{ጋኔንን ወድሰብን ንዓይ ከምልኹኒ 'ምበር ኣይፈጠርኩን።}» (ዛርያት 56) (1) "لِيَعۡبُدُونِ"ወይ ኸዓ"**ከምልኹኒ**" ኽብል ከሎ ብመግዛእቲ ብሕታዊ ኽገብሩኒ ማለት እዩ። (2)

እቲ ኣላህ ዝኣዘዘሉ ዓብይ ዋኒን ተውሒድ እንትኸውን እዚ 'ውን ንኣላህ ብመግዛእቲ ብሕታውነቱ ምርግጋፅ ማለት እዩ። (3) እቲ ኣላህ ኽልኩል ዝገበሮ ዓብይ ዋኒን ድማ ሽርኪ እዩ፣ እዚ 'ውን ዝኾነ ኣካል ምስ ኣላህ ምፅዋዕ ማለት እዩ።

## ሐኒፊያ

**ከም ቋንቋ:** "الحنف" ወይ "ኣል-ሐነፍ" ካብ ዝብል ቃል ዓረብኛ ዝመፀ እንትኸውን ትርጉሙ ኸዓ ናብ ሓደ ኣንፈት ዘጋደደ ማለት እዩ።

**ከም ሸሪዓ:** ከም ሸሪዓ ድማ ሽሪካ ካብ ምግባር ናብ ኢኽላስ፣ ተውሒድን ኢማንን ዝምዎ ዝበለት መንገዲ እያ።

«...ንኣላህ ዝፈርሕ ናብ ቅኑዕ ሃይማኖት ዝዘምዎ...» (ነሕል 120) (ኢሉ ንኣቦና ነብዩላህ ኢብራሂም ከምዝገለፆ) ኣንፈቱ ናብ ኣላህ ገይሩ ንሽርኪ ዝባኑ ዝሃበ ማለት እዩ። "الحنيف" ኩልሻብ ናብ ተውሒድ እናተመለሰ ሽርካ ካብ ምግባር ዝርሕቅ እዩ።

(3) ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ኣብዚእ ንምንታይ ተውሒድ ከም ንመሃር ብሩህ ይገብሩ እዮም ዘለው፣ ኣገዳስነቱ ድማ ኣብ ላዕሊ ኣሕሊፍናዮ ኢና።

## ከምቲ ኣብ መእተዊ ከምዝዘከርናዮ ፍታሕ ተውሒድ፡

**ከም ቋንቋ**: ወሐደ፣ ዩወሒዱ፣ ተውሒደን ካብ ዝብል ቃል ዝመፀ እንትኸውን፣ "ወሐደ-ሸይእ" ኽበሃል ከሎ ብሕታዊ ምግባር ዝሕብር ቃል እዩ።

**ከም ሸሪዓ**: ኣላህ ዓዘ ወጀል ብሕታዊ ብዝኾነሉ ናይ ጎይታ መንነቱ፣ ብዒባዳን ስምን ባህርያን ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ።

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ « لِيَعۡبُدُونِ ወይ ኸዓ "ከምልኹኒ"» ኽብል ከሎ ብመግዛእቲ ብሕታዊ ኽገብሩኒ ማለት እዩ።" ኢሎም፣ እዚ ድማ ዝስዕብ ኽምዝበሉዎ ከም ቃል ኢብኑ ዓባስ ረድየሏሁ ዓንሁማ ማለት እዩ። "ዒባዳ ኩሉ ከም ቁርኣን ትርጉሙ ተውሒድ እዩ።" "واعبدوا الله"(النساء ٣٦) "... ንኣላህ ተገዝኡ..." (ኣን-ኒሳእ 36) ማለት "... ብሕታዊ ግበሩዎ..." "ኦ ኣንቱም ሰባት!... ጎይታኹም ኣምልኹ" (ኣል-በቀራ 21) "... ኦ ኣንቱም ሰባት! ...ብብሕታውነት ተገዝኡ" ማለት እዩ።

# ራብዓይ: ሰለስተ መሰረታት

(1) ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ትሕዝቶ ሕቶታት ቀብሪ ዘለዎም ሰለስተ መሰረታት ዘከሩ፤ ድሕሬኡ ናይ ቀራኣይ (ኣንባባይ) ወይ ድማ ናይ ሰማዓይ ጠመተ ብሕቶ ድሕሪ ቆላሕ ምግባሩ መልሱ ዘከሩሉ።

(2) ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ዒባዳ ዝግበኦ ጎይታ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምዃኑ ብምግላፅ ንናይ መጀመርታ መሰረት መብርሂ ሃቡሉ፤ መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ኣላህ ዘከረ: «ኩሉ ምስግና ንጎይታ ዓለም ኣላህ ይግባእ፤» (ኣል-ፋቲሓ 1) ዝምለኽ ድማ ጎይታ ዝኾነ እዩ።

"ወድ ሰብ ኽፈልጦም ዝግበኦ ግድን ዝኾኑዎ ሰለስተ መሰረታት እንታይ እንታይ እዮም?" እንተተባሂልካ ኸምዚ በል: "ዝኾነ ባርያ ጎይታኡ፣ ዲኑን ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ምፍላጡን እዩ።" (1) «ጎይታኻ መን እዩ? » እንተተባሂልካ "ጎይታይ እቲ ብሸሻዩ ንዓይ ዝካናኸነኒ ከምኡ `ውን ንዓለም ዝካናኸን ኣሏህ እዩ፤ ንዑኡ እየ ዘምልኽ ኻሊእ ዘምልኾ የብለይን።" በል። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: «ኩሉ ምስግና ንጎይታ ዓለም ኣላህ ይግባእ፤» (ኣል-ፋቲሓ 1) (2) ብዜካ ኣላህ ዘሎ ኩሉ በቲ ዓንቀፅ ዓለም ዝተበሃለ እዩ፤ ኣነ `ውን ካብዚ ዓለም ሓደ እየ። (3).

«ኩሉ ምስግና ንጎይታ ዓለም ኣላህ ይግባእ፤» (ኣል-ፋቲሓ 1)

እዚ ቃል ኣላህ ሰለስተ ዓይነታት ተውሒድ ሒዛላ

«"الحمد" "ምስግና" ...» ንተውሒዱል ኣስማእ ወሲፋት (ብሽምን ባህርያትን ዘለዎ ብሕታውነት) ሒዛላ

« "الله" "ንኣላህ ይግባእ"...» ንተውሒዱል ኡሉሂያ (ብዒባዳ ብሕታውነቱ) ሒዛላ

«"رب" "ጎይታ ዓለም"...» ተውሒዱ ሩቡቢያ (በመንነት ጎይታ ዘለዎ ብሕታውነት) ሒዛላ

(3) ማለት ብዜካ ኣላህ ዘሎ ኩሉ ፉጡር እዩ፤ ኣነ `ውን ባዕለይ ፍጥረት ረቢ ካብ ኾንኩ ነቲ ንዚ ኩሉ ኒዕማ ንዝሃበኒ ፈጣሪ ምስግና ከቅርበሉ ግድን እዩ።

“ጎይታኻ ብኸመይ ፈሊጥካዮ?” እንተተባሂልኻ “በምልክታቱን ፍጥረታቱን ካብ ምልክታቱ ለይትን ቀትርን፤ ፀሓይን ወርሕን፤ ካብ ፍጥረታቱ ኸዓ እተን ሸውዓተ ሰማያት፣ ሸውዓተ ምድርታት አብ ውሽጦምን አብ ሞንጎኦምን ዘሎ ይርከበሉ።” በል።

መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: «ለይትን ቀትርን ፀሓይን ወርሒን ካብ ምልክታቱ እዮም። ንፀሓይን ወርሒን አይትስገዱ። ነቲ ዝፈጠረን አላህ ስገዱ። ንዑኡ ጥራይ ክተምልኹ እንተኾይንኩም።» (ፉሲለት 37) ዝስዕብ ቃሉ `ውን: «ጎይታኹም እቲ ሰማያትን ምድርታትን አብ ውሽጢ ሽዱሽተ መዓልቲ ዝፈጠረ አላህ እዩ። ካብኡ አብ ልዕሊ ዓርሹ ኮነ። ለይቲ ንቀትሪ ብህፁፅ ዝደልዮ እንትኸውን ይሸፍኖ። ፀሓይን ወርሒን ከዋኽብቲ `ውን ንአዛዝነቱ ምእዙዛት ገይሩ (ፈጢርዎም)። አዋጅ! ምፍጣርን ምእዛዝን ናቱ ጥራይ እዩ። ጎይታ ዓለማት አላህ (ግርማ ናቱ) ልዒሉ» (አል አዕራፍ 54) **(1)**.

ዝምለኽ ጎይታ እዩ፤ መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ: «ኦ አንቱም ሰባት! እቲ ንዓኻትኩምን ቅድሜኹም ንዝነበሩን ንዝፈጠረ ጎይታኹም ተገዝኡ፤ ካብ (መቕፃዕቱ) ጥንቁቃት ንክትኾኑ(21) እቲ ንዓኻትኩም ምድሪ ፍርናሽ ሰማይ ድማ ላዕላይ መንድቕ ዝገበረ እዩ፤ ካብ ሰማይ `ውን ማይ ዘውረደ ብኡ ድማ ንዓኻትኩም ካብ ፍረምረ ሽሻይ ዘውፅአልኩም እዩ። ንስኻትኩም `ውን (ብሕታዊ ፈጣሪ) ምዃኑ ምስምፍላጥኩም ንአላህ ሽርካ አይትግበሩሉ።» (አል በቀራህ 22) **(2)**.

ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑ ከሢር ኸምዚ ይብሉ “እዚአን ኩለን ዝፈጠረ ንዒባዳ ዝግባእ ንሱ እዩ።” **(3)**.

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ልዑል ጎይታና ዘሎ ንምኳኑ ዝሕብሩ ዓለማዊ ምልክታትን ፍጥረታትን ኽዝክሩ ጀሚሮም፤ ብዜካ አላህ ጎይታ፣ ፈጣርን ዝምለኽን ከምዘየለ ዝገልፁ ምልክታት ከምቲ አብ መእተዊ ዘሕለፍናዮ ልሙድ ሸይኽ ሕጅ `ውን ንዚኦም ካብ ቁርአን መርትዖ ይዝክር እዩ ዘሎ።
ሕድሕድ ፍጥረት ልዑል ጎይታና ዘሎ ንምኳኑ ዝሕብር ምልክት እዩ። ይኹን ደአ`ምበር ረቢ ይርሓመሎም ሸይኹል ኢስላም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ አብ ሞንጎ ፍጥረታትን (ተአምራዊ) ምልክታትን ፍልልይ ኸምዘሎ ብዝሕብር አገላልፃ ገሊፆሞ፤ ምኽንያቱ ልክዕ ከም ናይ ለይትን ቀትርን ምፍርራቕ ዓይነቱ “አል-አያህ (ተአምራዊ ምልክታት)” ስለዝቃያየር እንትኸውን ዝቃያየር ድማ ልዕሊቲ ኩልሻብ ሓደ ዓይነት ዝኾነ ዘይቃያየር ሓይሊ ተአምርውነት አለዎ።

**(2)** እዚአ ዓንቀፅ ቁርአን ብሱረቱል በቀራህ ትርከብ እያ፤ ብዛዕባአ ገለ ዑለማታት ዝስዕብ ኢሎም እዮም: ፈላማይ ፃውዒት ቁርአን «ኦ አንቱም ሰባት! ...» ዝብል ኸምኡ `ውን ፈላማይ ምግባራዊ ትእዛዝ ቁርአን «...ተገዝኡ...» ማለት “ብሕታዊ ግበሩ” ዝብልን ቃል አላህ ከምዘለዋ ይገልፁ።

ከምቲ «...ንስኻትኩም `ውን (ብሕታዊ ፈጣሪ) ምዃኑ ምስምፍላጥኩም ንአላህ ሽርካ አይትግበሩሉ።» ዝብል ካብ ሽርኪ ዝኽልክል ፈላማይ ትእዛዝ አላህ አብአ ኸምዘለዎ ማለት እዩ።

**(3)** ማለት ብጎይታዊ መንነቱ ብሕታውነት ዘለዎ ካብ ኮነ ብአምላኽ መንነቱ(ብመግዛእቲ) `ውን ብሕታውነት ኽህልዎ ይግባእ።

ሸይኽ ድሕሪ ቃል ኢብኑ ከሢር ልቦናውን ኣካላውን ዝኾኑ ብዙሕ ዓይነታት ዒባዳ ልሕድሕድ ምስመርትዖኦን ካብ ኪታብን ብዝስዕብ መንገዲ ብዝርዝር ከቕርበልና ጀሚሩ፡

**ዱዓእ**

**ናብ ክልተ ይምቀል**

ዱዓእ ዒባዳ: ዱዓ ዝኾነ ብተዘዋዋሪ እዩ፤ ከምኒሶላት፣ ፆምን ሓጅን ዓይነቱ ማለት እዩ።

ዱዓእ ምልማን: እዚ ኸዓ ብቀጥታ ዱዓእ ዝኾነ ፤ “ምሓረኒ” “ራሕመትካ ኣፍስሰለይ” ከምንብሎ ዓይነት ማለት እዩ።

ብዜካ ኣላህ ንዘሎ ምሃቡ ዓብይ ሽርኪ እዩ።

ዝወሃቦ ፍርዲ ዝርዝር የድልዮን ዳሕራይ ከምንዝክሮ ክልተ ዓይነትን እዩ።

(1) ኣላህ ዝኣዘዘሎም ዓይነታት ዒባዳ ከም ኢስላም፣ ኢማን(እምነት)፣ ኢሕሳን፣ እንዲሁም ዱዓእ፣ ፍርሒ(ኸውፍ)፣ ተስፋ፣ ተወኩል (ምፅጋዕ)፣ ሃንቀውታ(ኣር-ረግባህ)፣ ምግላብ ዝሓወሰ ፍርሒ (ኣር-ረህባህ)፣ ዓርስኻ ምሕሳር ዝሓወሰ ፍርሒ (ኣል-ኹሹዕ)፣ ኣብ ፍልጠት ዝተደረተ ፍርሒ (ኣል-ኸሽየህ)፣ ካብ ሓጢኣት ተጣዒስካ ምምላስ፣ ሓገዝ ምሕታት፣ ዕቁባ ምሕታት፣ ካብ ፀበባ ረድኤት ምሕታት፣ ማሕረድ፣ መፅበዓን ኻልኦት ረቢ ዝኣዘዘሎም ዓይነታት ዒባዳን ኩሎም ንጎይታ ዓለም ንኣላህ ንኣላህ ጥራይ እዮም ዝግቡኡ። መርትዖኡ ድማ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ፡ «{መሳጁድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ምስ ኣላህ ዋላ ሓንቲ ኣይተምልኹ።}» (ኣል-ጅን 18)

ካብዚኣተን ብዜካ ንኣላህ ንኻሊእ ዝሃበ ሙሽሪክን ካፊርን እዩ። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ፡ « {ምስ ኣላህ ነቲ መርትዖ ዘይብሉ ኻሊእ ኣምላኽ(ገይሩ) ዝፅውዕ እቲ ሒሳቡ ምስ ጎይታኡ ጥራይ እዩ፤ ስምዑ ካፊራት ኣይድሕኑን} » (ኣል-ሙእሚኑን 117)
ብሓዲሥ 'ውን “ዱዓእ ናይ ዒባዳ ዋና ኣካል እዩ።” ዝብል ይርከብ። ልዑል ኣላህ 'ውን ኸምዚ ይብል: «{ጎይታኹም «ለምኑኒ ክቕበለኩም፤ እቶም ንዓይ ካብ ምግዛእ ትዕቢት ዝሕዞም ጀሃነም ሕሱራት ኾይኖም ይኣትውዋ።» ኢሉ}» (**ቓፊር 60**)

**ናይ ምልማን ዱዓእ ንብሎ ናብ ክልተ ይምቀል**

**ብዜካ ኣላህ ኻሊእ ብዘይኽእሎ**

ብዜካ ኣላህ ንዘሎ ምሃቡ **ዓብይ ሽርኪ** እዩ።

**ወድሰብ ብዝኽእሎ**

ምስ ዝስዕቡ **ቅድመ ኩነታት** ልክዕ ይኸውን:

- እቲ ዝፅዋዕ (ተለማኒ) **ብህይወት** ዘሎ ምኻኑ፤ ብመሰረት `ዚ ቀይዲ ዝሞተ ሰብ ኣይምልከቶን ማለት እዩ
- እቲ ዝፅዋዕ **ዘሎ/ ቀረባ** ክኸውን ይግባእ፤ ብመሰረት `ዚ ቀይዲ ሩሑቅ ዘሎ ኣይምልከቶን ማለት እዩ
- እቲ ዝፅዋዕ **ዝኽእል** ክኸውን ይግባእ፤ ብመሰረት `ዚ ቀይዲ ዘይኽእል ኣይልከቶን ማለት እዩ
- እቲ ዝፅዋዕ **ሰበብ** ጥራይ `ምበር ባዕሉ ፅዕንቶ ዘለዎ ከምዘይኾነ ተኣማኒ ክኸውን

እቲ ተፀዋዓይ በቲ ኩነታት ዓለም ሕቡእ ዝኾነ ምንቅስቃስ ከምዘለዎ፣ ጥቅምን ጉድኣትን ብኢዱ ከምዘሎ ተኣማኒ እንተኾይኑ ግን እዚ ሽርኪ እዩ።

**ል. በ:** እዚ ዝሓዝናዮ ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ እቲ ስራሕ እዩ፤ `ምበር ብዛዕባ እቲ ሰራሓይ ዘለዎ ፍርዲ ሑጃ (መርትዖ) ክቀርበሉን (ፍርዲ ካብ ምሃብ) ዝዕቅብ ከምዘየለ ብዕሊ ክረጋገፀሉን ይግባእ።

ነቲ ሰራሓይ ካፊር ዶ ሙእሚን ዝብል ፍርዲ ዝህቡ ዑለማታት ጥራይ እዮም።

## ብዛዕባ ሰበብ ብዘለዎም እምነት ሰባት ናብ ሰለስተ ይምቀል

ልዑል ኣላህ ሰበብ ንዝገበሮ ከምሰበብ ጌሮም ዝኣምኑን ከምሰበብ ዝሕዝ ክፋል፤ እዚ እቲ **ልክዕ** ዝኾነ እዩ።

ልዑል ኣላህ ሰበብ ንዘይገበሮ ከምሰበብ ጌሮም ዝኣምኑን ከምሰበብ ጌሮም `ውን ዝሕዙዎን፤ እዚ **ንኡስ ሽርኪ** እዩ።

ሰበብ ባዕሉ ኸሕድር ከምዝኽእልን ዝተረኽበ ጥቅሚ ይኹን ዝተረፈ ጉድኣት ብሰንኩ ከምዝኾነ፤ እዚ **ዓብይ ሽርኪ** እዩ።

**ሸሪዓዊ ኣስባባት**

ሸሪዓዊ ኩነታቱ ከምዝሓለወ ዓይነት ሩቃ ዝበለ፤ ሸሪዓዊ ኩነታቱ ዝሓለወ ሩቃ ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንሕማም መድሓኒት ሰበብ ገይሩዎ እዩ።

**ወድዓዊ ኣስባባት:**

ከም ሕክምና ዓይነቱ፤ ኣሏህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንሕማም መድሓኒት ሰበብ ገይሩዎ እዩ።

ዋላኳ ልዕል ኢልና “ዱዓእ ናይ ዒባዳ ዋና እዩ።” ዝበልናዮ ሓዲሥ (በቲ ሰንሰለት ናይ ሓዲሥ) ዶዒፍ እንተኾነ `ውን “ዱዓእ ባዕሉ ዒባዳ እዩ።” ዝብል ኻሊእ ሶሒሕ ሓዲሥ ነብዩ ﷺ ኣሎ።

## ዱዓእ ባዕሉ ከመይ ዒባዳ ክኸውን ይኽእል?

«{ጎይታኹም «ለምኑኒ ክቅበለኩም፤ እቶም ንዓይ ካብ ምግዛእ ትዕቢት ዝሕዞም ጀሃነም ሕሱራት ኾይኖም ይኣትውዋ።» ኢሉ}» (ቓፊር 60) ዝብል ቃል ኣላህ `ውን ዝሕብረና እዚ እዩ። ልዑል ኣላህ «…ምግዛእ…» ኢሉዎ፤ እዚ ኸዓ ናይ ዱዓእ ዒባዳ ምዃን ዝሕብር እዩ።

ንኸውፍ (ፍርሒ/ዒባዳ ምዃን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«…ኣይትፍርሑዎም፤ ንዓይ ጥራሕ ፍርሑኒ ናይ ብሓቂ ትኣምኑ እንተኾይንኩም።»** (ኣሊ ዒምራን 175) **(1)**.

ንተስፋ (ዒባዳ ምዃን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«…ጎይታኡ ንምርኻብ ተስፋ ዝገብር፤ ሰናይ ስራሕ ይስራሕ በቲ ናይ ጎይታኡ ዒባዳ `ውን መሻርኽቲ ኣይግበር።» በሎም።»** (ኣልከህፍ 110) **(2)**.

**(1) ፍርሒ (ኸውፍ):** ከጥፍእ ወይ ኽጎድእ ወይ ድማ ኣዛ ዝኾነ ነገር ኽጓንፈኒ እዩ ብዝብል ዝመፅእ ስምዒት እዩ።

ልዑል ኣሏህ ሸይጧን ምስ ሓገዝቱ ንኽይፍራሕ ብምኽልካል ንዑኡ ጥራሕ ንኽንፈርሖ ኣዚዙ።

**ፍርሒ (ኸውፍ) ሰለስተ ክፋል ኣለውዎ**

| ዒባዳ ዝኾነ፣ ከም ልዑል ቆፅርካ ውሽጣዊ ፍርሒ ምፍራሕ: | ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ፍርሒ: | ኽልኩል ፍርሒ: |
|---|---|---|
| ዝኾነ ባርያ ጎይታኡ ከምዝፈርሖ ዓይነት ዓርስኻ ምሕሳር፤ ምንእኣስን ንጎይታኻ ልዑል ደረጃ ምሃብን ዝተሓወሶ እዩ፤ እዚ ኸምዚ ዓይነቱ ፍርሒ ንኣላህ እዩ ዝግባእ።ብዜካ ንኣላህ ንኻሊእ ምሃቡ ካብ ዓብይ ሽርኪ ዝቁፀር እዩ። | ዝኾነ ሰብ ሓዊ፣ ፀላኢ፣ እንስሳ ዘገዳምን ዝኣምሰሉን ምፍርሑ እንተኸውን ዝተፈቀደ ድማ እዩ። | ብራሕማ ጎይታ ተስፋ ናብ ምቁራፅን ወይ ድማ ብፉጡራት ተኣዚዝካ ካብ ትእዛዝ ፈጣሪ ናብ ምውፃእን ዘብፅሕ ዓይነት ፍርሒ እዩ። እዚ ድማ ኽልኩል እዩ። |

**(2) ተስፋ (ረጃእ):** ንምርካብ ቀረባ ንዝኾነ ወይ ኸዓ ሩሑቅ እንተኾነ `ውን ከምቲ ናይ ቀረባ ቦታ ብምሃብ ዘለካ ናይ ልቢ ሃንቀውታ እዩ።

ዓርስኻ ኣነኢስካን ኣሕሲርካን ትገብሮ ሃንቀውታ ልዑል ንዝኾነ ኣላህ ጥራይ ዝግባእን ብዜካ ኣላህ ንኻሊእ ምሃብኻ ካብ ዓብይ ሽርኪ ዝቁፀርን እዩ።

ዝድለ ዓይነት ተስፋ `ውን ብተኣዛዝነቱ ሰናይ ስራሑ ዓስቢ ረቢ ትፅቢት ንዝገብር ወይ ካብ ሓጢኣት ተጣዒሱ ናይ ጣዕሳኡ ተቀባልነት ምርካብ ትፅቢት ንዝገብር ጥራይ እዩ ዝኸውን። ብጀካ ስራሕኻ ትፅቢት ዕሽነትን ዉጉዝ ትምኒትን እዩ።

**(1) ፍታሕ "ተውኩል"**

**ከምቲቛንቛ:**

ብዝኾነ ነገር ምፅጋዕ ማለት እዩ።

**ከምቲሸሪዓ:**

ሸሪዓዊ ዝኾኑ አስባባት ምስምብፃሕ ብጎይታ ናይ ብሓቂ ተአማሚንካ ምፅጋዕ ማለት እዩ።

**ተወኩል ኽበሃል ከሎ ሰለስተ ነገራት ኽማልእ ይግባእ:**

- **ሓቀኛ ምኺን:** አብ ልዑል ጎይታ ዘለካ ምፅጋዕ ናይ ብሓቂ ክኸውን
- ልዑል ጎይታ ቃሉ አብ ግብሪ ኽምዘውዕል **ምትእምማን**
- **ሸሪዓዊ ዝኾኑ አስባባት ምግባር**

ንተወኩል (ምፅጋዕ/ ዒባዳ ንምኺኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«ናይ ብሓቂ አመንቲ እንተኾይንኩም ናብ ረቢ ተፀግዑ»** (አል-ማኢዳህ 23) ከምኡ 'ውን: **«ናብ አላህ ንዝፅጋዕ ንሱ ይአኽሎ እዩ»** (ጦላቅ 3) **(1)**.

ን አር-ረግባህ (ሃንቀውታ)፣ **(2)** ምግላብ ዝሓወሰ ፍርሒ (አር-ረህባህ)ን **(3)** ዓርሰኻ ምሕሳር ዝሓወሰ ፍርሒ(አል-ኹሹዕ)ን **(4)** (ዒባዳ ምኺን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«{...ንሳቶም 'ኳ አብ ሰናይ ስራሕ ይቃዳደሙን ምስ ሃንቀውታን ምስ 'ረህባን' ኮይኖም ይፅውዑናን እዮም ነይሮም። ዓርሶም 'ውን ንዓና የሕስሩ እዮም ዝነበሩ።»** (**አል-አንቢያእ** 90) **(2)**

**(2) ሃንቀውታ (አር-ረግባህ):** ናብ ዝድለ ነገር ንምብፃሕ ምፍታው

**(3) ምግላብ ዝሓወሰ ፍርሒ (አር-ረህባህ):** ካብ ዝተፈርሐ ምግላብ ዝሓወሰብ ፍርሒ፤ ምስ ግብሪ ዝተተሓሓዘ ፍርሒ እዩ።

**(4) ዓርስኻ ምሕሳር ዝሓወሰ ፍርሒ(አል-ኹሹዕ):** ንናይ አላህ ዓለማውን ሸሪዓውን ፍርዲ ኢድካ ሂብካ ንአላህ ዓብይ ዓርስኻ ምንእአስን ምሕሳርን ማለት እዩ።

◆ ናብ አላህ ገያሻይ ዝኾነ ሰብ በቲ ኽጠፍአሉ ዝኽእል መንገዲ ሓደ ካብቲ ኻሊእ ዘየብለፀ አብ ሞንጎ ፍርሒን ተስፋን ክኸውን ይግበኦ፤ ፍርሒን ተስፋን ከምናይ ነፋሪት ክልተ አክናፍ ክኾነሉ ይግባእ።

አል-ኸሸየህ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «…ኣይትፍርሑዎም፤ ንዓይ (ጥራሕ) ፍርሑኒ…» (አል-በቀራህ 150) **(1)** (ብጣዕሳ ናብ ኣላህ) ምምላስ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «…ናብ ጎይታኹም (ብጣዕሳ) ተመለሱ። ንዑኡ `ውን ምእዙዛት ኩኑ። » (አል-ዙመር 54) **(2)** ሓገዝ ምድላይ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «{ንዓኻ ጥራሕ ኢና ንግዝእ፤ ንዓኻ ጥራሕ ድማ ኢና ሓገዝ ንሓትት» (አል-ፋቲሓ 5) ብሓዲሥ `ውን ዝስዕብ ንረክብ "ሓገዝ እንተድልዩካ ሓገዝ ረቢ ድለይ።" (ቲርሚዚይ) **(3)** ዕቁባ ምድላይ (ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «{በል «ብናይ ወጋሕታ ጎይታ ይዕቆብ።» (አል-ፈለቅ 1) ኸምኡ `ውን «በል «ብናይ ሰባት ጎይታ ይዕቆብ።» (አን-ናስ 1) **(4)** ኢስቲቓሣ (ኣብ እዋን ኣዝዩ ከቢድ ፀበባ ኼንካ ትገብሮ ናይ ረድኤት ልማኖ ዒባዳ ንምዃኑ) መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: «ካብ ጎይታኹም ረድኤት ኣብ ትደልዩሉ እዋን… ንዓኻትኩም ንዝተቀበለኩም (ዘክሩ)።»(አል-አንፋል 9) **(5)** ንማሕረድ (ዒባዳ ምዃን) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: ««ስግዳነይ፣ ሕሩደይ፣ ህይወተይ፣ ሞተይ ንጎይታ ዓለማት ንኣላህ እዩ።» በል። (162«መሻርኽቲ ዘይብሉ። በዚ ድማ እየ ተአዚዘ። ፈላማይ ሙስሊሚን `ውን ኣነ እየ» (በል)።» (አል-አንዓም 162-163). ካብ ሓዲሥ `ውን "**ካብ ብዜካ ኣላህ** ንዘሎ (ዕብየት ኢሉ) **ዝሓረደ ብአላህ ተረጊሙ`ሎ።**" (ሙስሊም) **(6)**

**(1) አልኸሸየህ:** ብዛዕባ እቲ ዝፍራሕ ዘለዎ ሓያል መንነትን ዓብይ ስልጣንን ብዘሎ ፍልጠት ዝተደረተ ፍርሒ እዩ።

**(2) (ናብ ኣላህ) ምምላስ:** ንናቱ ምምርሒ ብምእዛዝን ካብ ናቱ መምርሒ ብዘይምውፃእን ናብ ኣላህ ምምላስ እዩ፤ «...وَأَنِيبُوا...» «**...ተመለሱ...**» «…ናብ ጎይታኹም (ብጣዕሳ) ተመለሱ። ንዑኡ `ውን ምእዙዛት ኩኑ።» (አል-ዙመር 54) ማለት ንስኻ ባርያ ስለዝኾንካ ባርያ ድማ ተአዛዛይ ስለዝኾነ ዋኒንካ ኩሉ ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብምሃብ ብኩለመዳይኻ ንጎይታ ግዙእ ክትኸውን ማለት እዩ፤ ጎይታ ኸዓ ኣላህ እዩ። ከምቲ ነብዩ ﷺ "ጎይታ ኣላህ እዩ" ዝበሉና።

**(3) አል-ኢስቲዓናህ:** ሓገዝ ምድላይ ማለት እዩ። «{ንዓኻ ጥራሕ ኢና ንግዝእ፤ ንዓኻ ጥራሕ ድማ ኢና ሓገዝ ንሓትት» (አል-ፋቲሓ 5) ብመሰረት ናይዛ ቃል ቁርኣን ኣገላልፃ ከምቲ ሕጊ ስዋስው ዓረብኛ ቀይዲ ትገብር ኣገላልፃ እያ። ከምቲ {تقديم ماحقه التأخير يفيد الحصر} ዝበሃል ማለት እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ኣይንግዛእን ኢና ንዓኻ ጥራይ `ምበር፤ ሓገዝ `ውን ኣይንሓትን ንዓኻ ጥራይ `ምበር ከም ማለት እዩ።

**(4) አል-ኢስቲዓዛህ:** ዕቖባ (ሓለዋ) ምሕታት ማለት እዩ። እዚ ኽበሃል ከሎ ካብ ዝፅላእ ነገር ሓለዋ ምድላይ ማለት እዩ። «أعوذ» «**አዑዙ**» ማለት "ይሕሎ፣ ይዕቆብ ኣለኹ" ማለት እዩ።

**(5) አል-ኢስቲቓሣህ:** ካብ ጭንቅን ጥፍኣትን ዘድሕን ምድላይ ማለት እዩ።

✪ አርባዕቲአን: ሓገዝ ምድላይ፣ ሓለዋ ምድላይ፣ አል-ኢስቲቓሣን ሸፋዓ (መተዓረይ ምድላይ)ን አርባዕተ ቅድመ ኩነታት እንተማሊአን ካብ ፉጡራት `ውን ምድላይ ይከአል እዩ፤ ብህይወት ካብ ዘሎ፣ ቀረባ ካብ ዝኾነ፣ ዝኽእልን ከምሰበብ ዝተሓዝን እንተኾይኑ።

**(6) ማሕረድ:** ደም ብምፍሳስ ፍሉይ ዝኾነ ህይወት ምጥፋእ።

**ማሕረድ ምግባር ናብ ሰለስተ ይምቀል**

**ንአላህ (ዕብየት) ኢልካ ምሕራድ**
ከምሀድይ፣ ኡዱሒያን ንደኽታማት ምዕንጋልን

**ንብዜካ አላህ ኢልካ ምስ ምዕባይን ምፍታውን ምሕራድ**
ንአጅናንን ንበዓል ቀብሪን ኢልካ ምሕራድ፤ እዚ ዓብይ ሽርኪ እዩ።

**ፍቁድ ዝኾነ ምሕራድ**
ጋሻ ምትእንጋድ፣ ንመሸጣን ንኻሊእን ኢልካ ወይድማ ስጋ ደሊኻ በጊዕ/ጤል ምሕራድ።

> መፅብዓ (ዒባዳ ንምኧኑ) መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **«(ሎሚ) መፅብዓኦም ዝመልኡ፤ ሽር ናቱ ዝርጉሕ ዝኾነ መዓልቲ ይፈርሑ(እዮም)»** (አል-ኢንሳን 7)

**ል. በ.:** ምስ ፍቃድ ረቢ ብዛዕባ ማሕረድ ተወሳኺ መብርሂ አብ ኪታቡ ተውሒድ ኽመፅእ እዩ።

**(1) እንታይነት መፅብዓ**

**ከምቋንቋ:**
ቃል ምእታውን ዓርስኻ ምግዳድን ማለት እዩ።

**ከምቲሸሪዓ:**
ረቢ ግቡእ ንዘይገበሮ ነገር ባዕልኻ ንባዕልኻ ብድልየትካ ምግዳድ ማለት እዩ።

**ል. በ.:** መፅብዓ ዳሕራይ አብ ኪታቡ ተውሒድ ከምንመፅሉ ዓይነታት፣ ቅድመ ኩነታትን መዐረይታትን አለውዎ።

**ዓይነታት መፅብዓ**

- ንአላህ ዝኾነ መፅብዓ
- ንብዜካ አላህ ዝግበር መፅብዓ

ሽይኽ ነዞም ዒባዳታት ዝዘከረ ከም አብነት `ምበር ከም ቀይዲ አይኮነን። ምኽንያቱ አብዚ ዘይተዘከሩ ዓይነታት ዒባዳታት `ውን አለው እዮም። እቲ ዝተደለየ መልእኽቲ ካብዚአን ዝተዘከራ ይኹን ወይ ኻሊእ ዓይነት ዒባዳ ንብዜካ አላህ ዝሃበ ሽርኪ ገይሩ`ሎ እዩ።

**ኻልአይ መሰረት:** ዲነል ኢስላም ብመርትዖኡ ምፍላጥ። እዚ `ውን ንአላህ ብተውሒድ ኢድካን እግርኻን ክትህብ፣ ብምእዙዝነት ክትስዕብን ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዝፀረኻ ምዃንን እዩ።

ሰለስተ ብርኪታት አለውዎ: ኢስላም፣ ኢማንን ኢሕሳንን እንትኾኑ ሕድሕድ ብርኪ `ውን ነንባዕሉ ዓንዲ አለዎ።

**ቀዳማይ ብርኪ:** ኢስላም **(1)**

ዓንድታት ኢስላም ሓሙሽተ እዮም። ቃል ናይ ሸሃዳ "ላ ኢላሀ ኢለሏህ ሙሓመዱን ረሱለሏህ" **(2)** ፣ ስርዓታ ዝተማልአት ጌርካ ሶላት ምስጋድ፣ ዘካ ምሃብ፣ ወርሒ ረመዷን ምፅዋምን በይቲላሂ አል-ሓረም ሓጅ ምግባርን እዮም።

**(1)** ሸይኽ ናብታ ኻልአይቲ መሰረት ደይበም፣ እዚ `ውን ሓደ ባርያ ናይ አላህ ዝኾነ ሰብ ሃይማኖቱ ምፍላጡ እንትኾን ብኸምዚ መብርሂ ምሃብ ጀሚሮም፡

## ቀዳማይ ብርኪ ኢስላም

እዚ `ውን ንአላህ ብተውሒድ ኢድካን እግርኻን ክትህብ፣ ብምእዙዝነት ክትስዕብን ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዝፀረኻ ምዃንን እዩ።

ፍታሕ ቃል "ኢስላም" `ውን እዚ እዩ፤ ዋኒንካ ንአላህ ክትህብ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ባርያ ስለዝኾንካ። ባርያ ድማ ንጎይታኡ ኩለመዳዩ ግድን እዩ። እቲ ጎይታ `ውን አላህ እዩ። ከምቲ ነብዩ ﷺ "ጎይታ አላህ እዩ።" ዝበሉ ማለት እዩ።


ካብኡ ነቲ ዲን ናብ ሰለስተ ብርኪታት መቒሎሞ፡

| ኢስላም | ኢማን | ኢሕሳን |
| --- | --- | --- |

**(2)** ኢስላም ሓሙሽተ ዓንዲታት እዩ። ቀዳማይ

"ላ ኢላሀ ኢለሏህ ሙሓመዱን ረሱለሏህ" ትብል ቃል ምስክር (ሸሃዳ)

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ “ላ ኢላሀ ኢለሏህ” ናይ  ቃል ምስክር መርትያ ገይሩ ኣምፂኡዎ፤ ናቱ ትርጉም ድማ ብሩህ ገይሩዎ። “ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ዝግዝኡዎ የለን።” እዩ።




“ላ ኢላሀ” ብዝብል ቃል “ነፍይ” ንብሎ ወይ ምንፃግ ንረክብ

“ኢለሏህ” ብዝብል ቃል “ኢሥባት” ንብሎ ወይ ኸዓ ምፅናዕ ንረክብ

ኽምዚ ዓይነቱ ኣገላልፃ ብዜካ ብዝበሃል ኩነት ብብሕታውነት ምፅናዕ ይሕብር። ምኽንያቱ ዒባዳ ብቀይዲ ንኣላህ ጥራይ ብምግላፅ ካብ ብዜካኡ ዘፅሪ ኣገላልፃ ስለዝኾነ እዩ።

ስለዚ ድማ እዩ ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ “ብሩህ ዝገብራ መብራህርሂ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ” ብምባል (ዝስዕብ ዝበሉ): **« {ኢብራሂም ነቦኡን ንህዝብታቱን (ኸምዚ) ዝበሎም እዋን (ዘክር)። «ኣነ ንስኻትኩም ካብ ተምልኹዎ ዝፀረኹ እየ። (26) «ብዜካ እቲ ዝፈጠረኒ(ኣየምልኽን)።...»**

**«...ካብ ተምልኹዎ ዝፀረኹ እየ።...»** “ላኢላሀ” ማለት እንትኸውን

**«...ብዜካ እቲ ዝፈጠረኒ(ኣየምልኽን)።...»** ማለት ኸዓ “ኢለሏህ” ማለት እዩ።

ንሸሃዳ (ቃል መስኻሪ) መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ብዜካኡ ኻሊእ ኣምላኽ ከምዘየለ ምስ ፍትሒ ጠጠው ኢሉ መስኺረ። መልኣኽቲን ሰባት ፍልጠት `ውን መስኺሮም። ብዜካኡ ኻሊእ ኣምላኽ ዘየሎ ኣሸናፊን በዓል ጥበብን እዩ።»** (ኣሊ ዒምራን 18)

ናታ ትርጉም: “ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ዝምለኽ የለን።” ማለት እዩ።

“ላ ኢላሀ”: መግዛእቲ ብዜካ ኣላህ ካብ ዘሎ ኩሉ ትነፅግ፤

“ኢለሏህ”: መግዛእቲ ንኣላህ ጥራይ ብብሕታውነት ተፅንዕ፤ በቲ ኣመሓዳርነቱ ሽርካ ከምዘይብሉ ማለት እዩ።

ብሩህ ዝገብራ መብራህርሂ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **« {ኢብራሂም ነቦኡን ንህዝብታቱን (ዝስዕብ) ዝበሎም እዋን (ዘክር)። «ኣነ ንስኻትኩም ካብ ተምልኹዎ ዝፀረኹ እየ። (26) «ብዜካ እቲ ዝፈጠረኒ(ኣየምልኽን)። ንሱ ይመርሓኒ።» (27) ወለዱን ስድራኡን ንኽምለሱ (ብሓድነት ኣላህ ምእማን) ኣብ ድሕሬኡ ትተርፍ ቃል ገይሩዋ።(28)»**(ዙኽሩፍ 26-27)

ኸምኡ `ውን: **«<ኦ ኣቱም ሰባት መፅሓፍ! ኣብ ሞንጎ ንሕናን ንስኻትኩምን ናብ ዘላ ሞንጎኛ ቃል ምፁ። (እዚ ኸዓ) ብዜካ ኣላህ ንኸይንግዛእ፣ ብኡ ሽርካ ንኸይንገብረሉ፣ ገለና ንኻልኦትና ብዜካ ኣላህ ዝኾነ ጎይታ ገይሩ ንኸይትሕዝ እዩ።> በሎም <እንተኣብዮም ንሕና ሙስሊማት ምዃንና መስክሩ> በሎም»** (ኣሊ-ዒምራን 64) **(1)**

ዝኾነ ሰብ "ትርጉም 'ላኢላሀ ኢለሏህ' 'ላ መዕቡደ ኢለሏህ/ብዜካ ኣላህ ዘምልኹዎ የለን' ማለት እዩ።" እንተይሉ ኸ? ንሕና ድማ "እዚኦ ኣበሃህላኻ ጌጋ እያ።" ንብሎ። ምኽንያቱ ብመሰረት እዚ ኣገላለፃ ብዜካ ኣላህ ዝምለኽ ኩሉ ልክዕ ከምዝኾነ ዝሕብር ስለዝኾነ። ግን `ከ "...ናይ ብሓቂ ዝምለኽ..." ብዝብል ኣገላልፃ እንተተገሊፁ ግን ብዜካ ኣላህ ብዘምልኹዎ ከምዝኸሓደን ብዜካ ኣላህ ድማ ናይ **ብሓቂ** ዝምለኽ ከምዘየለን ብሩህ ይገብር እዩ።

"ትርጉም ናይ 'ላኢላሀ ኢለሏህ' 'ብዜካ ኣላህ ናይ ብሓቂ ጎይታ የለን' ማለት እዩ።" እንተይሉ `ኸ?

ንሕና ድማ "እዚ ዝበልካዮ ልክዕ እዩ፤ ይኹን ደኣ`ምበር ትርጉም ናይ 'ላኢላሀ ኢለሏህ' ግን ኣይኮነን። ንስኻ ዝገለፅካዮ ተውሒዱ ሩቡቢያ እዩ፤ እዚ ድማ ነብዩ ﷺ ዝተለኣኹሎም ሙሽሪካት `ኳ ዝቅበሉዎን ናብ ኢስላም ግን ዘየእተዎምን እዩ።"

**(1)** **«<ኦ ኣቱም ሰባት መፅሓፍ! ኣብ ሞንጎ ንሕናን ንስኻትኩምን ናብ ዘላ ሞንጎኛ ቃል ምፁ።...»** ዝብል ቃል ኣላህ ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታት ምስምዕማዕ ንዝብሉ ሰባት ዉዳቅ ከምዝኾነ መልሲ ትህበሎም መርትዖ ሒዛላ።

ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ ንምዃኖም መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ካባኻትኩም ዝኾነ፤ ንዓኻትኩም ዘፀግመኩም ንዑኡ ዝሕይሎ፣ ብዓኻትኩም (እምነት) ኣመና ህርፉን ዘለዎ፤ ንኣመንቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን ዝኾነ ልኡኽ ብርግፀ መፂኡልኩም።»** (ኣት-ተውባህ 128) **(1)**

"ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ እዩ" ናይ ዝብል ቃል መስኻሪ ትርጉም: ብዝኣዘዞዎ ምእዙዝ ምኳን፣ ንዝበሉዎ ሓቂ ኢልካ ምቅባል፣ ካብ ዘጠንቀቁዎን ዝኸልከሉዎን ምርሓቅን ብዝሓንፀፁዎ `ምበር ንኣላህ ዘይምግዛእን ማለት እዩ። **(2)**

**(1)** ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ንዝተጠቅሰ ቃል ልዑል ኣላህ ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ ንምዃኖም ከምመርትዖ ገይሩ ኣምፅኦ፤ በዚ ቃል ልዑል ኣላህ ናቶም ልኡኽ ምኳን ከምቲ ኣገላልፃ ቋንቋ ብሰለስተ መጠናኽሪታት እዩ ኣጠናኺሩ ዝገለፆም።

**(2)** ረቢ ይርሓመሉ ሸይኽ ናይ "ሙሓመደን ረሱሉሏህ" ቃል ሸሃዳ ትርጉም ብኽምዚ ገሊፆሞ: እዚ ቃል ሸሃዳ ልክዕ ንክኾውን ንሕድሕድ ወዲን ጓልን ሙስሊም እዘን ዝተገለፃ ከረጋግፅ ግድን እዩ:

ረሱል ﷺ ብዝኣዘዙዎ ምእዙዝ ምኳን፣ ንዝበሉዎ ሓቂ ኢልካ ምቅባል፣ ካብ ዘጠንቀቁዎን ዝኸልከሉዎን ምርሓቅን ብዝሓንፀፁዎን ብዝገለፁዎን `ምበር ንኣላህ ዘይምግዛእን ማለት እዩ ሰላዋትን ሰላምን ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ።

**ሙሓመድ ልኡኽ ኣላህ ምዃኖም ቃል ሸሃዳ ምሃብ "ዘምልኹ `ምበር ዘይምለኹ ባርያን ሓሶት ዘይበሃሉ ልኡኽን እዮም" ኢልካ `ው ን ምእማን እዩ፤ እዚ ማለት ድማ፡**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሰላዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ በቲ ዝኣዘዝዎ ኩሉ ኽንእዘዝ ፤ ከምቲ ናብ ኣላህ ዘብፅሑ ልኡኽ ምዃኖም | ሰላዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ በቲ ዝተዘረቡዎ ሓቂ ኢልና ክንቅበል፤ ከምቲ ሓቀኛን ሓቂ ዝበሃሉን ምዃኖም | ሰላዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ ልዕሌኦም ይኹን `ሞ እቲ ዘጠንቀቁዎን ዝኸልከሉዎን ምርሓቅ፤ ነብዩ ﷺ ዝኸልከሉዎ ብሓደ መሳ ጌርካ ንስኻ ብኻሊእ መሳ ክትኸውን | ብዜካ ካብ ነብዩ ﷺ ዝመፀ መንገዲ ንጎይታ ኣላህ ዘምግዛእ፤ ብዚኣ ቢድዓ ንዘምፁ ሰባት (ረድ) መልሲ ትህቦም። |

ንሰላትን ዘካን (ዒባዳ ም኿ን)ን ንትርጉም ተውሒድን መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ሃይማኖት ንዑኡ ገይሮም፣ ካብ መሻርኽቲ ኣፅሪዮም፣ ቅኑዓት ኮይኖም ንኣላህ ከምልኹዎ፣ ሶላት `ውን ኣዐሪዮም ኽሰግዱ፣ ዘካ `ውን ክህቡ `ምበር ዘይተኣዘዙ(ተፈላለዩ)። እዚ ድማ እዩ እቲ ልክዕ ሃይማኖት።»** (ኣል-በይናህ 5) (1)

ንፆም (ዒባዳ ም኿ን) መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ኦ ኣንቱም ኣመንቲ! ከምቲ ነቶም ቅድሜኹም ኣብ ዝነበሩ (ህዝብታት) ከም ዝፀሓፍናሎም ኣብ ልዕሌኹም `ውን ፆም ፅሒፍና። ምእንታን ረብኹም ትፈርሑ።»**(ኣል-በቀራህ 183) (2)

ንሓጅ (ዒባዳ ም኿ን) መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«...ንኣላህ `ውን ኣብ ልዕሊ ሰባት ናብኡ ገይሺ ኣብ ዝኽአለ ኩሉ ገዛኡ ዝያሩ ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎም። ንዝኽሓደ ግን ኣላህ ካብ ዓለም ዘየድልዮ እኹል እዩ።»** (ኣል-ዒምራን 97) **(3)**

**(1) ሶላት ኻልኣይ ዓንዲ:**

እዚ `ውን ብተክቢር (ኣሏሁ ኣክበር) ተበጊሱ ብተስሊም (ኣሰላሙ ዓለይኩም) ዝዛዝምን ንኣላህ ፍልይ ብዝበሉ ቃላትን ምግባራትን ክተምልኽ ማለት እዩ። መሰረት ዲን እዩ፤ ዝተሓንፀፆ ድማ ብዜካ ሞንጎኛ(መልእኽቲ ዘምፅእ መልኣክ) ካብ ኣላህ እዩ። እዚ `ውን ነብዩ ﷺ ናብ ሰማይ ጉዕዞ ኣብ ዝገበሩሉ እዋን ሚዕራጅ እዩ።

**ዘካ ሳልሳይ ዓንዲ:**

ከም ቋንቋ: ምዝያድን ምፅራይን ማለት እዩ።

ክልተ ዓይነት ድማ እያ: ዘካ ኣካልን ዘካ ገንዘብን

**(2) ፆም ራብዓይ ኩርናዕ:**

**ከም ቋንቋ**: ዓርስኻ ምዕቃብ

**ከም ሸሪዓ**: ፀሓይ ካብ ዝወፀትሉ እዋን ጀሚርካ ብኒያ ፆም ክሳብ ትዓርበሉ እዋን ፆም ካብ ዘዕንው ነገራት ብምዕቃብ ንኣላህ ምግዛእ ማለት እዩ። ፆም ሰለስተ ዓይነታት ሰብረ ዝሓዘ ከም ም኿ኑ ካብ ብሉፃት ዓይነታት ዒባዳ ሓደ እዩ፤ ኣላህ ዓስቢ ፀዋሚ ዝገለፀ ናብ ባዕሉ ኣፀጊዑ ኣፀጊዑ ም኿ኑ ድማ ዋኒኑ ዘለዎ ዕብየት ይሕብረና።

**(3) ሓጅ ሓምሻይ ዓንዲ:**

**ከም ቋንቋ**: ሓሳብ ማለት እንትኸውን

**ከም ሸሪዓ**: ድማ በቲ ካብ ነብዩ ﷺ ዝመፀ ከይዲ ስዒብካ ስርዓት ሓጅ ብምግባር ንኣላህ ምግዛእ ማለት እዩ።

ኣብ ሙሉእ ዕድመ ሓንሳብ ሓጅ ምግባር ኣብ ኩሉ()ይ ሙስሊም ግቡእ እዩ።

## ኻልኣይ ብርኪ: ኢማን

**ከም ቋንቋ:** ምርግጋፅ
**ከም ሸሪዓ**: ብልሳንካ ዝበሃል፣ ብልብ እምነት ጌርካ ዝተሓዝ፣ ብኣካልን ልቢን ዝስራሕ ዘለዎ ብምእዙዝነትካ ዝውስኽን ብምእባይ ዝንኪን እዩ።

ኢማን ከምሸሪዓ ሓሙሽተ ነገራት ኽሕዝ ግድን እዩ። ካብዞም ነገራት ሓደ እንተነኪዩ ካብ ሓፈሻዊ ፍታሕ ኣህሉ ሱና ወልጀማዓ ይወፅእ።

ንዚኦም ሓሙሽተ ነገራት መርትያኦም እንታይ እዩ?
ልኡኽ ኣላህ ﷺ ዝስዕብ ምባሎም: "እቲ ዝለዓለ 'ላኢላሀ ኢለሏህ' ዝብል ቃል እንትኸውን..." ዝብል ዘረባኦም ቃል ኣብ ኢማን ምኟኑ ይሕብር።

"እቲ ትሑት ድማ ንሰባት ዘሸግር ነገር ካብ መንገዲ ምልዓል እዩ።" ዝብል ድማ ንናይ ኣካል ስራሕ ኣብ ኢማን ምኟን ይሕብር።

"ሓያእ `ውን ..." ዝብል ዘረባኦም ድማ ስራሕቲ ልቢ ይገልፅ።

**ኻልኣይ ብርኪ: ኢማን**
ሰብዓን ገለን ብርክታት ዘለውዎ እንትኸውን እቲ ዝለዓለ ***ላኢላሀ ኢለሏህ*** እቲ ትሑት ድማ ንሰባት ዘሸግር ነገር ካብ መንገዲ ምልዓል እዩ፤ ሓያእ `ውን ካብ ኢማን እዩ።
ሽዱሽተ ኩርናዕ ኣለዎ:
ብኣላህ፣ በመልኣካት፣ በኪታብቲ፣ በልኡኻት፣ ብመወዳእታ መዓልቲ ክትኣምንን ብዝትፈትዎ ይኹን ትፀልኦ ቀደር ምእማን እዩ።ንዚኦም ሽዱሽተ ዓንዲታት ድማ መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«እቲ ሰናይ ስራሕ ገፅኩም ናብ ኣንፈት ምብራቅ ወይ ምዕራብ ምግባር ኣይኮነን፤ ሰናይ ስራሕ ግን ብኣላህ፣ ብመወዳእታ መዓልቲ፣ ብመልኣካት፣ ብመፅሓፍቲን ብነብያትን ኣሚኑ ...እዩ።»** (ኣል-በቀራህ 177).
መርትያ ናይ ቀደር ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **«ንሕና ኩሉ ነገር ብልክዕ (ብቀደር) ፈጢርናዮ።»** (ኣል-ቀመር 49).

ልዑል ኣላህ (ብዛዕባ ዕላል ሙናፊቃት) ኽምዚ ይብል: **«... ንመኔኹም እያ እዚእ (ቃል ኣላህ) እምነት ዝወሰኽትሉ ዝብል ሰብ ኣሎ።»** (ኣት-ተውባ 124) እዚ ድማ ኢማን ከምዝውስኽ ዝሕብር እንትኸውን ዝውስኽ እንተኾይኑ ብተፃራሪኡ ምንካዩ ድማ ግድን እዩ። ብዛዕባ ምንካይ ዲን ካብ ነብዩ ﷺ ዝስዕብ ብሩህ ሓዲሥ መፂኡ`ሎ "**ዋሕዲ ዲንን ኣተሓሳስባን ዘለዋ ምስ ምኟና ... ኣይረአኹን።**" ስለዚ ዲን ይንኪ እዩ።

**ሽዱሽተ ኩርናዓት ኢማን**

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ብ**ኣላህ** ምእማን | ብ**መል ኣካት** ምእማ ን | በ**ኪታ ብቲ** ምእማ ን | በ**ልኡኽ ት** ምእማን | ብ**መወ ዳእታ መዓልቲ** ምእማን | ብዝፍቶን ዝፅላእን **ቀደር** ምእማን |

**ቀዳማይ ኩርናዕ ብኣላህ ምእማን ኣርባዕተ ነገራት ግድን የብል**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ልዕልና ንዑኡ ይኹን `ሞ ዘሎ ብምኳኑ ምእማን: ብኣርባዕቴኡ መንገዲ ዝተረጋገፀ እዩ | ብ (ተውሒደል ሩቡቢያህ) ጎይታዊ መንነቱ ብሕታውነት ምእማን | ብ (ተውሒደል ኡሉሂያህ) ኣምላካዊ መንነት ሓድነቱ ምእማን | ብ (ተውሒደል ኣስማኢ ወሲፋት ) ሽምን ባህርያትን መንነቱ ሓድነቱ ምእማን |

| | | | |
|---|---|---|---|
| **ብኣእሙሮ** ፍጡራት ብዜካ ፈጣሪ ክርከቡ ምኽኣሎም ጥዑይ ኣተሓሳስባ ኣይቅበሎን «ወይ ብዜካ ዝኾነ (ፈጣሪ) ዶ ተፈጢሮም? ወይለ ንሳቶም እዮም ፈጢርቲ?! » (ኣል-ጡር 35) | **ብወድዓዊ ሓቂ** ኣብ እዋን ሽግርን ጭንቅን ኢድካ ልዕል ኣቢልካ "ያ ረብ! (ኣንታ ጎይታይ!)" እንተይልካ እቲ ዘለካ ሽግር ምስ ፍቃድ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ተላዒሉ ኢኻ ትረኽቦ። | **ከምቲ ተፈጥሮኣዊ መንነት** "ዝውለድ ኩሉ ኣብ ተፈጥሮኣዊ መንነቱ (ኣብ ኢስላም) ኮይኑ እዩ ዝውለድ፤ እቶም ወለዱ እዮም ኣይሁድ ወይ ክስታናይ ወይ ኽዓ ባርያ ሓዊ ዝገብሩዎ።" (ቡኻሪይን ሙስሊምን) | **ከም ሸሪዓ** ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑል ቀይም "ብቁርኣን ዝኾነ ዓይነት ዓንቀፅ የለን ናብ ሓድነት ኣላህ ዘማላኽት ጥራይ `ምበር።" |

## ኻልአይ ዓንዲ ብመልአካት ምእማን

መልአካት: በቲ ብዓይኒ ዘይረአይ ዓለም ዘለው፤ ካብ ትእዛዝ ረቢ ዘይወፁ ምእዙዛት፤ ረቢ ካብ ብርሃን ዝፈጠሮም፤ መንፈር `ውን ዘለዎም `ዮም። ህይወት አለዎም «እቲ ቁዱስ መንፈስ» (አል-ነሕል 87) አካል `ውን «... በዓል ከክልተ፣ ሰሰለስተ፣ በዓል አርባዕተ አርባዕተ መናፍር ዝኾኑ ልኡኽ መልአካት ንዝገበረ ኀይታ ይኹን። ካብ ፍጡራቱ ንዝደለዮ ይውስኽ ...» (ፋጢር 1) አዕሙሮን ቀልቢን `ውን አለዎም «ምስንባድ ካብ ልቦም ግልፂ ክሳብ ዝኸውን <ኀይታኹም እንታይ ኢሉ?> ይብሉ» (ሰባእ 23) ንአምን፤ አብ ሞንጎኦም ሽሞም ብንፈልጦም ከምኒ ጅብሪል፣ ሚካኤልን ኢስራፊልን ዘበለ፤ ባህርያቶም `ውን «...ንአላህ ብዘይምእዙዝነት አይዕምፁን፤ ንዝተአዘዙዎ ድማ ገበርቲ እዮም።» (አት-ተሕሪም 6) ብስራሕቶም ከምኒ ዓርሽ ዝፆሩዎ መልአካት ዘበለ፤ብዛዕበኦም ብዝርዝር ይኹን ከምብሓፈሻ ብዝመፀ ኩሉ ንአምን።

## ሳልሳይ ኩርናዕ ብመፅሓፍቲ ምእማን

ረቢ ብተዘዋዋሪ ዘይኾነ ናይ ብሓቂ ዝተዛረበሉ ምዃኑ፤ ካብኡ ዝመፁ `ምበር ዝተፈጠሩ ከምዘይኾኑ፤ አላህ ምስ ኩሉ ልኡኽ መፅሓፍ ከምዘውረደ፤ ብአ ብዝርዝር ይኹን ከም ብሓፈሻ ብዝተሓበረና ካብ ሽሞም፣ ሓበሬታኦምን ክሳብ ዘይተሰዐረ ሕግታቶም ውን ንአምን፤ ቁርአን ድማ ቅድሚኡ ንዝነበሩ ኪታብቲ ኩሉ ዝሰዓረ ምዃኑ ንአምን። ንሳቶም `ውን ተውራት፣ ኢንጂል፣ ዘቡር፣ ሱሑፍ ኢብራሂምን ሙሳን (ዓለይሂማ ሰላም) እዮም።

## ራብዓይ ኩርናዕ ብልኡኻት ምእማን

ካብ መንነት ኀይታ ወላ ሓንቲ ዘይብሎም ደቅ ሰባት ምዃኖም፤ ዘምልኹ `ምበር ዘይምለኹ ባሮት ምዃኖም፤ ረቢ ዝለአኾምን ናቱ መልእኽቲ ዘመሓላለፈሎምን ከምኡ `ውን ብተአምር ዘጠናኸሮምን እዮም፤ ንሳቶም `ውን ሓደራኦም አብፂሖም ህዝቦም ምዒዶም መልእኽቶም አብፂሖም፤ ብመንገዲ አላህ ናይ ብሓቂ ዝተቃለሱ ምዃኖም ንአምን፤ ብኦም (ምህላው) ንአምን። አላህ ብዛዕበኦም ሽሞም፣ ባህርያቶም ከምብሓፈሻ ወይለ ብዝርዝር ዝሓበረናን ዝበለናን ኩሉ ንአምን። ፈላማይ ነብይ አደም፤ ፈላማይ ሩሱላት ኑሕን መዛዘሚ ነብያትን ልኡኻትን ድማ ሙሓመድ ሶለሏሁ ወሰላሙሁ ዓለይሂም ምዃኖም ኸምኡ `ውን ኩሎም ቀዳሞት ሸሪዓታት ብሸሪዓ ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ከም ዝተሰዓሩ ንአምን። አብ ሞንጎኦም ኡሉል ዓዝም ንዝተበሃሉ ሓሙሽተ ልኡኻት አላህ ዓዘ ወጀል አብ ክልተ ቦታታት ብሱረቱል ሹራን ብሱረቱል አሕዛብን ዘኪሩዎም አሎ፤ ንሳቶም `ውን: ሙሓመድ ﷺ ፣ ኑሕ ዓለይሂ ሰላም፣ ኢብራሂም ዓለይሂ ሰላም፣ ሙሳ ዓለይሂ ሰላም፣ ዒሳ ዓለይሂ ሰላም እዮም።

## ሓሙሻይ ኩርናዕ ብመወዳእታ መዓልቲ ምእማን

ነብዩ ﷺ ብዛዕባ ድሕሪ ሞት ብዝተዛረቡዎ ኩሉ ምእማን ዘጠቓልለ እዩ። ፈተና ቀብሪ፣ ብጡሩምባ ምንፋስ፣ ናይ ሰባት ካብ ቀብሪ ምትሳእ፣ ብሚዛን፣ ብመዝገብ፣ ብሲራጥ፣ ብሓውዲ (ውሒጅ ነብይና)፣ ብሽፋዓ (ምስ ጎይታ ምዕራይ)፣ ብጀነት፣ ብጀሃነም፣ ድሕሪ ሞት ጀነት ዝአተው ሰባት ረቦም ከምዝርእዩን ብኻልኦት ምሽጥራት ገይቢ (ብህዋሳት ስምዒት ብዘይፍለጥ) ንአምን።

## ሻድሻይ ኩርናዕ ብዘሕጉስ ይኹን ዝቅንዝው ቀደር ምእማን

(እዚ ኩርናዕ አርባዕተ ነገራት ከጠቓልል ግድን እዩ)

**ፍልጠት:**
ልዑል አላህ ብዝርዝርን ከምብሓፈሻን ኩሉ ነገር ከምዝፈልጥ ምእማን

**ምፅሓፍ:**
ልዑል አላህ ክሳብ መዓልቲ ቂያማ ናይ ዝኸውን ኩነታት ቀደር ኩሉ ከምዝፀሓፈ ምእማን

**ድልየት:**
ድላይ አላህ ከምዝኸውን ድላይ አላህ ዘይኾነ ድማ ከምዘይኸውንን ባርያ `ውን ናይ ዓርሱ ናፃ ድልየት ከምዘለዎ ይኹን ደአ`ምበር ትሕቲ ድላይ ረቢ ከምዝኾነት ምእማን

**ምፍጣር:**
ደቅ ሰባት ይኹን ኻልኦት ምስ ምግባራቶም ዝፈጠረ አላህ ምኧኑ፤ መርትያኡ ድማ: «...አላህ ፈጣሪ ኹሉ...» (አል-አንዓም 101)
«አላህ እዩ ፈጢሩኩም ስራሕትኹም `ውን...።» (አስ-ሷፋት 96)

ምፍላጥ ምፅሓፉ ምስ ድልየት ረብና

ከምኡ ውን ምፍጣሩ ምርካብ ናይ ዓለምና

ዝብል መስመር ግጥሚ አርባዕቲአን ሓዊሱ ንረኽቦ።

**ሳልሳይ ብርኪ፡ ኢሕሳን**

እቲ ዝለዓለ ብርኪ ዲን እንትኸውን፤ ሓደ ኩርናዕን ትሕቲኡ ድማ ክልተ ብርክታትን ኣለውዎ

**ናይ ምርኣይ ዒባዳ (ዒባደቱል ሙሻህዳህ)**

(ጣዕሚ ዒባዳ ምስ ምርካብ) ኣብ ኣላህ ንዘሎ ምስ ምፍታው፣ ሃንቀውታን ህርፋንን ዝግበር ዒባዳ እዩ፤ ናይ ነብያትን ልኡኻትን ዓለይሂሙ ሰላም ኢባድ እንትኸውን ኻልኦት `ውን ክበፅሑዎ ዝኽእሉዎ ብርኪ እዩ።

**ናይ ሕሉው ዒባዳ (ዒባደቱል ሙራቀባህ)**

(ዝቋፃፀር ከምዘሎ ብምሕሳብ) ብፍርሒን ምግላብን ዝግበር ዒባዳ እንትኸውን ዝኾነ ይኹን ሙስሊም ካብዚ ብርኪ ኣይወፅእን።

**ሳልሳይ ብርኪ**: ሓደ ኩርናዕ እዩ ዘለዎ "ንኣላህ ከምቲኣ ትርእዮ ኾይንካ ክተምልኾ፤ ንስኻ እንተዘይረአኻዮ `ውን ንሱ ስለዝረአካ።" መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «{ኣላህ ምስቶም ዝፈርሑን ምስቶም ሰናይ ዝሰርሑ ዝኾኑን እዩ።» (ኣል-ነሕል 128) ዝስዕብ ቃሉ `ውን: «በቲ ሓያልን ሓዛንን (ጎይታኻ) ተፀጋዕ። ۝ (ናብ ሶላት) ጠጠው ኣብ ትብለሉ እዋን ዝርእየካ። ۝ ኣብ ሞንጎ ዝሰግዱ ሰባት ክትጋላበጥ `ውን ከሎኻ (ዝርእየካ)። ۝ ንሱ እቲ ሰማዓይ ፈላጥ እዩ። ۝» (ኣሽ-ሹዐራእ 217-220) ዝስዕብ ቃሉ `ውን: «(ኣንታ ሙሓመድ!) ብሓደ ኩነት ኣይትኾንን፣ ካብኡ ካብ ቁርኣን `ውን ኣይተንብብን፣ ዝኾነ ስራሕ `ውን ኣይትሰርሑን ኣብቲ ኩነታትኩም ንሕና `ውን ዘለና እንተኾንና `ምበር ።» (ዩኑስ 61)

**መብርሂ:** ኣብዚ ብርኪ ዘሎ ባርያ ንኣላህ ምፍታው ጥራሕ `ምበር ንዑኡ ፍርሒ ዝበሃል ዘይብሉ ማለት ኣይኮነን፤ ግን ኣብዚ ብርኪ ንዘሎ ባርያ እቲ ሓያል ንዒባዳ ዘለዓዕሎ ንኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ዘለዎ ምፍታው እዩ ማለት እዩ፤ ናይ ነብዩ ﷺ "እሞ ደኣ ዘመስግን ባርያ ክኸውን ኣይግበኣኒን ድዩ!" ምባሎም ኣብዚ ዝጣቃለል እዩ።

ካብ ሓዲሥ ድማ መርትዖኡ: ካብ ዑመር ረድየሏሁ ዓንሁ ዝተፀብፀበ ፍሉጥ ሓዲሥ ጅብሪል እዩ፡ «ሓደ እዋን ምስ ልኡኽ ኣላህ ﷺ ኮፍ ኢልና ከሎና ኽዳኑ ኣዝዩ ፃዕዳ ጨጉሩ ኣዝዩ ፀሊም ዝኾነ ሰብ ቦኽ በለ። ምልክት ገያሻይ ኣይረአየሉ ዋላ ኣብ ሞንጎና ድማ ዝፈልጦ የለን። ግን መፀኽ `ሞ ናብ ነብዩ ﷺ ተፀጊዑ ብርኩ ናብ ብርኪ ነብይ ﷺ ለኪሙ ኣእዳው ኣብ ሸለፉ ገይሩ ኮፍ በለ`ሞ "ኣንታ ሙሓመድ! እስኪ ብዛዕባ ኢስላም ፅወየኒ?" በሎም። ልኡኽ ኣላህ ኸዓ ﷺ **"ኢስላም `ማ ብ'ላኢላሀ ኢለሏህ ሙሓመዱን ረሱሉሏህ' ዝብል ቃል ምስክርነትኻ ምሃብ፣ ሶላት (ብዝተማልኧ ስርዓት) ምስጋድ፣ ዘካ ምሃብ፣ ረመዷን ምፅዋም፣ ገይሹ ንዝኽአለ ድማ ሓጅ ምግባር እዩ።"** በሉዎ። "ሓቅኻ!" በሎም። "ተደሚምና! ይሓቶም `ሞ 'ሓቅኻ!' ድማ ይብሎም።"» በለ። «"እስኪ ብዛዕባ ኢማን ኸ ፅወየኒ?" በሎም። እሶም ድማ **"ብኣላህ፣ ብመልኣካቱ፣ ብኪታብቱ፣ ብልኡኻቱ፣ ብመወዳእታ መዓልቲ ክትኣምንን ብዘሕጉስ ይኹን ዝቕንዝው ቀደር `ውን ክትኣምን እዩ።"** በሉዎ። "ሓቅኻ!" በሎም። "ብዛዕባ ኢሕሳን ኸ እስኪ ፅወየኒ!" በሎም። እሶም ድማ **"ንኣላህ ከምታ ትርእዮ ጌርካ ክተምልኾ እዩ ልክ፤ ዋላ ንስኻ እንተዘይረአኻዮ `ውን ንሱ ስለዝርእየካ።"** "ብዛዕብ እታ ሰዓት ኸ እስኪ ፅወየኒ!" በሎም። እሶም ኸዓ "**ብዛዕባኣ ተሓታታይ ካብ ሓታታይ ዝሓሸ ዝፈልጦ ነገር የለን።**" በሉዎ። "`ሞ እስኪ ብዛዕባ ምልክታታ ፅወየኒ!" በሎም። እሶም ድማ "**ጓል ኣነስተይቲ ዝኾነት ባርያ ጎይታኣ (ሀለቃ ናታ) ምውላዳ፣ ሳእኒን ኽዳንን ዘይብሎም ጓሶት ብመንድቅ ክዋዳደሩ ምርኣይኻ**" ኢሎሞ ኸደ። ካብኡ ድሕሪ ንገለ እዋን ምፅናሕና ልኡኽ ኣላህ ﷺ ኸምዚ በሉኒ "**ኣንታ ዑመር! ኣቲ ሓታቲ መን ከምዝኾነ ፈሊጥኻዮ ዶ?**" በሉኒ። ኣነ ኸዓ "ኣሏህን ልኡኹን ﷺ ብዝበለፀ ይፈልጡ" በልኹ። እሶም ድማ "**ጅብሪል እዩ! ዋኒናት ዲንኹም ኽምህረኩም እዩ መፂኡ።**" (ሙስሊም)

እዚ ሓዲሥ ንኢስላም፣ ኢማንን ኢሕሳንን ኩርናዓት መርትዖ እዩ። "**ብዛዕባኣ ተሓታታይ ካብ ሓታታይ ዝሓሸ ዝፈልጦ ነገር የለን።**" ዝብል ብዜካ ኣላህ እታ ሰዓት (ቂያማ) መዓዝ ከምትኸውን ዝፈልጥ ከምዘየለ ይሕብር።

**ልኡኽ ኣላህ ﷺ "ባርያ ጎይታኣ (ሀለቃ ናታ) ምውላዳ" ምባሎም**

ማለት: ከም ዓመፅ (ቆልዑት) ብዝሓት

ወይለ: ከም ብዝሓት ባርያ

ወይ: ምቅይያር ኩነታት

ወይ ድማ፡ ንጉስ (ሀለቃ) ዝኾነ ሰብ ንባርያኡ ይምርዐዋ `ሞ ትወልደሉ ካብኡ ድሕሪ ሞት ኣቦኡ እቲ ቆልዓ ሀለቃ ኣዴኡ ይኸውን

"ሳእኒን ኽዳንን ዘይብሎም ጓሶት ብመንድቅ ክዋዳደሩ ምርኣይኻ"

"العالة" ማለት ደኸታማት ማለት እዩ።

ማለት እቲ ኩነታት ተቀይሩ እዚ ድኽነቶም `ውን ተቀይሩ ሃብትን ምብዕላግን ይኸውን ማለት እዩ።

## ካብ ሓዲሥ ጅብሪል (ዓለይሂ ሰላም) ንረደኦም ሓሳባት

**(1)** ኣብ ተምሃራይ ሸዱሽተ ግድን ዘብሉዎ መሰላት ኣለው: ንባዕሉ ዘለዎ መሰል፣ ንመምህሩ ዘለዎ መሰል፣ ንዝተመሃረሉ ቦታ ዘለዎ መሰል፣ ንብፆቱ ዘለዎ መሰል፣ ንመፅሓፉን ዘለዎ መሰልን ንፍልጠቱ ዘለዎ መሰልን እዩ።

**ንባዕሉ ዘለዎ መሰል**: ፍልጠት ዒባዳ ከምምዃኑ [ኢኽላስን ሰዓብነትን]፤ ናይ ብሓቂ ሰዓቢ ሰለፍ ኹን፤ ኣብ ፍልጠት ዝተደረተ ፍርሒ፣ ኣሏህ ረኣይየይ እዩ ዝብል ስምዒት፣ ትሑትን ትዕቢት ምውጋድን ይሃልይኻ።

ከምዝእኽለካ ምግባርን ዙህድን: ብናይ ፍልጠት ገይፂ ምግያፅ፤ ዋኒን ቀሊል ዘይምግባር፣ ተባዕ መንነትኻ ምጥቃም፤ መን ኣሎ ከማይ ዝብል ስምዒት ምውጋድ፤ ካብ ዘይጠቅም ኮፍታ ምርሓቅ፣ ብሕዝነት ምግያፅ፣ ፅኑዕን ምርግጋፅን ይሃሊኻ።

ኣብ ምህዳን (ፍልጠት) ዓሚቅ ሓሳብን ልዑል ህርፋንን፣ ፍልጠቱ ሓሪኻ ምፍላይ፣ ሓላፍነትኻ ምሕላው፣ ዝተምሃርካዮ ብፅሑፍን ሸምዲድካን ምሕላው።

ጨንፈራዊ ፍልጠት ካብ መሰረታዊ ፍልጠት ብምፍላይ ምስትብሃል፤ ናብ ኣላህ ምፅጋዕ፤ ሓደራ ፍልጠትን ሓቀኝነትን ምሕላው።

ደላይ ዒልሚ መከላኸሊ ምሰርሒኡ ኣይፈልጥን ምባሉ፤ መዋእለ ንዋይ(ግዜ)ኡ ብስርዓት ምጥቃም፣ ንነብስኻ ዕረፍቲ ብምሃብ (ልሙድ ስራሕቲ ምግባር) የእውቀት፣ ኣዐሪኻ ምቅራእ ምልማድ ዳሕራይ ድማ ዓበይቲ ኩቱባት ምልማድ።

ግቡእ ንዝኾነ ሕቶ ብስርዓት ምሕታት፣ ነቲ ዝተብሃለ መልሲ ፅን ኢልካ ምስማዕ፣ ምስትብሃልን ምስራሕን፣ ብህድኣት ዝተመልአ ምምይያጥ፣ ፍልጠትካ ሕጅን ደሓርን ምርኣይ፣ ኣብ ሞንጎ ቁርኣንን ሓዲሥን ኩን፣ብኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ምፍላጥ።

(ብዝፈለጥኻዮ) ምስራሕ: ልዕል ኢልካ ንክትረኣይ፣ ንክትፍለጥን ፍቅሪ ዱንያን ምርሓቅ፤

ንባዕልኻ (ከምዘጉደልኻ ጌርካ) ብኽፍኣት ምሕሳብ፣ ንኻልኦት (ከምዝሕሹ ጌርካ) ብፅቡቕ ምሕሳብ፤

ዘካ ፍልጠት ኣይትረሳዕ: (ንሓቂ ተባዕ፤ ኣዚኻ ብፅቡቕ ኣዛዛይ ካብ ኽፍኣት ትኽልክል፤ ዝጠቅምን ዝጎድእን ምልካዕ፤ ፍልጠትካን ዘለካ ማሕበራዊ መንነትን እናሃብካ ንኻልኦት ምጥቃም ሓሳብኻ ምግባር፤ ሰናይ ብምስራሕን ሓቂ ብምሕባርን ኣብ ሞንጎ ሙስሊሚን ምትዕራይ።

ተኸባቢርካ ምንባር፣ ንፍልጠት ሓለዋ ምግባር፣ ንዲንኻ ኢልካ ዱንያ ሰአን `ምበር ንዱንያ ኢልካ ዲንኻ ዘይምሃብ፣ እኹል ዘይኾንካ ንክተምህር ንቀደም ዘይምባል።

ንጌጋታት ዓሊምን ንፍልልይ ቃል ዑለማታትን ዘለካ መንነት ጠመተ ምግባር።

ሕውነትን ፅልኢን ትገብረሉ ጋንታዊ ወይ ዓሌታዊ አረአእያ ዘይገበርካ መደናገርቲ ምልዓል፤

**ንሸይኹ ዘለዎ መሰል:** ሰባት ብዛዕባ እዚ ነጥቢ `ዚ ክልተ ጫፍ ዘለዎን ሓደ ማእኸለዋይን መንነት አለዎም፤ ዳሕራይ `ውን ከምንመፀሉ ሸርኪ ዝመፀሉ ፈላማይ ምኽንያት ብዛዕባ ሰናይ ሰባት ብዝምልከት ብዝተረኸበ መደናገሪ እዩ። ብዝዕባ ሰናይ ሰባት ብዝምልከት ወሰን ምሕላፍን ንድሕሪት ምትራፍን ዘይብሉ ማእኸለዋይ ምኺን ግድን እዩ።

**ንዝመሃረሉ ቦታ `ውን መሰል አለዎ።**

**ንናይ ቁርአት ብፆቱ** ዘሎ መሰል: ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል: {ንሰባት ካብ ተገለፀት ሰባት ኩሎም ብሉፃት ኾንኩም…}(አሊ-ዒምራን 110) ልኡኽ አላህ ﷺ `ውን "**አብ ሞንጎኹም ንባዕሉ ዝፈትዎ ንሓው ክሳብ ዘይፈተወ አይአመነን።**" ኢሎም እዮም።

**ንኪታቡ** ዘሎ መሰል: መፃሕፍቱ ተኸናኪኑ ምትሓዝ፤ ምኽንያቱ ልዑል አላህ ነዚአን ኩቱባት ምሃቡ ሽሻይ ስለዝኾነ ተኸናኪንካ ምትሓዝ ግድን እዩ።

**ንፍልጠቱ** ዘሎ መሰል: ኩልሻብ ብመሰረትን ብክንክንን ብክለሳን ምሕላው፣ ብኡ ምስራሕ፣ ምኽንያቱ ዝፈለጠ ሰብ ምስራሕ ግቡኡ ስለዝኾነ። ድሕሬኡ ናብቲ ዝፈለጦ ፃውዒት ይገብር፤ ምኽንያቱ ሽሻይ ከምምኺኑ እዚ ሽሻይ ድማ ሹክሪ የድልዮ እዩ።

(2) ካብ ስርዓታት ሕቶ ይጠቅም `ዩ ረብሓ አለዎ ተባሂሉ ትፅቢት ንዝግበረሉ ሕቶ ምቅራብ

(3) ዒልሚ ደላይ ዝኾነ ሰብ ፅባቀኡ ምሕላይ።

(4) ድሕሪ ሞት ነብዩ ﷺ "አላህን ልኡኹን ዝበለፀ ይፈልጡ" አይበሃልን። "አላሁ አዕለም" ወይ "ብዝበለፀ አላህ ይፈልጥ" እዩ ዝበሃል።

**ሳልሳይ መሰረት:** ነብይኹም ሙሓመድ ﷺ ምፍላጥ።

ንሱ: **ሙሓመድ** ኢብኑ **ዓብዲላህ** ብኒ **ዓብዱል ሙጦሊብ** ብኒ **ሃሽም**፤ ሃሺም ካብ ዓሌት ቁረይሽ እንትኾውን ቁረይሽ ድማ ካብ ዓረብ፤ ዓረብ ኸዓ ካብ ደቂ ኢስማዒል ወድ ኢብራሂም አልኸሊል እዩ። አብኦምን አብ ነብይናን ብሉፅ ዝኾነ ሰለዋትን ሰላምን ይኹን
ዕድመኦም ሱሳን ሰለስተን ዓመት ነይሮም። ካብዚ ኸዓ እቲ አርበዓ ቅድሚ ነብይ ምኧኖም እቲ ዒስራን ሰለስተን ድማ ነብይን ረሱልን ኮይኖም እዮ።

“ኢቅራእ” ብዝብል ሱራ ነብይ ኮይኖም ብሱረቱ “አል-ሙዘሚል” ድማ ረሱል ኮይኖም።

ዓዶም “መካ” እንትኾውን ሂጅራ ገይሮም ናብ “መዲና” ተጓዓዙ።

እዚ ዓንቀፅ ብዛዕባ ታሪኽ ነብዩ ﷺ ሕፅር አቢላ ትገልፅ፤ ሽሞም ዘርኦምን ዕድመኦምን ንኡስ ድማ ብዛዕባ ዳዕዋኦም `ውን ትሕብር።

**ብዛዕባ ነብዩ ﷺ ሓደሓደ ነገራት ክንፈልጥ ሀድን እዩ፤ ካብዚኦም ድማ፡**

| ሽሞምን ዘርኦምን: | ዕድመኦም: |
|---|---|
| ሙሓመድ ኢብኑ ዓብዲላህ ብኒ ዓብዱል ሙጦሊብ ብኒ ሃሽም፤ ሃሺም ካብ ዓሌት ቁረይሽ እንትኾውን ቁረይሽ ድማ ካብ ዓረብ፤ ዓረብ ኸዓ ካብ ደቂ ኢስማዒል ወድ ኢብራሂም አልኸሊል እዩ። ሶለላሁ ዓለይህም ወሰለም | ዕድመኦም ሱሳን ሰለስተን ዓመት ነይሮም። ካብዚ ኸዓ እቲ አርበዓ ቅድሚ ነብይ ምኧኖም እቲ ዒስራን ሰለስተን ድማ ድሕሪ ምልአኾም |

**ፃንሒት ልኡኽነቶም ናብ ክልተ ይምቀል**

| ፃንሒት መካ: ንዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ዝፀነሐት | ፃንሒት መዲና: ንዓሰርተ ዓመታት ዝፀንሐት |
|---|---|

ነብይ (ጥራሕ) ዶ? ወይለ ረሱል `ውን?

ነብይን ረሱልን እዮም። ብ“ኢቅራእ”ነብይ ኾኑ`ሞ ዳሕራይ ብ ሱረቱ ል ሙደሂር ረሱል ኾይኖም።

## ካብ ናቶም ﷺ ታሪኽ ቅንጣብ

አብ እዋን ፃንሒት መካ ትሕዝቶ ዳዕዋ ብዛዕባ ተውሒድን ካብ ሽርኪ ተጠንቂቕካ ዒባዳ ንአላህ ጥራይ አብ ምግባርን ጠመተ ዝገበረ እዩ ነይሩ። ብዚ ዳዕዋ `ዚ ንዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ፀንሑ።

ድሕሬኡ ናብ መዲና ሂጅራ ንኽገብሩ ተአዘዙ። እቲ ዳዕዋ ብአንፃር ትእዛዝ ኻልኦት ዒባዳታት፣ ማሕበራዊ መነባብሮን ኩነታት ሓያትን ሕጅ `ውን ምውራድ ኩነታት ዳዕዋ ብተውሒድ ቀፂሉ እዩ ዘሎ።

ይኹን ደአ`ምበር ታሪኽ ዳዕዋ ነብዩ ﷺ ንዝረአየ ሰብ ናብ ተውሒድ ዳዕዋ ምግባር ነብዩ ﷺ ክሳብ ሞቶም ዝቀፀለ ኾይኑ እዩ ዝረኽቦ። አብዚአ ድማ ንሰባት ተውሒድ ካብ ምምሃር ዝንጉዓት ንዝገብሩን "ተውሒድ ንምምሃር ዝቁፀሩ ደቃይቅ ጥራይ ይአኽሎ እዩ" ንዝብሉን ብሩህ ዝኾነን ወጋሕ ዝበለን ግብረ መልሲ (ረድ) ይህቦም።

አላህ ካብ ሽርኪ ከጠንቅቑን ናብ ተውሒድ ፃውዒት ንኽገብሩን እዩ ልኢኹዎም። መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: «{አንታ (ዓለባኻ) ተጎልባቢ! ① ተስእ አጠንቅቕ። ② ንጎይታኻ አኽብር ③ ኽዳንካ አፅርይ። ④ ጧቑት ርሓቕ። ⑤ ዝያዳ ደሊኻ አይትሃብ። ⑥ ንጎይታኻ ተዓገስ። (7)» (አል-ሙደሢር 1-7)

**(ተስእ አጠንቅቕ።)** ማለት ካብ ሽርኪ ንከጠንቅቑን ናብ ተውሒድ ንኽፅውዑን ማለት እዩ።

**(ንጎይታኻ አኽብር)** ብተውሒድ አዕብዮ ኢኻ።

**(ኽዳንካ አፅርይ።)** ስራሕኻ ካብ ሽርኪ ዝፀረየ ይኹን

**(ጧቑት ርሓቕ።)** ጧቑት ንኽርሕቕ ማለት ምግዳፉን ካብ ሽርኪን ሰባት ሽርኪን ምፅራይ ማለት እዩ። ብኽምዚ ናብ ተውሒድ ፃውዒት እናገበሩ ንዓሰርተ ዓመታት ፀንሑ። ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት ድማ ናብ ሰማይ ከይዶም ሓሙሽተ እዋን ሶላት ተሓንፀፀ፤ ሰለስተ ዓመታት መካ ምስሰገዱ ናብ መዲና ንኽገይሹ ተአዘዙ።

"ናብ ሰማይ ከይዶም" ምስ ዝብል ቃል ብዝተራኸበ ዝስዕቡ ነጥቢታት ንጥቀም

**(1)** ነብዩ ﷺ ብዛዕባ ቀይቢ(ብስምዒታ ህዋሳት ዘይብፃሕ) ብዝተዛረቡዎ ኩሉ አሚንና፣ ሓቂ ኢልና ተቀቢልና አእዳውና አእጋርናን ሂብና አለና። ንብል

**(2)** ናይ ሓሙሽተ ግቡእ ሶላት አገዳስነት፤ ምኽንያቱ አላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ግቡእ ገይሩ ዝሓንፀፃ አብ ሰማይ ስለዝኾነ።

ሂጅራ ማለት ዓዲ ሽርኪ ገዲፍካ ናብ ዓዲ ተውሒድ ምኻድ ማለት እዩ። ካብ ዓዲ ሽርኪ ናብ ዓዲ ተውሒድ ሂጅራ ምግባር ኣብዚ ኡማ (ህዝቢ) ግቡእ እዩ። ክሳብ ጠጠው ምባል እታ ሰዓት ድማ ዝቅፅል እዩ።
መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: «እቶም (ንኢማኖም ብዘይምስዳዶም) ነፍሳቶም ዝዓመፁ ኮይኖም መልኣካት ዝቀተሎዎም (መልኣካት ንዐኦም) «ኣብ ምንታይ ኔርኩም» በሉዎም።«ኣብ ምድሪ ድኹማት ኢና ኔርና» በሉ። «ምድሪ ረቢ ገፊሕ ዶ ኣይነበረትናʾያ ምእንታን ክትስደዱ?» በሉዎም። እዚኦም መምለሲኦም ጀሃነም እያ፤ ሕማቅ መምለሲት ድማ እያ! (97) ብዜካ እቶም ካብ ኣወዳትን ኣንስትን ካብ ቆልዑትን ኮይኖም (መውፅኢ) ሜላ ዘይኽእሉን መንገዲ ዘይምርሑን ድኹማት (መቅፃዕቲ የብሎምን) (98) እዚኦም ኣላህ ይቅረ ኽብለሎም ይኽእል። ኣላህ ድማ ይቅር በሃልን ዝሓዝንን እዩ።(99)» (ኣን-ኒሳእ 97-99).
ዝስዕብ ቃሉ ʾውን «ኦ ኣንቱም ዝኣመንኹም ባሮተይ! ምድረይ ገፊሕ እያ፤ (እንተተወፂዕኩም ተሰደዱ)። ንበይነይ ድማ ተገዝኡ።» (ኣል-ዓንከቡት 29:56) ረቢ ይርሓመሉ ኣልበቐውይ ኽምዚ ይብል: ናይዚ ዓንቀፅ ምውራድ ምኽንያት ኣብ መካ ዝነበሩ ሒጅራ ዘይወፁ ሰባት እዩ። ኣላህ ድማ ብሽም ኢማን እዩ ፀዊዑዎም።
ንሂጅራ ካብ ሓዲሥ መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልኡኽ ኣላህ ﷺ እዩ: **"ሂጅራ ኣይትቋረፅን ክሳብ ተውባ ትቋረፅ፤ ተውባ ድማ ኣይትቋረፅን ፀሓይ ብምዕራብ ክሳብ ትበርቕ።"** (ኣቡ ዳውድ)

**ሂጅራ ናብ ሰለስተ ይምቀል:**

| | | |
|---|---|---|
| ካብ ዓዲ ኩፍሪ ናብ ዓዲ ኢስላም ሂጅራ ምግባር፤ ዘለዎ ኢስላማዊ ፍርዲ ግቡእ እዩ። | ካብ መካ ናብ መዲና ዝግበር ሂጅራ፤ እዚኣ ብምኽንያት ምፍታሕ መካ ዝተቋረፀት እያ። | ረቢ ንኽንገድፎ ግቡእ ዝገበሮ ኩሉ ሂጅራ ምግባር /ምግዳፍ፤ ካብ ስራሕ፣ ሰራሓይ፣ እዋን ይኹን ቦታ። |

- ስራሕ: ኣላህ ዓዘ ወጀል ዝኸልከሎ ኩሉ፤ ልዕሊ ኹሉ ድማ ሽርኪ። ሰራሓይ: ካፊራትን ሙናፊቃትን ኽምኡ ʾውን ኻልኦት። ግዜ: ካፊራት ከም በዓል ገይሮም ዝሕዙዎም ግዜያት። ቦታ: ካፊራት ከምበዓል ገይሮም ዘሕልፉሎም ፍሉይ ቦታታት።

**ምቁራፅ ተውባ ካብ ኽልቴኡ ብሓደ እዩ:**

(1) ፀሓይ ብምዕራብ ክትበርቕ ከላ

(2) ወይ ኸዓ ኣብ ደገኣፍ ሞት እንትኸውን: {ምቅባል ጣዕሳ (ተውባ) ነቶም ሓጢኣት ዝሰርሑን ሓዲኦም ሞት ኣብ ዝመፀሉ እዋን «ኣነ ሕጅ ተጣዒሰ» ንዝብልን ነቶም ንሳቶም ጠላማት ኮይኖም ንዝሞቱን ኣይኾነትን። እቶም ንዐኦም ዝቅንዝው መቅፃዕቲ ኣዳሊዉና ኣለና።}

**ናይ ነብይ ﷺ "ከ(መካ) መከፈት በኃላ ሂጅራ የለም።"** ምባል ካብመካ ናብ መዲና ንዝግበር ማለት እዩ። ኣብዚኣ ነብዩ ﷺ ብተወሳኺ ዝሕብሩና ነገር: "መካ" ኽልትኛ ዓዲ ኩፍሪ ከምዘይትኸውን እዩ።

ድሕሪ አብ መዲና ህድእ ምባሎም ብዝተረፉ ሕግታት ዲነል ኢስላም ተአዘዙ፤ ከም ዘካ (1) ፣ ፆም፣ ሓጅ፣ ጅሀድ፣ አዛን፣ ብሰናይ ምእዛዝ ካብ ሕማቅ ምኽንልካልን ኻልኦት ትእዛዛት ኢስላምን ተአዚዞም።
ብኽምዚ ዓሰርታ ዓመታት ሓሊፎም፤ ድሕሬኡ ሞይቶም ሶለዋትን ሰላምን አላህ አብ ልዕሌኦም ይኹን። (2)
እቲ ዲን ናቶም ተሪፉ፤ እዚ ድማ እዩ ናቶም ዲን። ዋላ ሓንቲ ፅቡቕ ነገር የላን ህዝቦም ዝአዘዙ እንተኾኑ `ምበር፤ ዋላ ሓንቲ ሕማቅ `ውን የላን ካብአ ዘጠንቀቁ እንተኾኑ `ምበር።
እቲ ንሶም ዝሓበሩዎ ፅቡቅ ተውሒድን ኻልኦት ረቢ ዝፈትዎምን ዝሕጎሰሎምን ስራሕቲ ኩሎም።
እቲ ንሶም ዘጠንቀቑዎ ሕማቅ ነገር ሽርኪን ኻልኦት ረቢ ዝፀልኦን ዝአብዮን ስራሕቲ ኩሉ።(3)

(1) ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ኢብኑ ዑሠይሚን ከምዝስዕብ ኢሎም አለው "ዘካ መጀመርታ አብ መካ እያ ተሓንፂፃ ነይራ፤ ይኹን ደአ`ምበር ልክዕ ኒሷብ(ናይ ዘካ ግቡእ መውፅኢ ትሑት ወሰን) ይኹን ናይቲ ግቡእ ልክዕ አይተገበረሉን ነይሩ። ድሕሪ መዲና ግን ኒሷብ ተገይሩሉ እቲ ግቡእ `ውን ብልክዕ ተገበረ።"

(2) ነብዩ ﷺ ድሕሪ ሂጅራ ብዓሽራይ ዓመት ሞይቶም አብ እንዳዓኢሻ (ረድየሏሁ ዓንሃ) ተቀበሩ።

(3) ዝኾነ ዓይነት ፅቡቅ የለን ንህዝቦም ዘማላኸቱ እንተኾኑ `ምበር፤ ሕማቅ `ውን የለን ካብኡ ዘጠንቀቁ እንተኾኑ `ምበር። ዝተውሃቦም ሓደራን መልእኽቲን ከምከምዘብፅሑ፣ ንህዝቦም ድማ ብዝግባእ ከምዝመዓዱ፣ ብመንገዲ አላህ `ውን ናይ ብሓቂ ከምዝተቃለሱ፣ ብዜካ ጥፋእ ዝበሎ ብዘይጋገየሉ መንገዲ ፃዕዳ ዝኾነ መርትዖ ከምዝገደፉና ንምስክር ግድን እዩ።

### ዓይነታ ከቢድ ኽልኩላት

**ዓብይ ሽርኪ**: ካብ መንገዲ (ኢስላም) የውፅእ

**ንኡስ ሽርኪ**: ካብ መንገዲ (ኢስላም) አየውፅእን

**ዓይነታት ከቢድ ሓጢአት**: ፈልዩ መቅፃዕቲ ዝመፀሉ ኩሉ

**ዓይነታት ንዑኡስ ሓጢአት**: ፈልዩ መቅፃዕቲ ዘይመፀሉ ኽልኩል ነገር ኩሉ

አላህ ዓዘ ወጀል ንመላእ ወድ ሰብ እዩ ልኡኹዎም፤ ብክልቲኦን ሓያላት ወድሰብን ጋኔናትን ኩሎም ድማ ንኽምእዘዙዎ ግቡእ ገበረ።
መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{(አንታ ሙሓመድ!) በሎም ኢኻ:- «ኦ አንቱም ሰባት! አነ ናብ ኩላትኩም (ዝተለአኽኩ) ልኡኽ አላህ እየ።}** (አል-አዕራፍ 158) (1)
አላህ `ውን ብኡ እዩ ነቲ ዲን ዘማልኦ: መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{…ሎሚ ንዓኻትኩም ሃይማኖትኩም መሊአልኩም። ኒዕማይ `ውን ብአኻትኩም ፈፂመ። ኢስላም ድማ ካብ ሃይማኖት ፈትየልኩም።…}**(አል-ማኢዳህ 3) (3)
ንምሟት ነብዩ ﷺ መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{ንስኻ ትመውት ኢኻ፤ ንሳቶም `ውን ዝሞቱ እዮም። (30) ካብኡ ንስኻትኩም ድማ አብ መዓልቲ ቒያማ ቅድሚ ረብኹም ትካትዑ ኢኹም።}** (አዝ-ዙመር 30-31)

(1) ነብዩ ﷺ ናብ መላእ ወድ ሰብ ተላኢኹ። በዚ ድማ ቅድሚኡ ዝነበሩ ሕግታትን ደንብታትን ተሰዓሩ። አይሁድ ይኹን ወይለ ኽስታናይ አብ እዋን ነብዩ ﷺ ወይድማ ሕጅ አብ ዘለናሉ እዋን ፃውዒት ነብዩና ﷺ(ኢስላም) በፂሑዎም ናብቲ ሃይማኖት እንተዘይአቲዎም ካፊራት እዮም። ዋላ ከም ናይ ሙሰን ዒሳን ሃይማኖታዊ መንነት እንተነይሮም እኳ፤ ካብ መርትዖታቱ ድማ፡

(1) ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ: **«<ኦ አቱም ሰባት መፅሓፍ! አብ ሞንጎ ንሕናን ንስኻትኩምን ናብ ዘላ ሞንጎኛ ቃል ምፁ። (እዚ ኸዓ) ብዜካ አላህ ንኽይንግዛእ፣ ብኡ ሽርካ ንኽይንገብረሉ፣…> በሎም…»** (አሊ-ዒምራን 64) **(1)**

(2) ዝስዕብ ቃል `ውን፡ **{ካብቶም መፅሓፍ ዝተውሃቡ ሰባት ነቶም ብአላህን ብመወዳእታ መዓልቲን ንዘይአመኑ፣ አላህን ልኡኹን ሓራም ንዝገበሩዎ ድማ ሓራም ንዘይገብሩ… ተቃለሱዎም}** (ተውባ 29)

(3) ቃል ነብዩ ﷺ `ውን "ነፍሰይ ብኢዱ ብዝኾነት ጎይታ ይምሕል፤ ዝኾነ አይሁድ ወይ ድማ ኽስታናይ ብዛዕባይ አይሰምዕን ካኡ ኸዓ ብአየ ዘይአመነ አይተርፍን ካብ ሰባት ሓዊ እንተኾነ `ምበር።"

2. እዛ ቃል አላህ ንካፊራት "ረድ"/መልሲ አለዋ።

# ሓምሻይ: መዛዘሚ

(1) ብዘየጠራጥር ኲሉ ሰብ ንሞት ይጥዕማ እዩ። ነቲ ዓብይ መዓልቲ `ውን ዝትስኡ እዮም። ንሱ ኸዓ ዕለት ትንሳኤ እዩ። ሽው ኲሉ በብስርሑ ይተሓሳሰብን ይፍደይን።

(2) ድሕሪ ሞት ብዘሎ ምጸእን ምትሕስሳብን ዝኸሓደ ጠሊሙ ካፊር ኾይኑ እዩ። ምኽንያቱ ካብ ዓንዲታት ኢማን ሓደ ብዝኾነ ዓንዲ ኢማን ስለዝኸሓደ።

(3) ኑሕ ዓለይሂ ሰላም ፈላማይ ልኡኽ አላህ እዩ። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{ንሕና ናባኻ መልእኽትና አሕሊፍና ከምቲ ናብ ኑሕን ድሕሬኡ ናብ ዝነበሩ ነብያትን ኸም ዘመሓላለፍና።...}** (አን-ኒሳእ 163)

ናይ ነብያት መጀምርታ ኸዓ አደም እዮም። መርትዖኡ ድማ «ነብዩ ﷺ ብዛዕባ ናይ አደም ነብይ ምኧን ተሓቲቶም **"እወ! ረቢ ዘዛረቦ ነብይ እዩ።"** ኢሎም አለው»

መዛዘሚ ነብያትን ልኡኻትን ድማ ሙሓመድ ﷺ እዮም። መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{ሙሐመድ ካብ አወዳትኹም አቦ ሓደኹም አይኮነን የአንድም ሰው አባት አይደለም። ግን ልኡኽ አላህን መዛዘሚ ነብያትን እዩ።...}** (አል-አሕዛብ **40**)

ድሕሪ ነብዩና ﷺ ነብይ ወይ ልኡኽ አላህ እየ ዝበለ ሓሳውን ካፊርን እዩ። ንዚ ፃውዒቱ ዝተቀበለ `ውን ኸምኡ ጠላም እዩ።

ደቅ ሰባት ድሕሪ ሞቶም ይትስኡ፤ መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{ካብአ (ካብ ምድሪ) ፈጢርናኩም። ናብ ውሽጣ ንመልሰኩም። ብኻሊእ እዋን ድማ ካብአ ነውፅአኩም።}** (ጧሀ 55)

ኸምኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ **{አላህ እዩ ካብ ምድሪ ምቡቋል ዘብቆለኩም። (17) ካብኡ ናብ ውሽጣ ይመልልሰኩም፤ ምውፃእ ድማ የውፅአኩም።}** (18) (ኑሕ 17-18)

ድሕሪ ምትሳእ ብስራሕቶም ሒሳብ ዝግበሩን ዝፍደዩን እዮም። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{አብ ሰማያትን ምድሪን ዘሎ አላህ እዩ። ነቶም ዘጥፍኡ ብስርሖም ነቶም ሰናይ ዝሰርሑ ድማ ብሰናይ(ጀነት) ኽፈድዮም}**(አን-ነጅም 31) (1)

ካብ ሞት ብምትሳእ ዝኸሓደ (ብኢስላም) ኽሒዱ (ካፊር ኾይኑ) እዩ። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{እቶም ዝኸሓዱ (ካብ ሞቶም) ከምዘይትስኡ ይሓስቡ አለው። «ብጎይታይ ይኹነኒ ብርግፀ ትትስኡ ኢኹም፤ ካብኡ ብዝሰራሕኩም ኲሉ ትሕበሩ። እዚ ኸዓ ንረቢ ቀሊል እዩ።» በሎም።}** (አት-ተጋቡን 7) (2)

አላህ ንኩሎም ልኡኻቱ ምስ ብስራትን መጠንቀቅታን እዩ ልኢኹዎም፤ መርትዖኡ `ውን ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{... ዘብስሩን ዘጠንቅቁን ልኡኻት(ልኢኽና)...}** (አል-ኒሳእ 165)

መጀምርታኦም ኑሕ ዓለይሂ ሰላም እንትኸውን መወዳእትኦም ድማ ሙሓመድ ﷺ እዩ። መዛዘሚ ነብያት `ውን ንሱ እዩ።

መጀመርታኦም ኑሕ ዓለይሂ ሰላም ንምኧኑ መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{ንሕና ናባኻ መልእኽትና አሕሊፍና ከምቲ ናብ ኑሕን ድሕሬኡ ናብ ዝነበሩ ነብያትን ኸም ዘመሓላለፍና።...}** (አን-ኒሳእ 163) (3)

ኣብ ኩሎም ባሮታቱ ድማ ብጧቑት ምኽሓድን ብኣላህ ምእማንን ግቡእ ገይሩ። ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑል ቀይም ኸምዚ ይብሉ: "ጧቑት" ማለት ዝኾነ ባርያ ብዝገብሮ መግዛእቲ ይኹን ብሰዓብነቱ ወይድማ ብተኣዛዝነቱ ልክዑ ዝሓለፈሉ ማለት እዩ።

ካብ ኑሕ ጀሚርካ ክሳብ ሙሓመድ ንኹሎም ህዝብታት ነቲ ብሕታዊ ዝኾነ ጎይታ ንከምልኹ ዝእዝዞምን ካብ መግዛእቲ ጧቑት ዝኽልክሎምን ልኡኽ ተላኢኹ እዩ።

መርትያኡ ኸዓ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: {ብርግፅ ናብ ኩሎም ህዝብታት «ንኣላህ ተገዝኡ፤ ጧቑት ርሓቁ» ዝብል ልኡኽ ልኢኽና ኢና።...} (ኣል-ነሕል 36)

ጧቑት ብዙሕ (ዓይነት) እዩ። እተን ዓበይቲ ግን ሓሙሽተ እዮም። ረቢ ዝረገሞ ኢብሊስ፣ እናፈተወ ዝተመለኸ፣ ሰባት ንከምልኹዎ ፃውዒት ዝገበረ፣ ፍልጠት ቀይቢ(ብስምዒት ህዋስት ዘይርከብ ፍልጠት) ይፈልጥ እየ ዝበለን ብዜካ ረቢ ዘውረዶ ሕጊ ዝፈረደን እዮም።

መርትያኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: {ብሃይማኖት ምግዳድ የለን፤ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ካብቲ ግጉይ መንገዲ ብዕሊ ብሩህ ተገይሩ እዩ። ብጧቑት ዝኽሓደን ብኣላህ ዝኣመነን ሰብ... ጥንኩር ገመድ ሒዙ እዩ።...} (ኣል-በቀራህ 256)

እዚ ድማ እዩ ትርጉም ላኢላሀ ኢለሏህ፤ ብሓዲሥ `ውን "**ራእሲ ዋኒናት ኢስላም እዩ፤ እቲ ዓንዱ ሶላት፤ ልዑል ደረጃኡ ኸዓ ብመንገዲ ረቢ ምቅላስ እዩ።**"

ረቢ ልኡኻትን ነብያትን ምስ ብስራትን መጠንቀቅታን ገይሩ እዩ ልኢኹዎም። በቲ ናብ ተውሒድ ረቢ ብዝግበር ፃውዒትን ንጧቑትን ሽርክን ምስዓይነታቱ ንዝግበር ቃልሲን ሓድነት ኣለዎም። መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: **{ብርግፅ ናብ ኩሎም ህዝብታት... ልኡኽ ልኢኽና ኢና። ...}** (ኣል-ነሕል 36) ናብ ሕድሕድ ህዝቢ ማለት እዩ። **{...أَنِ اعْبُدُوا اللَّهَ } {«ንኣላህ ተገዝኡ፤... ዝብል}** ማለት ብሕታውነት ኣላህ ኣረጋግፁ። **{وَاجْتَنِبُوا الطَّاغُوتَ...}[النحل: ٣٦] {...ጧቑት ርሓቁ»}** ማለት ንጧቑታት ብሓደ መሳ ገይርኩም ንባዕልኹም ብኻሊእ መሳ ኩኑ። እዚ ካብ መጠንቀቅታን ካብኦም ብምርሓቅን ዝለዓለን ካብ ሽርክን ሰባቱ ዝፀረይኻ ናይ ም኿ንካ ምርግጋፅ ውፅኢት `ውን እዩ።

ኣላህ ኣብ ኩሎም ባሮቱ ብጧቑት ምኽሓድን ብኣላህ ምእማንን ግቡኦም ገይሩዎ። ቅድሚ ብኣላህ ምእማንካ ብጧቑት ምኽሓድ ግድን እዩ። **«...ብጧቑት ዝኽሓደን ብኣላህ ዝኣመነን ሰብ...»** (ኣልበቀራ 256)

**ጧቑት:** ኽበሃል ከሎ ዝኾነ ባርያ ልክዑ ዝሓለፈሉ ማለት እዩ። ብመግዛእቲ (ከም ኣእማንን ኣእዋምን ዘምልኹ) ፣ ብሰዓብነት (ሕማቅ ፈላጣት ከም ምስዓብ) ፣ ወይ ብተኣዛዝነት (ካብ መንገዲ ረቢ ንዘውፅእ ትእዛዝ ተኣዛዚ ከምም኿ን) ዘበለ።

ጧቑታት ብዙሕ (ዓይነት) ኣለዎም። እቶም ዓበይቲ ግን ሓሙሽተ እዮም። ረቢ ዝረገሞ [ሸይኽ ዝረግሙዎ ዘለው ከምዝፀውዩ ገይሮም እዩ] ኢብሊስ፣ እናፈተወ ዝተመለኸ፣ ሰባት ንከምልኹዎ ፃውዒት ዝገበረ፣ ፍልጠት ቀይቢ (ብስምዒት ህዋስት ዘይርከብ ፍልጠት) ይፈልጥ እየ ዝበለን ብዜካ ረቢ ዘውረዶ ሕጊ ዝፈረደን እዮም።

**ብዜካ ረቢ ዘውረዶ ሕጊ ምፍራድ ማለት፡**

**ዓብይ ኩፍሪ**

“ናይ ወድሰባት ሕጊ `ውን ከም ሕጊ ኣላህ እዩ” ወይለ “ካብኡ ንላዕሊ እዩ” ኢሉ ዝአምን እንተኾይኑ

**ንኡስ ኩፍሪ**

”እወ! ብዜካ ኣላህ ዘውረዶ ሕጊ ምፍራድ ውዳቅ እዩ” ምስዝብል እምነቱ ግን ብስምዒቱ ተሃሲሉ፣ ወይ ብፍቅሪ ስልጣን፣ ወይ ድማ ብኸምዚ ዘበሉ ኻልኦት ምኽንያታት እንተኾይኑ።

**ረቢ ይርሓመሎም ኢማም ኢብኑል ቀይም ንጅሃድ ናብ ኣርባዕተ ይመቅሉዎ**

**ነፍስያኻ ምቅላስ:**

ብዒልሚ፣ በስራሕ፣ ብዳዕዋ (ፃውዒት) ብምግባርን ብሰብረን ዝኸውን እዩ።

**ንሸይጧን ምቅላስ:**

መደናገርታትን (ሽርክን ቢድዓን) ስምዒታውነትን (ዓበይቲን ኣናእሽቲን) ብምግዳፍ።

**ካፊራትን ሙናፊቃትን ምቅላስ:**

ብልቢ፣ ብቃል፣ ብገንዘብን ብነፍሲን ዝኸውን እዩ።

**በዓል ዓመፅ፣ ቢድዓን ዉጉዝ ነገራትን ምቅላስ**

ብልቢ፣ ብቃል፣ ብገንዘብን ብነፍሲ የሚሆን ዝኸውን እዩ።

**መዘዘሚ**

ጥዑይ ኣእሙሮ ዘለዎ ሰብ ኩሉ ነዚ ንኹሉ ሰብ ኣብ ቀብሩ ዘድልይዎ ዝኾኑ ሕቶታት ዝሓዘ ዓብይ ፅሕፈት ብኣንፃር ዝሓዞ መልእኽቲ ብዝግባእ ፍሉይ ጠመተ ኽገብረሉን ከስተብህሎን ይግባእ።

ነዚ ይመስል፤ ብዝበለፀ ረቢ ይፈልጥ፤ ሶለዋትን ሰላምን ኣላህ ኣብ (ነብዩና) ሙሓመድ፣ ስድራኦምን ብፆቶምን ይኹን

<table>
<tr><td rowspan="8">ሰለስቲኣን መሰረታት (ሕፅር ብዝበለ ሕቶታት ቀብሪ)ን መርትዖኦም፡ ንምንታይ ኢና ተውሒድ ንመሃር? ሰለስቲኣን መሰረታት ንምንታይ ንምሃር? ካብ ምምሃርና ንረኽቦ ረብሓ?</td><td rowspan="6">ኣርባዕተኣን ቁምነገራትን መርትዖታቶምን (ሱረቱል ዓስር)</td><td>ፍልጠት</td><td>ንረቢ ምፍላጥ፣ ንነብዩ ﷺ ምፍላጥን ዲነል ኢስላም ብመርትዖ ምፍላጥን እዩ።<br>(ሰለስቲኦም መሰረታት ማለት እዩ)</td></tr>
<tr><td>ብኡ ምስራሕ</td><td>“ፍልጠት ንስራሕ ፃውዒት ይገብረሉ፤ እንተመሊሱሉ (ይቅፀል) እንተዘይኾይኑ ግን ይገድፎ።”<br>ፈላጥ ኾይኑ ዘይሰርሕ ብፍልጠቱ<br>ቅድሚ ባሮት ጣዖት እዩ መቕፃዕቱ</td></tr>
<tr><td rowspan="2">ናብኡ ፃውዒት ምግባር</td><td>ቅድመ ኩነታት ዳዕዋ: ግርማ ረቢ ጥራይ ምድላይ፡ ሸሪዓዊ ፍልጠት ዘለካ ምኳን፡ ዳዕዋ ናይ ዝግበረሉ ሰብ ኩነታቱ ምፍላጥ፡ ምስ ጥበብ ክከውንን ት ሰብሪን።</td></tr>
<tr><td>ቅድሚ ኹሉ ዳዕዋ ዝግበረሉ ዋኒን ተውሒድ እዩ፡ ናይ ነብያትን ልኡኻትን አካይዳ `ውን ኸምዚ እዩ ነይሩ።<br>ዓብይ ብርኪ ዳዕዋ ናብ ተውሒድ ምፅዋዕን ካብ ሽርኪ ምጥንቃቅን እዩ።</td></tr>
<tr><td rowspan="2">ንዘጓንፍ ማሕለኻ ሰብሪ ምግባር</td><td>ንአላህ ብዘለካ ተአዛዝነት ሰብሪ ምግባር (ከም ሶላት ዘበለ)፡ ንአላህ ካብ ምእባይ ሰብሪ ምግባር (ከምወለድ)፡ ኸምኡ `ውን ብቀደር አላህ (ከም ድኽነት ዘበለ)።</td></tr>
<tr><td>ማለት፡ አብ ፍልጠት ሰብሪ ምግባር፡ ካብኡ አብ ስርሑ፡ ካብኡ አብ ዳዕዋ</td></tr>
<tr><td rowspan="3">ሰለስቲኣን ነጥቢታት</td><td colspan="2">ተውሒደ ሩቡቢያን (ብናይ ጎይታ መንነቱ ዘለዎ ብሕታውነት) {ብጎይታዊ መንነቱ ብሕታዊ ዝተገበረ ብመንነት አምላክ ውን ብሕታዊ ኽግበር አለዎ} ብሽምን ባህሪያቱን ዘለዎ ሓድነቱን</td></tr>
<tr><td colspan="2">ብመግዛእቲ ሓድነቱ (ኢኽላስ)፡ አላህ ብዒብዳ ዋላ ሓደ መሻርኽቲ ኽግበረሉ አይፈቱን፡ ዋላ ቀሪብ መላኢካ ወይ ነብይ ውን እንተኾነ</td></tr>
<tr><td colspan="2">ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዝፀረኻ ምኳን፡ ብልቢ (ንካፊራት ምፅላእ)፡ ብቃል (አነ ካብቲ ትግዝኡዎ ኹሉ ዝፀረኹ እየ)፡ ኸምኡ `ውን ብግብርኻ (ብበዓላቶምን ስነስርዓቶምን ብዘይምእዳምን ንዐኦም ብዘይምምሳልን)</td></tr>
</table>

| ሰለስቲኣን መሰረታት (ሕፀር ብዝበለ ሕቶታት ቀብሪ)ን መርትዖኦም፡ ንምንታይ ኢና ተውሒድ ንመሃር? ሰለስቲኣን መሰረታት ንምንታይ ንምሃረን? ካብ ምምሃርና ንረኽቦ ረብሓ? | | |
|---|---|---|
| | ተውሒድ ናይ ምምሃር ረብሓ | (ሓኒፊያህ): ካብ ሽርኪ ዘጋደደትን ኣብ ተውሒድን ኢኽላስን ዝተሃነፀት መንገዲ |
| | | **ተውሒድ ከም ቋንቋ:** ኣመፅፅኣ እቲ ቃል ወሐደ፡ ዩወሒዱ ተውሒደን ካብ ዝብል ዝመፀ እንትኾውን ብሕታዊ ምግባር ዝሕብር እዩ<br>**ከምሸሪዓ**: ኣላህ ብዝፍለየሎም ጎይታ ብምኳኑ፣ ኣምላክ ብምኳኑን ብሽምን ባህርያቱን ንኣላህ ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ። ናብ ሰለስተ ድማ ይምቀል፡ |
| | | 1. **ተውሒዱ ሩቡቢያ**: ንኣላህ ብስራሕቱ ብሕታዊ ምግባር፡ ከምምፍጣርን ንጉስ ምኳኑን ምክያድ ኩነታት ዓለምን ዘበለ።<br>2. **ተውሒዱል ኡሉሂያህ**: ንኣላህ ብዒባዳ ብሕታዊ ምግባር<br>3. **ተውሒዱል ኣስማኢ ወሲፋት**: ኣላህ ንባዕሉ ብኺታቡ ወይ ድማ ብቃል ነብይ ﷺ ከምዝገለፀን ብዝፀወዖን ጌርካ ብሕታውነቱ ምርግጋፅ ማለት እዩ። እዚ `ውን ንባዕሉ ዝገለፀሉ ብምፅናዕን ካብ ባዕሉ ውጉዝ ንዝገበሮ ውጉዝ ብምግባርን (ከምታ ዝመፀት) ብዜካ ተሕሪፍ()፣ ተዕጢል(ውዳቅ ምግባር) ኸምኡ `ውን ብዘይ ገለ ኩነታት ምግላፅን ብዘይምምስሳልን እዩ። |
| | | ሽርኪ ኽበሃል ከሎ ምስ ኣላህ ጌርካ ንኻሊእ ምፅዋዕ ማለት እንትኾውን ኣብ ምድሪ ካብ ዝግበሩ ሓጢኣታት እቲ ሕማቅ እዩ። |
| | ሰለስቲኣን መሰረታት | (ካብ ዘይግበኦ ኩሉ) ዝፀረየ ጎይታ ኣላህ ምፍላጥ፡ ኽበሃል ከሎ ጎይታኻ መን እዩ? ንጎይታኻ ብምንታይ ፈሊጥካዮ? ጎይታ ማለት እቲ ዝግዝኡዎ እዩ። ዓይነታት መግዛእቲ፡ ካብ ዓይነታት ዒባዳ ዋላ ሓንቲ ንኻሊእ ዝሃበ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ? ምስ መርትዖኡ |
| | | ንዲነል ኢስላም ብመርትዖ ምፍላጥ፡ ማለት ፍታሕ ኢስላም፡ ብርኪታት ዲን፡ ዓንዲታት ኢስላም፡ ናይ ቃል ሸሃዳ ፍታሕ፡ ናይ ኢማን ዓንዲታትን ጨንፈራቱን፡ ኢሕሳን፡ ብርኪታት ዲን መርትዖኦም ኸምኡ ውን ምልክታት ናይ መወዳእታ መዓልቲ |
| | | ንረሱል ﷺ ምፍላጥ: ማለት ዓሌቶም፡ ዝተወለዱሉ ምፍላጥ፣ ዕድመኦም፣ ነብይን ረሱልን ምኳኖም፣ ዓዶም፣ ምኽንያት ምልኣኾም፣ ንዳዕዋ ተውሒድ ዳዕዋ ዘሕለፉዎ እዋን፣ ኢስራእን ሚዕራጅን፣ ሶላት መዓዝን ኣበይን ተሓንፂፃ? ሂጅራ ዘለዎ ፍርዲን እዋኑን፣ እቲ ኻሊእ ሕግታት መዓዝ ተሓንፂያም? እዋን ዳዕዋኦም፣ ሞቶም፣ ሒዞሞ ዝመፁዎ ዲን፣ ከምብሓፈሻ ንክልቲኣን ከቢዳት (ሰብን ጋኔንን) ከምዝተለኣኹ፣ ሙሉእ ምኳን እቲ ዲንን ኒዕማኡ ከምዝተማልአ ምፍላጥ ማለት እዩ። |

**ሰለስቲኣን መሰረታት (ሕፅር ብዝበለ ሕቶታት ቀብሪ)ን መርትዖኦም፡ ንምንታይ ኢና ተውሒድ ንመሃር? ሰለስቲኣን መሰረታት ንምንታይ ንምሃረን? ካብ ምምሃርና ንረኽቦ ረብሓ?**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ከም ብሓፈሻ | ድሕሪ ሞት ምትሳእን ብስራሕኻ ምትሕስሳብን፡ ብድሕሪ ሞት ምትሳእ ዝኸሓደ ካፊር ምኳኑ፣ ሓላፍነት ልኡኻትን ዳዕዋኦምን፣ ፈላማይን መዛዘሚን ልኡኻት፣ ክልቲኣን ኩርናዓት ተውሒድ ብጧቑት ምኽሓድን ብኣላህ ምእማንን፣ ፍታሕ ጠዋጊት፣ ርእሲታት ጠዋጊት፣ ብጠዋጊት ናይ ምኽሓድ ኩነታት፣ ትርጉም ላኢላሃ ኢለሏህ፣ ኢስላም ርእሲ ዲን ምኳኑ፣ ልዑል ደረጅኡ ጅሃድ ምኳኑ። | | | |
| ዓይነታት ምቕላስ | ነፍስያኻ ምቕላስ | ከምቲ ብሱረቱል ዓስሪ ዝተዘከረ ምቕላስ (ምፍላጥ፣ (ብዝፈለጡዎ) ምስራሕ፣ ናብኡ ፃውዒት ምግባር፣ ሰብሪ ምግባር) | | |
| ዓይነታት ምቕላስ | ንሸይጧን ምቕላስ | ስምዒት | ከበድቲ ሓጢኣታት (ፍሉይ መቅፃዕቲ ዝመፀሉ ኹሉ) | |
| ዓይነታት ምቕላስ | ንሸይጧን ምቕላስ | ስምዒት | ኣናእሽተ ሓጢኣታት (ፍሉይ መቅፃዕቲ ዘይመፀሉ ዉጉዝ ነገር ኹሉ) | |
| ዓይነታት ምቕላስ | ንሸይጧን ምቕላስ | መደናገርቲ | ዓብይ ሽርኪን (ካብ ኢስላም የውፅእ) ንኡስ ሽርኪ | |
| ዓይነታት ምቕላስ | ንሸይጧን ምቕላስ | መደናገርቲ | ቢዳዓታት (ዲነል ኢስላም ኣፍልጦ ዘይሃበሎም ነገራት) | |
| ዓይነታት ምቕላስ | ካፊራትን ሙናፊቃትን ምቕላስ | ብልቢ፣ ብቃል፣ ብኣካልን ገንዘብን ዝኸውን እዩ | | |
| ዓይነታት ምቕላስ | በዓል ዓመፅ፣ ቢዳዓን ዉጉዝ ነገራትን ምቕላስ | ብኢድ፣ ብቃልን ብልቢን ዝኸውን እዩ | | |
| ጧቑት | **ጧቑት:** ኽበሃል ከሎ ዝኾነ ባርያ ልክዑ ዝሓለፈሉ ማለት እዩ። ብመግዛእቲ (ከም ኣእማንን ኣእዋምን ዘምልኹ) ፣ ብሰዓብነት (ሕማቅ ፈላጣት ከም ምስዓብ) ፣ ወይ ብተኣዛዝነት (ካብ መንገዲ ረቢ ንዘውፅእ ትእዛዝ ተኣዛዚ ከምምኳን) ዘበለ። | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | | | ጧቑታት ብዙሕ (ዓይነት) አለዎም። እቶም ዓበይቲ ግን ሓሙሽተ እዮም። ረቢ ዝረኃሞ [ሸይኽ ዝረግሙዎ ዘለው ከምዝፀውዩ ገይሮም እዩ] ኢብሊስ፣ እናፈተወ ዝተመለኸ፣ ሰባት ንከምልኹዎ ፃውዒት ዝገበረ፣ ፍልጠት ቀይቢ (ብስምዒት ህዋስት ዘይርከብ ፍልጠት) ይፈልጥ እየ ዝበለን ብዜካ ረቢ ዘውረዶ ሕጊ ዝፈረደን እዮም። |

ብዝበለፀ ረቢ ይፈልጥ፤ ሶለዋትን ሰላምን አላህ አብ (ነብዩና) ሙሓመድ፣ ስድራኦምን ብፆቶምን ይኹን

# ፈተና ሰለስቲኣን መሰረታትን መርትዖኣን

ኣብ ውሽጢ ቅንፍ ካብ ዘለው ልክዕ ዝኾነ መልሲ ምረፅ

(1) ናይ ኡሱሉ ሠላሣ / ሰለስቲኣን መሰረታት ኪታብ ፀሓፋይ ሽም (ሙሓመድ ቢን ሱለይማን ኣትተሚሚይ ~ ሙሓመድ ቢን ዓብዱልወሃብ ~ እቶም ዝተዘከሩ ኩሎም)።

(2) ሰለስቲኣን መሰረታት ሕፀር ብዝበለ ኣገላልፃ ሕቶታት ቀብሪ ማለት እዩ? (ሓቂ – ሓሶት).

(3) ሸይኽ ኣብ ውሽጢ ኡሱሉ ሠላሣ ንዝቀርጾ ሰብ ዱዓ ዝገበሩሉ (ኣብ ክልተ ቦታታት – ኣብ ሰለስተ ቦታታት)

(4) ኪታብቲ ሸይኽ ዝፍለዩሉ (ብቀሊልነቱ – ከም ብሓፈሻ ድሕሪ ምዝካሮም ናብ ዝርዝር ብምእታዎም - መርትዖኦም ካብ ቁርኣንን ሓዲሥን ብምኳኑ – ንተምሃራይ ብዝገብሩዎ ዱዓእ – ንእዋናዊ መደናገሪታት ብዝህቡዎ ረድ(መልሲ) - ብብዝሓት መብርህርሂ – ኣገደስቲ ሕቶታት ብምልዓል ብዝህቡዎ መልሲ – ረቢ ብዝገበረላ ተቀባልነት – ኹሉ መልሲ እዩ)

(5) “ኣል ኡሱሉ ሠላሣህ” ሰለስቲኣን መሰረታት ዝብል ኪታብ ናብ 5ን 6ን ምዕራፍ መቂልና ምርኣይ ንኽእል። (ሓቂ – ሓሶት)

(6) ተውሒድ ምምሃር (ውልቃዊ ግቡእ/ፈርዱ ዓይን – ማሕበራዊ ግቡእ/ፈርዱ ኪፋያ)።

(7) ናይ ኣርባዕቲኣን ቁምነገራት መርትዖ (ሱረቱል ዓስር – ሱረቱል ኢኽላስ)

(8) ምስፍልጠቱ ዘይሰርሕ ዝማሳሰል (ምስኽስታናይ – ምስይሁዳት – ኩሉ መልሲ እዩ)

(9) ሰብሪ ናብ (ክልተ – ሰለስተ) ይምቀል

(10) ብዛዕባ ሱረቱል ዓስሪ ኢማም ሻፊዒይ ዝተዘረቡዎ መልእኽቱ: (“ሑጃ” ምግባር/ ንመርትዖ እኽልቲ እያ – ካብ ኻልኦት ሱራታት ትኣክል)።

(11) ካብ ዓይነታት ተውሒድ ሓደ ዝሓዘ ተውሒድ ሒዙሎ ኽበሃል ኣይኽእልን (ሓቂ – ሓሶት)

(12) ካብ ሽርኪን ሰባት ሽርኪን ዝፀረኻ ትኾውን ብ (ልቢ፣ ብቃልን ብግብሪን – ካብ ስርሑን ሰራሓይን ዝፀረኻ ብምኳን – ኩሉ መልሲ እዩ)

(13) "መሳጅድ ኩሉ ንኣላህ ጥራይ እዩ።" ኣብ ዝብል ቃል ኣላህ “... መሳጅድ ...” ብዝብል ዝተደለየ (ዝተሃነፁ መሳጅድ – ኣካላት ሱጁድ – ሱጁድ ዝግበረሎም ቦታታት - ኩሉ መልሲ እዩ።)

(14) አካይዳ ሰለፍ ዝኾነ: (ድሕሪ መርትዖ ምእማን – ድሕሪ ምእማን መርትዖ ምግባር)

(15) ካብ ዑለማታት ኢስላም ኮይኑ ካብ መንገዲ ዝጠፍአ ዝማሳሰል ምስ (ይሁዳት – ምስ ኽስታናይ)

(16) ካብ ዓቢዳት ሙስሊም ኮይኑ ካብ መንገዲ ዝጠፍአ ዝማሳሰል ምስ (ይሁዳት – ኽስታናይ)

(17) ሰለስቲአን ቋምነገራት ዝተብሃለ ንሰለስቲአን መሰረታት እዩ (ሓቂሓሶት)

(18) ዓይነታት ዱዓእ (ዱዓ መግዛእቲን ዱዓ ልማኖን – ብቀጥታ ዝኾነ ዱዓን ብተዘዋዋሪ ዝኾነ ዱዓን)

(19) ዓይነታት ዱዓ ልማኖ (ክልተ – አርባዕተ)

(20) ሰባት ብአንፃር ሰበብ ዓይነቶም (ክልተ ጫፍ ዘለዋን ሓደ ማእኸለዋይን – ዓብይ ሽርኪ ፣ ንኡስ ሽርኪን ፍቁድን)

(21) ንፉጡራት አብ እዋን ፀበባ ብፅሑለይ ኢልኻ ዱዓ ምግባር ዝከአል (ብዘይልክዕ – ብዝኽእሉዎ - ብአንፃር አርባዕቲአን ቅድመኩነታት ዝኽእል እንተኾይኑ)

(22) ትርጉም “ላኢላሃ ኢለኋህ” (አላህ ካብቲ ልሙድ ክወፅእ ዝኽእል – ብዜካ አላህ ዝግዝኡዎ የለን - ብዜካ አላህ ናይ ብሓቂ ዝግዝኡዎ የለን – ኩሉ መልሲ እዩ)

(23) አብ ሞንጎ ሃይማኖታት ምቅርራብ (ፍቁድ – ዓብይ ሓጢአት – ኩፍሪ)

(24) ጎይታ ኽምዘሎ መርትዖታቱ ከምብሓፈሻ (ብዙሕ – አርባዕተ)

(25) መልአካት ዝሕስቡሉ ልቢ አለዎም ዶ? (እወ – የብሎምን)

(26) አብ ሞንጎ ኢማንን ተውሒድን ዘሎ ርክብ: ኢማን ከምብሓፈሻ እንትኸውን ተውሒድ ክፋል ናቱ እዩ (ሓቂ – ሓሶት)

(27) ኩርናዓትኢማን (5, 6, 8)

(28) ሙሽሪካት ንረቢ ክንድዝኾነት ትአክል ዒባዳ አለዎም (ሓቂ – ሓሶት)

(29) ዘይድላዩ ብዜካ አላህ ዝተመለኸ (ጧቑት እዩ – አይጧቑትን)

(30) ብምክያድ ኩነታት ዓለምን ማይ ዝናብ ምልአኽን ዘለዎ ተውሒድ … (ኡሉሂያ/ናይ መግዛእቲ – ሩቡቢያ/ጎይታዊ መንነት – አስማኢ ወሲፋት/ሽምን ባህሪያትን)

(31) አብ ሞንጎ መሰረት ተውሒድ ዘህድሙ (ዓብይ ሽርኪ - ንኡስ ሽርኪ – ቢድዓ)

(32) ናይ ግቡአት ዓብይ ግቡእ ነወለድኻ ሰናይ ምግባር እዩ። (ሓቂ – ሓሶት)

(33) ካብ ሓራም ነገራት እቲ ሕማቅ ዚና(ዘይምስሰበይትኻ ርክብ ፆታ ምግባር)ን ኣላህ ሓራም ንዝገበራ ነፍሲ ምቅታልን እዩ (ሓቂ – ሓሶት)

(34) ሚዕራጅ ማለት ገይሺ ነበዩ ሶለሏሁ ዓለይሂ ውሰለም ካብ መካ ናብ በይተል መቅዲስ እዩ (ሓቂ – ሓሶት)

(35) ነብዩ ﷺ ዝተለአኹ (ናብ ህዝቦም ጥራይ – ናብ ደቅ ሰባትን ጋኔናትን)

(36) ነብዩ ﷺ (ሞይቶም ኣለው – ነብያት ዝሞቱ ኣይኾኑን)

(37) ብድሕሪ ሞት ምትሳእ ዝኸሓደ (ዓብይ ኩፍሪ ገይሩ – ንኡስ ኩፍሪ ገይሩ)

(38) ሃይማኖት ነብያት (ሓደ እዩ – ነንባዕሎም ሃይማኖት ኣለዎም)

(39) ሂጅራ (ድሕሪ ምኽፋት መካ ተቋሪፁ – ክሳብ መወዳእታ መዓልቲ ቀፃሊ እዩ)

(40) ሂጅራ ማለት (ካብ ዓዲ ኩፍሪ ናብ ዓዲ ተውሒድ ምኻድ እዩ – ረቢ ሓራም ዝገበሮ ምግዳፍ እዩ)

(41) ብዜካ ሕልሚ ሰናይ ሰባት ዲነል ኢስላም ዝተማልአ እዩ (ሓቂ – ሓሶት)

(42) ንብዜካ ኣላህ መግዛእቲ ምግባር ኣየናይ ሽርኪ እዩ (ዓብይ – ንኡስ)

(43) ኣብ ሞንጎ ብሰራሓይን ብስርሑን ንዝወሃብ ፍርዲ ፍልልይ የለን (ሓቂ –ሓሶት)

(44) ፈላማይ ነብያት (ኑሕ ዓለይሂ ሰላም– ኣደም ዓለይሂ ሰላም)

(45) ነብይና /ሙሓመድ ﷺ (ነብይ እዮም - ረሱል እዮም)

## ብሪጋ 'ሀ' ንዝርከቡ ብሪጋ 'ለ' ምስዝርከቡ አዛምድ

| ሪጋ 'ሀ' | መልሲ | ቁፅሪ | ሪጋ 'ለ' |
|---|---|---|---|
| ተውሒድ ከም ቋንቋ | | 1 | **ቃል ኢማም አሕመድ "ካፊርን አብ ዝርእየሉ እዋን ፀላኢ ረቢ ንዘይምርአይ ኢለ ዓይነይ ይዕምት።"** |
| ተውሒድ ከምተ ሸሪዓ | | 2 | **ድሕሪ ሞት ብዝኸውን ኩሉ ምእማን የጠቓልል** |
| ተውሒዱል ኡሉሂያ (ብመግዛእቲ ዘለዎ ሓድነቱ) | | 3 | **ብልሳን ዝበሃል ቃል፣ ብልቢ አሚንኻ ትቅበሎን ብልቢን ብአካልን ትሰርሖን፣ ብምእዙዝነት ዝውስኽ ብዓመፅ ዝቅንስ እዩ** |
| ተውሒዱ ሩቡቢያ (ብመንነት ጎይታ ዘለዎ ሓድነቱ) | | 4 | **ኢስላም፣ ኢማንን ኢሕሳንን** |
| ተውሒዱል አስማኢ ወሲፋት (ብሽምን ባህሪያትን ዘለዎ ሓድነቱ) | | 5 | **ንአላህን ንብዜካ አላህን** |
| ሓኒፊያ | | 6 | **ግቡእ ዝኾነ፣ ፍቁድን ኽልኩልን** |
| አብ ቁርአን እቲ ፈላማይ ፃውዒትን ትእዛዝን | | 7 | **ብሸሪዓን ብዕሊን** |
| ሽርካ | | 8 | **ሕቶታት ቀብሪ** |
| ኸሽየህ | | 9 | **ምፍላጥ፣ አብ ግብሪ ምውዓል፣ ምፅዋዕን ሰብሪን** |
| ተወኩል | | 10 | **ግርማ ረቢ ጥራይ ዝተደለየሉን ብመንገዲ ነብይን** |
| ዒባዳ ተቀባልነት ንኽረክብ ኽማልኡ ዝግበኦም ክልተ ቅድመ ኩነታት | | 11 | **ግቡእ ሰበብ ምስ ምግባር አብ ረቢ ተአማሚንካ ናብኡ ምፅጋዕ ማለት እዩ** |

| | | | |
|---|---|---|---|
| አርባዕቲኣን ቁምነገራት ሕፅር ብዝበለ | | 12 | **ኣብ ፍልጠት ዕብየትን ሓያል መንነትን ተፈራሓይ ዝተደረተ ፍርሒ** |
| ሰለስቲኣን ነጥብታት ሕፅር ብዝበለ | | 13 | **ዝማሳሰል፣ ዝመዓረ፣ ኣብነቱ** |
| ሰለስቲኣን መሰረታት ሕፅር ብዝበለ | | 14 | **ሱረቱል በቀራህ** |
| ዓይነታት ሰበብ | | 15 | **ካብ ሽርኪ ዘጋደደት ኣብ ኢኽላስ ተውሒድን ዝተሃነፀት መንገዲ** |
| ዓይነታት መፅብዓ | | 16 | **ኣላህ ንባዕሉ ብኺታቡ ወይ ድማ ብቃል ነብይ ﷺ ከምዝገለፀን ብዝፀወዖን ጌርካ ብሕታውነቱ ምርግጋፅ ማለት እዩ። እዚ`ውን ንባዕሉ ዝገለፀሉ ብምፅናዕን ካብ ባዕሉ ውጉዝ ንዝገበሮ ውጉዝ ብምግባርን (ከምታ ዝመፀት) ብዜካ ተሕሪፍ()፣ ተዕጢል(ውዳቅ ምግባር) ኽምኡ`ውን ብዘይ ገለ ኩነታት ምግላፅን ብዘይምምስሳልን እዩ።** |
| ዓይነታት ማሕረድ | | 17 | **ንኣላህ ብመግዛእቲ ብሕታዊ ምግባር** |
| ዓይነታት ኽውፍ | | 18 | **ንኣላህ ብምፍጣር፣ ብንጉስ ም኿ኑን ብምክያድ ኩነታተ ዓለምን ብሕታዊ ምግባር** |
| ኢስላም | | 19 | **ንኣላህ ብዝፍለየሉ ብሕታዊ ምግባር** |
| ብርክታት ዲን | | 20 | **መበገሲ ቃሉ 'ወሐደ' ዝብል እንትኸውን ብሕታዊ ምግባር ማለት እዩ** |
| ኢማን | | 21 | **ናይ ፀሓይ ብመዕረቢኣ ምብራቅን ኣብ ኣፍ ሞት ም኿ንን** |
| ብመወዳእታ መዓልቲ ብምእማን ዝጠቃለል | | 22 | **ማለት ሓደ ባሪያ ልክዑ ዝሓለፈሉ እዩ። ብመግዛእቲ ይኹን ብሰዓብነት ወይድማ ብተኣዛዝነት ክኸውን ይኽእል** |
| ካብ ሰባት ሽርኪ ናይ ምፅራይ ፅኑዕ ም኿ን | | 23 | **ተውሒዱ ሩቡቢያን ተውሒዱል ኣስማኢ ወሲፋትን፣ ተውሒዱል** |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | | | **ኡሎሂያን ካብ ሽርኪን ሰባት ሽርኪን ምፅራይ** |
| ተውባ ዝቋረፀሉ እዋን | | 24 | **ዓርስካ ንአላህ ብብሕታውነት ግዙእ ምግባር፣ ብተአዛዝነት ንዑኡ ምስዓብን ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዝፀረኻ ምኺን** |
| ጧቑት | | 25 | **ምስሊ ዘለዎ ኾይኑ ብዜካ ረቢ ዝተመለኸ** |

# ኣርባዕቲኣን ሕግታት

ብሽም ኣላህ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን

ኩሉ ምስግና ንኣላህ ይኹን ፤ ነመስግኖ፣ ረድኤቱን ምሕረቱን ንልምኖ፣ ካብ ኽፍኣት ነፍስናን ውፅኢት ስራሕትናን ብኣላህ ንሕሎ፤ ኣላህ ንዝመርሖ ዘጋግዮ የለን፤ ንዘጋገዮ `ውን ዝመርሖ የለን፤ ብዜካ ኣላህ መግዛእቲ ዝግበኦ ወላ ሓደ ኽምዘየሎ፤ ብሕታውን መሻርኽቲ ዘይብሉን ምኻኑ ሙሓመድ ﷺ ድማ ባርያን ልኡኹን ምኻኖም ይምስክር።
ብምቅፃል፡

# ናይ ዝተውሃበ መብራህርሂ መእተዊ

## ናይዚ ፅሑፍ ፀሓፋይ

ሸይኹል ኢስላም፤ ናይ ዳዕዋ ተውሒድ ሙጀዲድ፤ ኢማም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ቢን ሱለይማን ኣት-ተሚሚይ ፤ ብኻሊእ ሽሞም ኣቡ-ል-ሑሰይን ይበሃሉ።

ብመንደር ዑየይና ብ 1115 ዓ. ሒ. ተወሊዶም ዝሞቱሉ ድማ ብ1206 ዓ. ሒ. ኣብ መንደር ዲርዒያ እዩ።

**«ኣርባዕቲኣን ሕግታት» ካብ ተኸታተልቲ ትምህርቲ ኻልኣይቲ እያ፤ እዚ ፅሕፈት ጠመተ ዝተገበረሉ ብዝሕ ዝበሉ ምኽንያታት ዘለው እንትኸውን፡ ካብዚኣቶም ድማ፡**

- ብሰናይ ቀዳሞት ዑለማታት ከም ምስዓብ
- ዑለማታት ንኽንመሃሮ ከምምዓዶም
- ናይ ኪታብ ከሽፉ-ሽ-ሹቡሃት ሓፃር ትሕዝቶ ከምምኳና
- ንእዋናዊ መደናነገሪታት መልሲ ትህብ ከምምኳና
- ቅድሚ ከሽፉ-ሽ-ሹቡሃትን ምምሃርና ኣብ ተምሃራይ መደናገሪ ዝተርፈሉ ከይኸውን በዚ ንጅምር

## የአራቱ መርሆዎች ማውጫ

ይህ ፅሁፍ ወደ ሶስት ይከፈላል፤ እነሱም:

(1) መግቢያ (የስኬት ርእስ)

(2) ተውሒድን የመማር አንገብጋቢነት

(3) መርሆዎቹ

# ቀዳማይ፡ መእተዊ (ኣርእስቲ ዓወት)

ብሽም ኣላህ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን(1)

ብዱንያን ብኣኼራን ረዳኢኻ ንክኸውን (2) ኣብ ዝኾንካ ኺንካ ብሩኽ ንኽገብረካ ንሕያዋይ ጎይታ ልዑል ዓርሺ ኣላህ ይልምኖ። (3)

## (1) ሸይኽ ፅሑፎም ብቢስሚላህ ዝጀመሩሉ

| ብኪታብ ኣላህን ብነብያትን (ዓለይሂሙ ሰላም) ከምምምራሕ | ቅድሜኡ ፅሑፋቶም ብቢስሚላህ ዝጅምሩ ብዝነበሩ ዑለማታትን ቀዳሞትን ከም ምስዓብ | ብኽቡር ሽም ኣላህ በረካ ከም ምድላይ |
|---|---|---|

ረቢ ይርሓመሎም ሸይኹል ኢስላም ኢብኑ ተይሚያ ኸምዚ ይብሉ "ንኣላህ ዝፈርሕ ሙእሚን (ኩሉ) ስዩመ ኣላህ (ወልይ) እዩ።" መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: {﴿أَلا إِنَّ أَولِياءَ اللَّهِ لا خَوفٌ عَلَيهِم وَلا هُم يَحزَنونَ۝الَّذينَ آمَنوا وَكانوا يَتَّقونَ﴾[يونس: ٦٢-٦٣]} {ኣዋጅ! ስዩማት ኣላህ ፍርሒ የብሎምን፤ ኣይሓዝኑን `ውን። (62) (መንነቶም ድማ) እቶም ዝኣመኑን ዝፈርሑዎን እዮም።} (ዩኑስ 62-63)

በረካ: ዝያዳን ማለት እዩ።

ተበሩክ: (ብዝኾነ ሰናይ) ዝያዳ ምድላይ

ሙበረክ: ኣብ ዝኾነ ኸይኑ (በቲ በረካ) ዝጥቀም

ተበሩክ ናብ ኽልተ ይምቀል

ዝተሓንፀፀ ተበሩክ:

- ብዕሊ: ፍልጠትን ዱዓን ዝኣምሰሉ፤ ዝኾነ ሰብ ብፍልጠቱ፣ ናብ ሰናይ ብዝገብሮ ፃውዒት በረካ ክርከብ ይኽእል። እዚ በረካ ይኸውን። ምኽንያቱ ኣመና ፀቡቅ ነገር ካብኡ ብምርካብና። ከም ኪታብቲ ሸይኹል ኢስላምን ዝኣምሰሉን ኣላህ በረካን ኸይርን ኣብ ኪታብቶም ዝገበረሎም ኸምኡ `ውን እቲ ኡመተል ኢስላም ዝተጠቀመሎም ዑለማታት።
- ሸሪዓዊ: ብመስጅደል ሓረም ወይ ብመስጅድ ነበውይ ከም ምስጋድ ዘበለ

ኽልኩል ተበሩክ: ብዕሊ ይኹን በቲ ሸሪዓ መርትዖ ዘይብሉ እንትኸውን ካብ ንኡስ ሽርኪ ይጠቃለል።

**...እንትውሃቡ ካብ ዘመስግኑ ንኽግብረካ...** (1)

(1) ውህብቶ ረቢ `ውን ፈተና እዩ፤ ብዙሕ መርትዖ ዘለዎ እንትኸውን ካብዚኣቶም: {﴿وَنَبلوكُم بِالشَّرِّ وَالخَيرِ فِتنَةً وَإِلَينا تُرجَعونَ﴾[الأنبياء: ٣٥]} {...ንፈተነ ብፅቡቅን ሕማቅን ንፍትነኩም። ናባና ድማ ኢኹም ትምለሱ።} (ኣል-ኣንቢያእ 35) {﴿...فَلَمّا رَآهُ مُستَقِرًّا عِندَهُ قالَ هذا مِن فَضلِ رَبّي لِيَبلُوَني أَأَشكُرُ أَم أَكفُرُ وَمَن شَكَرَ فَإِنَّما يَشكُرُ لِنَفسِهِ وَمَن كَفَرَ فَإِنَّ رَبّي غَنِيٌّ كَريمٌ﴾[النمل: ٤٠]} {... ብህድኣት ኣብኡ ኮይኑ ምስ ረኣዮ «እዚ ካብ ጎይታይ ውህብቶ እዩ፤ የመግስን ዶ ይጠልም ኽፍትነኒ። ዘመገነ ንባዕሉ ዝጠለመ `ውን ንባዕሉ። ንዝኸሓደ ጎይታይ ካብኡ ዘየድልዮን ለጋስን እዩ።» በለ።} (ኣል-ነምል 40) {﴿فَأَمَّا الإِنسانُ إِذا مَا ابتَلاهُ رَبُّهُ فَأَكرَمَهُ وَنَعَّمَهُ فَيَقولُ رَبّي أَكرَمَنِ﴾[الفجر: ١٥]} {ወድሰብማ ጎይታኡ ምስፈተኖ፤ ኣብ ዘኽብሮን ዘጥቅሞን (እዋን) «ጎይታይ ኣኽቢርኒ (ኣብሊፁኒ)» ይብል፡፡}(ኣል-ፈጅር 15)

ብሓዲሥ ድማ: «ካብ ደቂ እስራኢል ዝኾኑ ሰለስተ ሰባት ረቢ ኽፍትኖም...»
ውህብቶ ረቢ ምስ ተውሒደል ሩቡቢያን ተውሒደል ኡሉሂያን ዝተአሳሰረ እንትኸውን ሹክሪ ምግባር `ውን ክልተ ዓይነት እዩ:

1) ቅድሚ ውህብቶ ረቢ ምስ አላህ ምትእስሳር

- እዚ ኸምዚ ዘበለ እቲ ዝህብ ረቢ ጥራይ ንምኳኑ ዘየማትእ እምነት ይሓትት። ልቡ ብዜካ ረቢ ካብ ዘሎ ሽቁል አይኸውንን፤ ኸይረ `ውን ካብኡ `ምበር አይጠልብን እዩ።

ከምቲ በዓል ዋና ብምኳኑ ጀነት ትጥለብ ካብኡ ዝኾነ ሽሻይ `ውን ካብ አላህ ዓዘ ወጀል ጥራይ `ምበር አይጥለብን።

{﴿وَتَوَكَّل عَلَى الحَيِّ الَّذي لا يَموتُ...﴾ [الفرقان: ٥٨]} {በቲ ዘይመውት ህልው ተፀጋዕ።...} (አል-ፉርቃን 58)

{﴿...إِنَّ الَّذينَ تَعبُدونَ مِن دونِ اللَّهِ لا يَملِكونَ لَكُم رِزقًا فَابتَغوا عِندَ اللَّهِ الرِّزقَ...﴾ [العنكبوت: ١٧]} {...እቶም ብዜካ አላህ ተምልኹዎም ንዓኻትኩም ሽሻይ ኽህቡኩም አይኽእሉን።...} (አል-ዓንከቡት 17) ማለት ካብ ኻሊእ ዘይኾነ ካብ አላህ {﴿...وَاعبُدوهُ وَاشكُروا لَهُ إِلَيهِ تُرجَعونَ...﴾ [العنكبوت: ١٧]} {...አምልኹዎ አመስግኑዎ፤ ናብኡ ኢኹም ትምለሱ።} (አል-ዓንከቡት 17)

2) ድሕሪ ውህብቶ ረቢ ምስግና(ሹክሪ):

- ብልቢ: ሽሻይ ዝህብ በዓል ውህብቶ አላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምኳኑ ናይ ብሓቂ አሚንካ ኢድ እግርኻ ትህብ እዩ። አብ ሓደ ባርያ ዘሎ ውህብቶ ረቢ ካብ አላህ ዓዘ ወጀል ምኳኑ አሚንኻ ምቅባል።
- ብቃል: ንናይ ውህብቶ ረቢ ብምምስጋንን ብዛዕባ እቲ ውህብቶ ብምዝራብ፣ ብምንአድ እዩ። አላህ ዓዘ ወጀል ብቁርአኑ ዝስዕብ ስለዝበለ: {﴿وَأَمّا بِنِعمَةِ رَبِّكَ فَحَدِّث﴾ [الضحى: ١١]} {ብውህብቶ ጎያታኻ ተዛረብ፤ (ግለጾ)።} (አል-ዱሓ 11)
- ብአካል: ውህብቶኡ ንአላህ ዓዘ ወጀል ብዘሕጉስ ክተውዕል። ምስ ሰናይ ስራሕቲ ብዝተራኸበ ናብኡ ብምቅራብን ከምቲ ትእዛዙ ብዘይምእባይ ማለት እዩ።

**... እንክፍተን ዝፃወር ...(1)**

ምፅዋር (ሰብሪ ምግባር) ከም ብሓፈሻ ኩሉ ህዝቢ ግቡእ ብምኳኑ እዩ።
ሰባት ብዱኒያ ብዘለዎም ፅዕንቶ ተፃዋርነት ንአርባዕተ ይምቀሉ፤ ንሳቶም `ውን
ዝፀልእ (ምስ ቁጠዐ)
ዝፃወር
ዝሕጎስ
ዘመስግን

(1) ምፅላእ (ቁጠዐ ዝሓወሰ): ሓራም እዩ፤ ካብ ዓበይቲ ሓጢአት ድማ ሓደ እዩ። ኸምኡ ውን
ብልቢ
ብቃልን
ብአካልን ዝግለፅ እዩ።

ብልቢ ምፅላእ: ረቢ ይርሓመሎም ኢብኑል ቀይም አልጀውዝያህ ኸምዚ ኢሎም [መልእኽቱ]: "…ሓደ ሓደ ግዜ ሰብ ብቃሉ ዘይክብሎ ይኽእል፤ ይኹን ደአ `ምበር አብ ውሽጡ ዘላ ነፍሱ ግን ብዛዕባ ጎይታኡ ዘለዎ ጥርጣረ ትፍድሖ። ብውሽጡ 'ጎይታይ እዩ ወፂዑኒ!' 'ጎይታይ ሓሪሙኒ እዩ!' 'ጎይታይ እዩ ዓቂቡኒ!' ይብዝሕ ይውሓድ ኻሊእ ኻሊእ ይብል።" ነፍስኻ ፈትሽ `ሞ ካብዚ ናፃ ዲኻ? ካብአ እንተድሒንካ ንርግፅ ካብ ዓብይ ኢኻ ድሒንካ።
ብቃል ምፅላእ: እዚ ብጥርዓን፣ ብሕጉምጉም፣ 'ዋይ አነ!' ወይ ኸዓ 'ዋየይ!' ብምባል፣ ብምርጋም፣ ብፀርፊ ዝግለፅ እዩ።
ብአካል ምፅላእ: አፍ ልቢ ብምውቃዕ፣ ኽዳን ብምቅዳድ፤ ጨጉሪ ብምንጫይ ይኸውን።
(2) ሰብሪ (ተፃዋርነት): ዘለዎ ፍርዲ ከም ሙሉእ ህዝቢ ግቡእ እዩ። ብልቢ፣ ብቃልን ብአካልን ተዝፃዋርነት ግድን እዩ። ኢማም አሕመድ ኸምዚ ይብሉ "ብዛዕባ ሰብሪ ብቁርአን ናብ ኸባቢ ቴስዓ መፂኡ አሎ፤ ናይ ኢማን ድማ ፍርቁ እዩ። ኢማን ከም ብሓፈሻ ክልተ ዓይነት እዩ: ፍርቁ ተፃዋርነት ፍርቁ ምስግና እዩ።" (መዳሪጁ ሳሊኪን ኢብኑል ቀይም)
(3) ታሕዓስ: ዘለዎ ፍርዲ "ሙስተሓብ" (ዝድለ) እንትኸውን ካብ ተፃዋርነት ዝሓሸ ብርኪ አለዎ።
(4) ዘመስግን: ዘለዎ ፍርዲ "ሙስተሓብ" እንትኸውን እቲ ብሉፅን ዝተማልአን ብርኪ እዩ።

## ኻልአይ፡ አርባዕቲአን ሕግታት

***አላህ ዓዘ ወጀል ንተአዛዝነት ቅኑዕ ይምራሕካም ፍለጥ! እታ ሓኒፍ (ናብ ሓቂ ዝደነነት) መንገዲ ኢብራሂምሲ "ንአላህ ብዘይገለ ብብሕታውነት ክተምልኽ እዩ።" አላህ ንደቅ ሰባት ዝአዘዘ `ውን ብዚ እዩ። ስለሱ ድማ እዩ ፈጢሩዎም: ከምቲ ልዑል አላህ ብዝስዕብ ዓንቀዝት ዝበለ: {[الذاريات: ٥٦]﴿وَما خَلَقتُ الجِنَّ وَالإِنسَ إِلّا لِيَعبُدونِ﴾} {ጋኔንን ሰባት ንዓይ ኽግዝኡ `ምበር አይፈጠርኩዎምን።}(ዛርያት 56)(1)***

*አላህ ዝፈጠረካ ንዑኡ ክተምልኽ ምኺኑ እንተተረዲእኻ መግዛእቲ `ውን ብዜካ ተውሒድ መግዛእቲ ክበሃል ከምዘይኽእል ፍለጥ። ከምቲ ሶላት ብዜካ ጡሀራ ሶላት ክትበሃል ከምዘይትኽእል ማለት እዩ። ኣብ መግዛእቲ(ዒባዳ) ሽርኪ ይዓንው ነጃሳ ከምዝረኸቦ ጡሃራ ማለት እዩ። ኣብ መግዛእቲ ሽርካ እንተተሓዊሱዎ ከምዘዕንዎ፣ ስራሕቲ ከምዘጥፍእን ንበዓል ዋና `ውን ዝንተኣለሙ ኣብ ሓዊ ከምዝገብሮ እንተፈሊጥካ ልዕሊ ኹሉ ሓሳብኻ ዛዕባኻ ዋኒኑ ምፍላጥ ከምዝኾነ ተረዲእኻ ማለት እዩ። ምናልባሽ ኣላህ ዓዘ ወጀል ካብቲ ሽርኪ ዝበሃል ማሕለኻ እንተትረፉካ፤ እቲ ኣላህ ብዛዕባኡ ዝስዕብ ዝበለሉ: { ﴿إِنَّ اللَّهَ لا يَغفِرُ أَن يُشرَكَ بِهِ وَيَغفِرُ ما دونَ ذلِكَ لِمَن يَشاءُ...﴾ [النساء: ٤٨]} {ኣላህ ብኡ ንዝግበር ሽርካ ኣይምሕርን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ንዘሎ (ሓጢኣት) ንዝደለዮ ሰብ ይምሕር።...}(ኣል-ኒሳእ 48)*

**እዚ ድማ ኣላህ ብቁርኣን ዝሓበሮም ኣርባዕተ ሕግታት ብምፍላጥ እዩ።**

***ቀዳማይ ሕጊ: እቶም ልኡኽ ኣላህ ዝተቃለሱዎም ጠላማት ኣላህ ፈጣሪን ኣመሓዳርን እዛ ዓለም ምኺኑ ዘረጋገፁ ምስምኺኖም ናብ ኢስላም ከምዘየእተዎም። መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: { ﴿قُل مَن يَرزُقُكُم مِنَ السَّماءِ وَالأَرضِ أَمَّن يَملِكُ السَّمعَ وَالأَبصارَ وَمَن يُخرِجُ الحَيَّ مِنَ المَيِّتِ وَيُخرِجُ المَيِّتَ مِنَ الحَيِّ وَمَن يُدَبِّرُ الأَمرَ فَسَيَقولونَ اللَّهُ فَقُل أَفَلا تَتَّقونَ﴾ [يونس: ٣١]} {«ካብ ሰማይን ምድርን ሽሻይ ዝህበኩም መን እዩ? መስምዒን መርኣይን ከ ዝፈጠረ መን ኸ መን እዩ? ካብ ሙውት ህይወት ዘለዎ ካብ ህይወት ዘለዎ ሙውት ዘውፅእ ኸ መን እዩ? ኩነታት ኩሉ ዘመሓድር መን እዩ?» በሎም። «ብርግፅ ኣላህ እዩ» ክብሉኻ እዮም። «እሞ (ንምንታይ መሻርኽቲ ትገብሩሉ) ኣይትፈርሑዎን ዶ? » በሎም።} (የኑስ 31) (2)***

(1) ረቢ ይርሓመሎም ሸይኽ ንምንታይ ተውሒድ ከምንመሃር እዮም ዝገልፁ ዘለው።

(2) እቶም ነብዩ ﷺ ኣብ ሞንጎኦም ዝተልኣኹሎም ሰባት ብተውሒዱ ሩቡቢያ ዘረጋግፁ እዮም ነይሮም፤ እዚ ምስምኺኑ ግን ረሱል ﷺ ተቃሊሶሞም። ኣብ ሞንጎኦምን ረሱል ﷺን ዝነበረ ጎንፂ ብተውሒዱል ኡሉሂያ ስለዝነበረ እዩ። ካብ መግዛእቲ ዋላ ሓንቲ ንብዜካ ኣላህ ዝሃበ ካፊር መሽሪክ እዩ።

***ኻልኣይ ሕጊ: ንሳቶም ዝብሉ “ኣንፈትና ናብኣቶም ዝገበርናሉን ንዓኣቶም ዝለመንናሉን ምኽንያት ምቅራብን ሽፈዓን ስለዝደለና ጥራይ እዩ።”***

***ምቅራብ ድላዮም ከምዝኾነ መርትዖኡ: { ﴿...وَالَّذينَ اتَّخَذوا مِن دونِهِ أَولِياءَ ما نَعبُدُهُم إِلّا لِيُقَرِّبونا إِلَى اللَّهِ زُلفى إِنَّ اللَّهَ يَحكُمُ بَينَهُم في ما هُم فيهِ يَختَلِفونَ إِنَّ اللَّهَ لا يَهدي مَن هُوَ كاذِبٌ كَفّارٌ﴾ [الزمر: ٣]} {...እቶም ብዜካኡ (ጧቑት) ረዳኢኦም ገይሮም ዝሓዙ «ምቅራብ ናብ ኣላህ ንኸቃርቡና `ምበር ንኻሊእ ኣይነምልኾምን» (ይብሉ)። ኣላህ በቲ ንሳቶም ዝካትዑሉ ኣም ሞንጎኦም ይፈርድ። ኣላህ ሓስዊ ጠላም ንዝኮነ ሰብ ኣይመርሕን። }(ኣልዙመር 3)(1)***

***ሽፋዐ (ምስ ረቢ ምትዕራይ) ክልተ ዓይነት እዩ: ፅኑዕ ሽፋዓን ዉጉዝ ሽፋዓን (2)***

⑴ ሰባት ሽርኪን ኩፍሪን ውዳቅ ዝኾኑ ጧቑቶም አይፅውዑ፤ ናባቶም መናዕ አይበሉ (ናብ አላህ) ምቅራብን ሽፈዓን ስለዝደለዩ ጥራይ `ምበር። በዚ ድማ አብ ቅድሚ ነብዩ ﷺ ካፊራት ኽበሃሉን ክቃለሱዎምን አግባብ ኮነ።
⑵ ሽፋዓ: ከም ቋንቋ (ዓረብኛ) ንብሕታዊ ፅምዲ ምግባር ማለት እንትኸውን ከም ሽሪዓ ንኻልኦት ረብሓ ንምምፃእ ወይ ሕማቅ ንምርሓቅ ሞንጎኛ ምኧን ማለት እዩ።

## ዓይነታት ሽፋዓ

**ዉጉዝ:**
ቁርአን ያወገዛት አይነት ሽፋዓህ። ከአላህ ውጭ በማይችለው ጉዳይ ከሌላ አካል መፈለግ ነው። ኢስላማዊ ፍርዱ: ትልቁ ሽርክ

**ፉጡራት ብዝኽእሉዎ:** አርባዕይተ ቅድመ ኩነታት እንተተማሊኦም ይከኣል
- ያለ (ቅርብ)
- በሕይወት ያለ
- የሚችል
- ሰበብ (ተደርጎ ሊያዝ) ይገባል

**ዝድለ:** እዚአ እታ ካብ ረቢ ትድለ እያ። ከምቅድመ ኩነታት ድማ
- ነቲ ሽፋዓ ረቢ ዝፈቀዶ ክኸውን
- ካብቲ ሽፋዓ ገባራይ አላህ ኽፈትወሉ (አፍልጦ ክህበ)
- ነቲ ሽፋዓ ንዝግበረሉ ውን (ኽፈትወሉ) ይግባእ።

**ከምብሓፈሻ** ሩሱላት፣ ነብያት፣ መልአካት፣ ሰባት ተውሒድን ቆልዑትን ዝገብሩዎ ሽፋዓ
- ሰባት ተውሒድ ዘለዎም ብርኪ ልዕል ንኽብል ዝግበር ሽፋዓህ
- ካብ ሰባት ተውሒድ ኮይኑ [ስርሑ] ናብ ሓዊ ዘበሎ ሓዊ ንኸይአቱ
- ናብ ሓዊ ዝተብሃለ ሰብ ተውሒድ ናብ ዓዛብ ንኸይአቱ

**ኻሊእ ዘይአተወሉ ነብዩ ﷺ በይኒ ዝገብሩዎ**
- ዓባያ ሽፋዓህ
- ንአኮኦም መቅፃዕቱ ንክንኪየሉ ዝገበሩዎ
- ማዕፆታት ጀነት ንክኽፈቱ ዝገብሩዎ

እታ ውጉዝ ሽፋዓህ: አላህ `ምበር ኻሊእ ብዘይክእሎ ካብ ብዜካ አላህ ምድላይ እንትኸውን መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {ኦ አንቱም አመንቲ! ሽው ዕዳጋ፣ ምሕዝነት፣ ሽፋዓ `ውን ዘይብሉ መዓልቲ ቅድሚ ምምፃኡ ካብ ዝሃብናኩም ሃቡ። ካፊራት ድማ እዮም እቶም ወፃዓት} (አልበቀራህ 254)
እታ ትድለ ዓይነት ሽፋዓህ: ካብ አላህ ትድለ እንትኸውን እቲ ሽፋዓህ ገባራይ ብዝገብሮ ሽፋዓህ ዝኽበረሉ እዩ። ሽፋዓ ዝግበረሉ `ውን ድሕሪ ፍቃድ ረቢን ምግባሩ ምስ ንዝፈተወሉን እዩ። ከምቲ ልዑል አላህ ብቁርአን ዝስዕብ ዝበለ: {…አብኡ ብፍቃዱ እንተኾነ ጥራይ `ምበር ሽፋዓ ዝገብር መን እዩ?} (በቀራህ 255)

***ሳልሳይ ሕጊ:** (1) **ነብዩ** ﷺ **ዝወፁ** አብ ምንጎ **ብዒባዳኦም** ዝተፈላለዩ ሰባት **እዮ። አብ ሞንጎኦም መልአካት ዘምልኽ አሎ፤ አብ ሞንጎኦም ነብያትን** ሰናይ ሰባትን ዘምልኽ አሎ፤ **አብ ሞንጎኦም አእማንን አእዋምን ዘምልኽ አሎ፤ አብ ሞንጎኦም ድማ ፀሓይን ወርሕን ዘምልኽ አሎ፤** እዚ ምስ ምዃኑ **ነብዩ** ﷺ **ንኹሎም ብዘይ ፍልልይ እዮም ተቃሊሶሞም።***

***መርትዖኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ:** { ﴿وَقاتِلوهُم حَتّى لا تَكونَ فِتنَةٌ وَيَكونَ الدّينُ كُلُّهُ لِلَّهِ...﴾ [الأنفال: ٣٩] **{ፈትና ክሳብ ዘይህሉን ሃይማኖት ንዑኡ ጥራይ ክሳብ ዝኸውንን ተቃለሱዎም።...}(አል-አንፋል** 39)*

***ንፀሓይን ወርሕን (ከምዝምለኹ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ:** { ﴿وَمِن آياتِهِ اللَّيلُ وَالنَّهارُ وَالشَّمسُ وَالقَمَرُ لا تَسجُدوا لِلشَّمسِ وَلا لِلقَمَرِ وَاسجُدوا لِلَّهِ الَّذي خَلَقَهُنَّ إِن كُنتُم إِيّاهُ تَعبُدونَ﴾ [فصلت: ٣٧] **{ለይትን ቀትርን ፀሓይን ወርሕን ካብ ምልክታቱ እዮም። ንፀሓይን ወርሕን አይትስገዱ። ነቲ ንዖኦም ዝፈጠሮም አላህ ስገዱ። ናይ ብሓቂ ንዑኡ ጥራይ ትግዝኡ እንተኾይንኩም።} (ፉሲለት 40)***

***ለመልአካት** (ከምዝምለኹ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: { ﴿وَلا يَأمُرَكُم أَن تَتَّخِذُوا المَلائِكَةَ وَالنَّبِيّينَ أَربابًا...﴾ [آل عمران: ٨٠] **{መላእክትን ነቢያትን ብዜካ አላህ ዝምለኹ ጌርኩም ንክትሕዙ አይእዝዘኩምን።...}(አሊ-ዒምራን** 80)*

(1) እዚአ ሕጊ ሸርኪ ዝኸውን ግኡዝ(ዝረአይን ዝትንከፍን) ጧቑት ንዘምልኽ ጥራይ እዩ ንዝብሉ ብሩህን ግልፅን ዝኾነት "ረድ" መልሲ እያ። ካብ ሩሑቅ እዋን ጀሚርካ ሸሪዓዊ መርትዖታት ዝመፁ ብፍላይ ንግኡዝ ጧቑታትን ኻልኦቶምን ብሓባር አብ ሓደ አጒድካ ብምጥንቃቅ እዩ። ልኡኽ አላህ ﷺ አብ ሞንጎኦም ፍልልይ ዘይፈጠርሩ ንኹሉ ከምጧቑት ጌሮም መግዛእቲ ኩሉ ንአላህ ትራይ ንክከውን እዩ ተቃሊሶሞም።

***ንነብያት** (ከምዝምለኹ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: { ﴿وَإِذ قالَ اللَّهُ يا عيسَى ابنَ مَريَمَ أَأَنتَ قُلتَ لِلنّاسِ اتَّخِذوني وَأُمِّيَ إِلـٰهَينِ مِن دونِ اللَّهِ قالَ سُبحانَكَ ما يَكونُ لي أَن أَقولَ ما لَيسَ لي بِحَقٍّ إِن كُنتُ قُلتُهُ فَقَد عَلِمتَهُ تَعلَمُ ما في نَفسي وَلا أَعلَمُ ما في نَفسِكَ إِنَّكَ أَنتَ عَلّامُ الغُيوبِ﴾ [المائدة: ١١٦] **{አላህ፦ «አንታ ወድ መርየም! ንስካ ንሰባት፦ <አነን አደይን ብዜካ አላህ ክልተ ዝምለኹ ጌርኩም ሓዙና> ኢልካ ዲኻ» ዝብለሉ እዋን(ዘክር)። «ልዑል ጎይታይ፤ ንዓይ ኽብሎ ዘይግበአኒ ኽብል አይኮነለይን። ተዝብሎ ኔረ ምፈለጥካ።** አብ ውሽጢ ነፍሰይ ንዘሎ ትፈልጥ ኢኻ፤ አነ ግን አብ ውሽጥኻ ንዘሎ አይፈልጥን። **ቀይቢ (ብስምዒት ህዋሳት ዘይብፃሕ) አዚ ኻ ትፈልጥ ንስኻ ኢ ኻ።» ይብል።} (አል-ማኢዳህ** 116)*

***ንሰናይ ሰባት (ከምዝምለኹ) መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {እቶም ንሶም ዘምልኹዎም** አብ ሞንጎኦም እቶም አዝዮም ዝቀረቡ ናብ ጎይታኦም መቅረቢ ይደልዩ። **ራሕማኦ ይደልዩ።** መቅፃዕቱ 'ውን ይፈርሑ።...} **(አል-ኢስራእ** 57)*

*ኣእዋምን ኣእማንን **(ከምዝምለኹ)** መርትዖኡ ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: **{አል-ላትን አል-ዑዛን ሪኢ ኹሞም ዶ?**(19) **እታ ሳልሰይቲ ንኡስ መናትከ(ሪኢ ኹም ዶ?)} (አል-ነጅም** 19-20)*

*ብሓዲሥ ኣቢ ዋቂዲን ኣለይሢይ ረድየሏሁ ዓንሁ ኽምዚ ዝብል ይርከብ "ንቃል ኢስላም ጋሻሹ ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ምስ ነብዩ ﷺ ናብ ወፍሪ ሑነይን ወፃእና። ንሙሽሪካት ድማ ኣብኣ ኮፍ ዝብሉላ ዕጥቆም ዝሰቅሉላ ዝኾነት 'ዛቱ ኣንዋጥ (ብዓልቲ ምስቃል)' ዝብሉዋ ኦም ቁንቁራ ኔራቶም። ኣብ ሞንጎ ጉዕዞና ከላና ንሕና `ውን ኦም ቁንቁራ ምስረኣይና 'ያረሱለሏህ! ከምታ ንዖኦም በዓልቲ ምስቃል ዘላቶም ንዓና `ውን በዓልቲ ምስቃል ግበረልና' በልና።..." (ሓዲሡ ሱነን ቲርሚዚይ ኣብዋቡል ፊተን ብቑፅሪ ሓዲሥ 2180 ዝተፀብፀበ)*

*ራብዓይ ሕጊ: ናይዚ ሐዚ እዋን ሽርኪ ካብ ሽርኪ ቀዳሞት ሙሽሪኪን ዝሓየለ እዩ። ምኽንያቱ እቶም ቀዳሞት ሽርኪ ዝገብሩዎ ኣብ ጥጡሕ ባይታ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ጥራይ `ምበር ኣብ እዋን ጭንቂ ንኣላህ ጥራይ ብብሕታውነት እዮም ዝግዝኡዎ። ናይዚ ሐዚ እዋን ሙሽሪካት ሽርኪ ግን ኣብ እዋን ጭንቅን ሓጎስን ኲልሻብ እዩ። መርትያኡ ድማ ዝስዕብ ቃል ልዑል ኣላህ እዩ: {ኣብ መርከብ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን መግዛእቲ ረቢ ንዑኡ ጥራይ ዘፅረዩ ኾይኖም እዮም ዝፅውዑዎ። ናብ መይዳ ኣብ (ብምውፃእ) ምስ ኣድሓኖም ግን ሽዑ (ንጧቑቶም) ሽርካ ይገብሩ።} (ኣል-ዐንከቡት 65) (1)*

***ብዝበለፀ ረቢ ይፈልጥ፤ ሶለዋትን ሰላምን ኣሏህ ኣብኦም ኣብ ስድራኦምን ብፆቶምን ይኹን።***

(1) ሽይኽ ረቢ ይርሓመሎም በዚ ሕጊ ዕብየት ሽርኪ ናይዚ ሕዚ እዋን ሓደገኛ ምኺን ብሩህ ይገብሩ እዮም ዘለው። ሽርኪ ናቶም ካብ ሽርኪ ቀዳሞት ዝሓየለ ብምኺኑ። ምኽንያቱ ሽርኪ ናይ ሕዚ እዋን ኣብ እዋን ሓጎስን ጭንቅን ስለዝኾነ እዩ። ሽርኪ ቀዳሞት ግን ኲነታት ምቹው ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራይ እዩ `ምበር ኣብ እዋን ጭንቂ ብብሕታውነት ኣላህ ይኣምኑ እዮም። እቶም ነብዩ ﷺ ዝተለኣኹሎም ሰባት ሽርኪ ናቶም ዝነኣሰ ምስምኺኑ ኣብ ቅድሚ ረቢ ካፊራት እንተኾይኖም እቶም ሽርኪ ናቶም ኲልሻብ ብሓጎስን ጭንቅን ዝኾኑ ሰባት ከ?! ናቶም ካፊር ምኺን ብቀዳምነት ይኸውን ማለት እዩ።

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| አርባዕቲአን ሕግታት ፤ ትሕዝቶ ኪታብ " ክሸፋ ሹዑብዓት" (መደናገርታት ብሩህ ምግባር) ሕፅር ብዝበለ ማለት እዩ | መእተዊ፤ አርእስቲ ዓወት ሒዛለ | አርእስቲ ዓወት | እንትወሃብ ዘመስግን | ውህብቶ ረቢ ፈተናና እዩ፤ መርትያሉ ድማ {ንፈተና ብፅቡቅን ሕማቅን ንፍትነኩም፤ ናብና ድማ ኢኹም ትምለሱ።} (ኣል ኣንቢያእ 35) | ብውህብቶ ረቢ ምምስጋን | ምስ ተውሒዱል ሩቡቢያህ ብዝተራኸበ | ✓ ጀነት ምድላይ ካብኡ `ምበር አይኸውንን ምኽንያቱ እቲ በዓል ዋና ንሱ ስለዝኾነ። ሸሻይ `ውን ካብኡ `ምበር ኸድለ አይግባእን፤ ስለዚ ምስ ኻሊእ ዘይኾነ ምስ አሏህ ምትእስሳር ግድን እዩ። |
| | | | | | | ምስ ተውሒዱል ኡሉሂያህ ብዝተራኸበ | ✓ ብልቢ የመስግን፡ አብኡ ዝርከብ ውህብቶ ረቢ ኹሉ ካብ አላህ `ምበር ካብ ኻሊእ ከምዘይኾነ ብምእማንን ብምርግጋፅን |
| | | | | | | | ✓ ብቃሉ የመስግን፡ {«እዚ ካብ ውህብቶ ጎይታይ እዩ። ዘመስግን ዶ ዝጠልም ምኧነይ ክፍትነኒ።»} (ነምል 40) |
| | | | | | | | ✓ ብአካሉ የመስግን፡ ውህብቶ ረቢ ኹሉ ከምእንታይነቱ ነቲ ወሃባይ ብዘመስግን መንገዲ ምውዓል፤ ሹክሪ ገንዘብ ንአሏህ ብምምእዛዝ ምውዓሉ እንትኸውን ሹክሪ ፍልጠት ድማ ትኽ ኢሉ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንዝሓተተ ምሃቡ እዩ። |
| | | | | ሰብት ኣብ እዋን ተጻጊ ዘለዎም ኩነታት | | | ✓ ዝፀልእ፡ ዘለዎ ፍርዲ ካብ ዓበይቲ ሓጢአታት ሓደ እንትኸውን ናብ ንኡስ ሽርኪ ዘብፅሖሉ ኩነታት `ውን አሎ። እቲ ፅልኢ ብልቢ፤ ብቃልን ብግብሪን ክኸውን ዝኽእል እዩ። |
| | | | | | | | ✓ ተፃዋሪ፡ ፍርዲ ተፃዋርነት ብመሰረት መላእ ኡመተል ኢስላም ግቡእ እዩ። ተፃዋርነት `ውን ብልቢ፤ ብቃልን ብአካልን ዝኸውን እዩ። ተፃዋርነት ከምቲ ምጥዓሙ ከምቲ ሽሙ መሪር እንትኾነ `ውን ፍርያቱ ግን ካብ መዓር ዝጥዕም እዩ። |
| | | | | | | | ✓ ፈቲው ዝቅበል፡ ዘለዎ ፍርዲ ዝድለ እዩ። ከምቲ ምስረቢ ዘለዎ ሕጉስነት ዘጓነፎ ኩሉ ካብ ጎይታ ምኧኑን ፍርዲ ረቢ ንባርያኡ ድማ ኩልሻብ ፅቡቅ ምኽኑን ይርዳእ። |
| | | | | | | | ✓ ዘመስግን፡ እቲ ዓብይ ብርኪ እዩ። ብዝበለፀ ዝፍተውን ካብ ዘመግኑ ባርያታት ዝኾነሉን እዩ። |

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| **ሓጢኣት ኣብ ዝሰርሖሉ እዋን ምሕረት ይሓትት** | | | | | | | |
| ❖ ኣል-ሓኒፊያ፡ መንገዲ ኢብራሂም፤ ኣሏህ ዝፈጠረካ ንዑኡ ክተምልኾ እዩ። መግዛእቲ ድማ ምስ ተውሒድ እንተዘይኾይኑ መግዛእቲ ኣይበሃልን። ምስ መግዛእቲ ሽርኪ እንተተሓዊሱ የዕንዋ ነታ ስራሕ `ውን ውዳቅ ይገብራ፤ ሰራሓይ ኸዓ ንዘልኣለም ኣብ ሓዊ ካብ ዝተብሃሉ ይኸውን። ስለዚ ከማኻ ዘለካ ዓብይ ሓሳብ ንዑኡ ምፍላጥ እዩ። | ንምንታይ ኢና ተውሒድ ንመሃር?ን<br>ዕብየት ሓደጋ ሽርኪን | | | | | | |
| 1. ቀዳማይ ሕጊ፡ እቶም ረሱለላህ ዝተለኣኹሎም ሙሽሪካት ብተውሒዱል ሩቡቢያህ ዘረጋግፁ እንተኾኑ `ውን ብተውሒዱል ኡሉሂያህ ግን ዘረጋግፁ ኣይነበሩን ፤ እዚ ግን ናብ ኢስላም ኣየእተዎምን። | ኣርባዕቲኣን ሕግታት፡ | | | | | | |
| 2. ኻልኣይ ሕጊ፡ ካፊራት ንጧቑት ከምልኹ ከለው ምኽንያቶም ምቅራብን ሽፋዓን እዩ ነይሩ። | | | | | | | |
| 3. ሳልሳይ ሕጊ፡ ልኡኽ ኣሏህ ዝተለኣኹሎም ሰባት ብዘምልኹዎ ዝተፈላለዩ እንተኾኑ `ውን ብዘይፍልልይ ንኩሎም እዮም ተቃሊሶሞም። | | | | | | | |
| 4. ራብዓይ ሕጊ፡ ናይዚ ሕዚ እዋን ሙሽሪካት ሽርኪ ካብ ናይ ቀዳሞት ሙሽሪካት ሽርኪ ዝገደደ እዩ። | | | | | | | |

# ፈተና ኣርባዕቲኣን ሕግታት

| |
|---|
| ሽም............................................................... |
| ካብ ኺታብ ተውሒድ ዝሓፈዝካዮ ልክዕ......................... |
| ኣርባዕቲኣን ሕግታት ሓፊዝኻየን ዲኻ........................... |

| እቲ ግብሪ | ካብ ቁርኣን ወይ ሓዲሥ መርትዖኡ |
|---|---|
| ውህብቶ ረቢ ፈተና ንምኟኑ | |
| ካፊራት ብሩቡቢያ ከምዘረጋግፁ | |
| ድልዮም ምቅራብ ከምዝኾነ | |
| ዉጉዝተ ሸፋዓህ | |
| ፀሓይን ወርሕን ከምዝምለኹ መርትዖኡ | |
| መልኣካት ከምዝምለኹ መርትዖኡ | |
| ነቢያት ከምዝምለኹ መርትዖኡ | |

| | |
|---|---|
| ሰናይ ሰባት ከምዝምለኹ መርትዖኡ | |
| አእዋምን አእማንን ከምዝምለኹ መርትዖኡ | |
| ሙሽሪካት አብ እዋን ፀበባ ብኢኽላስ ከምዞምልኹን አብ እዋን ምቹው ኩነታት ሽርኪ ከምዝገብሩን | |
| መርትዖ ሕማቅነት ሽርኪ | |

**ብዛዕባ ዝስዕቡ ትፈልጦ ፅሓፍ**

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ንምንታይ ኢና ተውሒድ ንመሃር? | 1. 2. 3. 4. | | | | |
| 1. 6 | 7 | 8 | 9 | 10 | |
| ንምንታይ ኢና አርባዕቲአን ሕግታት ንመሃር? | 1 2 | | | | |
| | | | | | |
| አርባዕቲአን ሕግታት ናብ ክንደይ ይምቀሉ? | 1 2 3 | | | | |

| | |
|---|---|
| እተን ሕግታት ናይ እንታይ ኺታብ ሓፃር ትሕዝቶ እየን? | |
| ንምንታይ ኢና ኺታብ ከሽፉ ሹቡሃትን ንመሃር? | |
| አረእስቲ ዓወት | 1 2 3 |
| አል-ሓኒፊያ ማለት | |
| ፍረ ምምሃር እተን ሕግታት | |
| ስዩመ አላህ (ወልይ) ዝበሃሉ | ሸይኹል ኢስላም ኸምዚ ኢሎም፡ |
| መርትያኡ | |
| ሹክሪ ብኸመይ ይኸውን? ምስ አብነቱ | 1 |
| 2 | |
| 3 | |
| ምትእስሳር ሓደ ባርያ ብኸመይ እዩ? | |
| ኩነታት ሰብ አብ እዋን ተጓንፎ ምስ ዘለዎ ፍርዲ | 1. ፍርዱ ዝግለፀሉ ብ.............ን ብ...........ን ብ..............ን<br>2. ፍርዱ ዝግለፀሉ ብ.............ን ብ...........ን ብ..............ን |
| 3. 4. | |
| ሸፋዓህ ከምቋንቋ | ሸፋዓህ ከምሸሪዓ |
| ሸፋዓህ ናብ ኽንደይ ይምቀል? | 1 2 |
| ቅድመ ኩነታት ትድለ ሸፋዓህ | 1 2 3 |
| ዓይነታታ 1 ክፍሊታታ፡.................. .......................... ን ..........................ን | |

| | |
|---|---|
| 2 ክፍሊ ታታ፡.................... ............................ን .........................ን | |
| ቀዳማይ ሕጊ | |
| | |
| ኻልአይ ሕጊ | |
| | |
| ሳልሳይ ሕጊ | |
| | |
| ራብዓይ ሕጊ | |
| | |
| ስራሕ ሽርኪ እንተተወሲኹሉ | መርትዖኡ፡ |

# መውፅኢ


| | | |
|---|---|---|
| 1 | መእተዊ | 3 - 5 |
| 2 | አርባዕቲኣን ቁምነገራት | 6 - 10 |
| 3 | ሰለስቲኣን ነጥብታት | 11 - 14 |
| 4 | ተውሒድ ናይ ምምሃር አገዳስነት | 15 |
| 5 | ሰለስተ መሰረታት | 16 - 42 |
| 6 | መዛዘሚ | 43 - 45 |
| 7 | ሰንጠረዥ ሰለስቲኣን መሰረታት | 46 - 49 |
| 8 | ፈተና | 50 - 54 |
| 9 | አርባዕቲኣን ሕግታት | 56-66 |
| 10 | ሰንጠረዥ አርባዕቲኣን ሕግታት | 67-68 |
| 11 | ሕቶታት ፈተና | 69-72 |
| 12 | መውፅኢ ሰንጠረዥ | 73 |